# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መምርሒ ንመምህር
## 6ይ ክፍሊ

ISBN 978-99944-2-125-1

ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

ዋጋ የኢትዮ 34.30

ትምህርቲ ሕብረተሰብ መምርሒ ንመምህር 6ይ ክፍሊ

MOE



# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መምርሒ ንመምህር
## 6ይ ክፍሊ



ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ



# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መምርሒ ንመምህር

## 6ይ ክፍሊ


**ወዳለውቲ**

ሞሳ ተድሳ ብሩ (M.Sc - ኤም.ኤስ ሲ)

ፀሃየ ፍቓዱ ኣስረስ (B.A - ቢ.ኤ.)

**ገምጋምቲ**

ሮማን ግደይ

ኣስም ለፅብሓ

ጣዕመ ገብሩ



**ሚኒስቴር ትምህርቲ**

**ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ**

እዚ መፅሓፍ ንፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ተባሂሉ ብምትሕብባር ፈንድ መንግስታት ፊንላንድ፣ ጣልያን፣ ኔዘርላንድን እንግሊዝን ከምኡ'ውን ልቓሕ ባንኪ ዓለም ቑፅሪ (IDA Credit No) 4535 — ET ብዝተረኸበ ዝተዋደደ ሓገዝ ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም ተሓቲሙ፡፡

© ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም (2011 ዓ.ም.ፈ) ተሓቲሙ፡፡ መሰል ሕትመት ብሕጊ ዝተሓለወ'ዩ፡፡ ካብ ሚኒስቴር ትምህርቲ ኣቐዲሙ ብፅሑፍ ዝተውሃበ ፍቓድ እንተዘይሃልዩ ወይድማ ብመሰረት ነጋሪት ጋዜጣ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዋጅ ቑፅሪ 410/2004 መሰረት ዝተውሃበ ሕጋዊ ኣፍልጦ (Copyright and Neighbouring Rights Protection) እንተዘይሃልዩ ካብዚ መፅሓፍ ዝተወሰነ ክፋል ይኹን ወይድማ ብምሉእ ክባዛሕ፣ ክውሰድ፣ ብዝኾነ ዓይነት ክመሓላለፍ፣ ወይድማ ብኤሌክትሮኒክ መልክዕ ክቕዳሕ፣ ናብ ካሊእ ግልጋሎት ክውዕል ወዘተ ኣይከኣልን፡፡

ኣብ ምድላውን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ ተምሃሮ ከምኡ'ውን ነዚ ስዒቡ ተዳልዩን ተሓቲሙን ዘሎ መምርሒ ንመምህር ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣበርክቶ ንዝገበርኩም ውልቀሰባት፣ ጉጅለን ዝተፈላለዩ ትካላትን ብምልእኹም ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ዘለዓለ ምስጋና የቕርብ፡፡

ኣእምሮኣዊ ሃፍትን ንብረትን ብሰናይ ፍቓድ ሰብ ዋና ዝተውሃበ'ዩ፡፡ ዝኾነ ይኹን በዓልዋና ኣእምሯዊ ሃፍትን ንብረትን'ዚ መፅሓፍ'ዩ ዝብል ሰብ ብግቡእ እንተዘይተሓቢሩን እንተዘይተጠቒሱን ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ፍሉይ መፀውዒ ኣራት ኪሎ ኣብ ዝበሃል ቦታ ንዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈት ሚኒስቴር ትምህርቲ (ቑ.ሳ.መ 1367) ክገልፅ ከምዝግባእ ብኽብሪ ንገልፅ፡፡

ምድላው፣ ምስንዳእን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ

ስታር ሓ.ዝ. መከፋፈልቲ መፃሕፍቲ ትምህርቲ

24/4800፣ ጎደና ብሃራት ራም፣ ዳርያጋንጅ

ኒው ደልሂ - 110002፣ ህንዲ

ከምኡ'ውን

ኣስቴር ነጋ ትካል መሐተሚ መፃሕፍቲ

ቑ.ሳ.መ 21073

ኣዲስ ኣበባ፣ ኢትዮጵያ

ምስ ፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ዝተኣሰረ ውዕሊቑፅሪ

ET—MoE/GEQIP/IDA/ICB/G01/09

ISBN 978-99944-2-125-1

# ትሕዝቶ


**ሓፈሻዊ መእተዊ ............................................................................1**

**ምዕራፍ ሓደ**

**ህዝብታትን መርከቦን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካ ..........6**

1. መእተዊ ..........................................................................6
2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ .......................................................6
3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም .................................................7
4. ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዘ.........................................................7
5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ............................................................7
6. ዝተሓበሩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ ..........................................8
7. ፍልፍል ሓበሬታ.....................................................................8
8. መምርሒ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር.............10
9. ኣገባብ ኣመሃህራ.....................................................................13
10. ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር........................................................21
11. ኣገባብ ገምጋምን ፈተሻን.........................................................22
12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መልመድታትን መጠቓለሲ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት ....................................................24

# ምዕራፍ ክልተ

ምድርን ከባቢኣን ........................................ 29

1. መእተዊ ........................................ 29
2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ ........................................ 29
3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም ........................................ 30
4. ቀንዲ ትሕዝቶታትን በዝሒ ክፍለ ግዘን፡ ........................................ 30
5. ነዚ ምዕራፍ ዝኾኑ መምህሪ ሓገዛት ........................................ 31
6. ፍልፍል ሓበሬታ ........................................ 31
7. ሰደቓ ርክባት መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ ንመምህርን ........................................ 32
8. ኣገባብ ኣመሃህራ ........................................ 33
9. ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር ........................................ 37
10. መልሲ ንመልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ........................................ 42

# ምዕራፍ ሰለስተ


## ከባቢና .......................................................... 45

1. መእተዊ .......................................................... 45
2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ .......................................................... 45
3. ብኞዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም .......................................................... 45
4. ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዘ .......................................................... 46
5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ .......................................................... 46
6. መምሃሪ ሓገዛት .......................................................... 46
7. ፍልፍል ሓበሬታ .......................................................... 47
8. መምርሒ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር .......................................................... 47
9. ኣግባብ ኣመሃህራ .......................................................... 48
10. ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር .......................................................... 50
11. ኣግባብ ገምጋምን ፈተሻን .......................................................... 53
12. መልሲ ንመልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን .......................................................... 54

# ምዕራፍ ኣርባዕተ


## ውሩይ ህዝቢ .................................................... 56

1. መእተዊ ........................................................................56
2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ .......................................................57
3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም..................................................57
4. ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዘ..........................................................58
5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ............................................................58
6. ሓገዝቲ መምሀሪ መስተምሀሪ .......................................................59
7. ፍልፍል ሓበሬታ .......................................................................60
8. መምርሒ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር............62
9. ኣገባብ ኣመሃህራ........................................................................64
10. ተወሳኺ መረዳእታ ንመምህር........................................................71
11. ኣገባብ ገምጋምን ፈተሻን............................................................86
12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት .....................................................88

*ሊለበስ ትምህርቲ ሕብረተሰብ* ................................................. 89

# ሓፈሻዊ መእተዊ

ኣብዚ ሕዚ እዋን መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያን ማሕበረሰብ ሃርናን ዓብዪ ቆላሕታ ካብዝሃብዎም መሰረታዊ ነገራት ውሽጢ እቲ ሓደ ብዛዕባ ዘተኣማምን ፅርየት ትምህርቲ ምርግጋፅ'ዩ። ብደረጃ ሃገር ብዙሓት መፅናዕትታትን ዳህሳሳትን ተኻይዶም ንመንግስቲ ቐሪቦም ገፋሕቲ ምይይጥ ተኻይዱሎም'ዩ። ንኣብነት ፀብፃብ ሃገራዊ ዳህሳስ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ፀብፃብ ሓባራዊ ቴክኒካዊ ልኡኽ ሚኒስቴር ትምህርቲ፣ ፀብፃብ ዳህሳስ ድልየት ትምህርቲ ወዘተ ዝመሳሰሉ መፅናዕቲ ብደረጃ ሃገር ተኻይዶም'ዮም። ውፅኢት'ዞም መፅናዕቲ ዝሓበሮ መሰረታዊ ቁምነገር ነቲ ሕዚ ኣብ ስራሕ ዝርከብ ስርዓት ትምህርቲ ዳግም ክፍተሽን ክመዓራረይን ከምዝግባእ'ዩ። እዚ ዳህሳስን ውፅኢቱን ድማ ንትምሕርቲ ሕብረተሰብ እውን ዝምልከት'ዩ። ስለዚ እቲ ኣብ ስራሕ ውፅሊ ዝነበረ ስርዓት ትምህርቲ ክመሓየሽን ብሓዱሽ ስርዓት ትምህርቲ ክትካእን ብዝተወሰነ መሰረት እዚ መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ ንመምህርን ተዳልዩ ናብ ስራሕ ክውዕል ተገይሩ'ሎ።

ፅላማን ሽቶን ትምህርቲ ሕብረተሰብ ኣድላይ ፍልጠትን ክእለትን ንኹሎም ተምሃሮ ምሃብን ንማሕበረሰብን ሃገርን ዝጠቅም ውሳነ ክህቡ ምኽኣልን ፅቡቕ ስነ ምግባር ክህልዎም ምግባርን እዩ። ስለዚ እዚ ሕዚ ተዳልዩ ናብ ስራሕ ይውዕል ዘሎ ስርዓት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ልምድታትን ሞያታትን ዝዳህሰሰ ብምኧኑ ተምሃሮ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ኣብ ከባቢኦም፣ ክልሎም፣ ሃገሮምን ዓለምለኻዊ ማሕበረሰባትን ውፅኢታዊ ዝኾነ ንጡፍ ምንቅስቓስ ክገብሩን ናብ ተግባር ዝሽረፍ ፍልጠት፣ ክእለትን ማሕበራዊ ግንዛበን ከማዕብሉ የኽእሎም'ዩ።

ብመሰረት'ዚ ድማ እዚ ሕዚ ተዳልዩ ናብ ስራሕ ይውዕል ዘሎ ስርዓት ትምህርቲ ነቲ ዝነበረ ኣመሓይሹ ብሓዱሽ መልክዕ ዝተሰናድአ ስለዝኾነ ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ውፅኢታት ከረጋግፁ እዮም። ብምኧኑ'ውን እዞም ዝስዕቡ ካብ 5ይ - 8ይ ክፍልታት ንዝተዳለዉ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ሓፈሻዊ ውፅኢታትን ሽቶታት'ዮም።

- ኣብ ሕሉፍ ዓመታት፣ ሕዚ ዘለናዮን ንቐድሚት ዝመፅእን እዋን ዝነበረ፣ ዝርከብን ዝህልውን መነባብሮን ከባብያዊ ኩነታትን ዘለዎም ምትእስሳርን ዝምድናን ይርድኡ።

- ሕብረ ብሄራዊ፣ ዝተፈላለዩ ባህልታትን ስርዓት ዖታን ዘገናዘበን ሚዛን ዝሓለወን ትምህርቲ የረጋግፁ።
- ኣፈላላይ መነባብሮን ኣሰፋፍራን ህዝብታት ከምኡ'ውን ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ሰባትን ማሕበረሰባትን ዘሎ ምድግጋፍን ምትእስሳርን ብዝምልከት ግንዛበኦም የዕብዩ።
- ኣብ ትምህርቲ ምሉእ ዕድመ ህይወትን ዝተምሃርዎ ውሳነ ኣወሃህባን ዝነበሮም ፍልጠትን ክእለትን ናብ ተግባር ክሽረፍ ብዝኽእል መንገዲ የረጋግፁ።
- ውልቀሰባትን ጉጅለ ውዳበታትን ኣብ ስድራ፣ ሕብረተሰብ፣ ወረዳ፣ ክልል፣ ሃገርን ዓለምን ዘለዎም ልዑል ተራ ይርድኡ፣ ይግንዘቡ።
- ሕብረተሰብን ሲቪክ ማሕበረሰባትን ኣብ ዲሞክራቲክ ሕብረተሰብን ስርዓትን ዘለዎም ረብሓን ዋጋን የድንቑ፣ ይንእዱ።

ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ዕላማታትን ሽቶታትን ንምዕዋትን ኣብ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ዘተኣማምንን ዝበለፀ ዕርየት ዘለዎን ንምግባር እዚ ሕዚ ተዳልዩ ዘሎ ስርዓት ትምህርቲ ኣብ ፍልጠት ጥራሕ ዘይኮነስ ማሕበራዊ ብቕዓትን ክእለትን ዝተመስረተን ኣብ ክሊ ሓቢርካ ምንባር ዝብል ኣምርን ክልስ ሓሳብን ዝተዋደደ ዕኑዕ መሰረት ዘለዎ'ዩ። ኣብ ትሕቲ'ዚ መሰረታዊ ኣምርን ክልስ ሓሳብን እዚ ንትምህርቲ ሕብረተሰብ ዝምልከት ስርዓት ትምህርቲ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ጠመተ ተገይሩሉ ዝተዳለወ'ዩ።

- እቲ ቀዳማይ ክፋል ኣብ "ህዝብን ተፈጥሮኣዊ ከባቢኦምን" ዝብል እንትኾውን እዚ ድማ ዝጥምቶም ኣርእስትታት እንትንርእይ ብዛዕባ ህዝቢ፣ መሬትና፣ ዓለምና፣ ከባቢና፣ ፖለቲካውን ባህላውን ታሪኽ፣ ምትእስሳር ኢኮኖሚያዊ ማሕበረሰብን ብድሆታትን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። እዚኦም ካብ 5ይ - 8ይ ክፍልታት ኣብዝርከቡ መፅሓፍቲ ሕብረተሰብ ውሽጢ ካብ ምዕራፍ ሓደ ክሳብ ምዕራፍ ሰለስተ ይርከቡ።
- እቲ ካልኣይ ክፋል ድማ "ውራይ ህዝቢ" ዝምልከት ኾይኑ እዚ ድማ ምስ ህዝብን ሕብረተሰብን ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት፣ መሰልን ድሕንነትን ህፃናት፣ ኢኮኖሚያዊ ምትእስሳርን ኣጋርነትን ወዘተ ዝጥምቱ ኣርእስትታት

ይርከብዎ። እዚኦም ካብ 5ይ - 8ይ ክፍልታት ኣብዝርከቡ መፅሓፍቲ ሕብረተሰብ ውሽጢ ኣብ ምዕራፍ ኣርባዕተ'ዮም ዝርከቡ።

ካብዚ ብተወሳኺ ካብ 5ይ - 8ይ ክፍልታት ተዳልዮም ዘለዉ መፃሕፍቲ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብዝበለፀን ብዝፀበቐን ንኽተኣሳሰሩን ዝምድና ክህልዎምን፣ ኣሳታፊይን ንጡፍ ክልተኣዊ ዝምድናን ዘለዎም ከምኡ'ውን ተምሃሮ ማእኸል ብዝገበሩ ኣግባብ ኣመሃህራ ዝተሰነዩ፣ ትሕዝቶኦምን ኣብ ንጥፈታት ተምሃሮ ዝፍትኑን ትርጉም ዘለዎምን ንክኾኑ፣ ዓለምለኽ ደረጃ ብቕዓትን ክእለትን ተወዳዳራይ ዝኾነ፣ ምስ ዝቕፅል ክፍሊ ትምህርቲ ምትእስሳርን ዝምድናን ዘለዎምን ሓገዝትን ክኾኑ ወዘተ ንምግበር ክንድዝከኣል ፃዕሪ ተገይሩ'ዩ። ስለዚ ንጥፈታት ትምህርቲ ሕብረተሰብ ንምምሕያሽ እንትሕሰብ ካብ ሓዱሽ ፖሊሲ ትምህርትን ስልጠናን ሃገርና ውሽጢ ንትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ክእለታትን ተምሃሮ ካልኣይ ሳይክል ምሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ እዚ ሕዚ ተዳልዩ ዘሎ ስርዓተ ትምህርቲ ሕብረተሰብ እንታይ ኣበርክቶ ክህልዎ ከምዝኽእል ብምንፃር'ዩ ተጀሚሩ።

እዚ ካብ 5ይ - 8ይ ክፍልታት ንዘለዉ ተምሃሮ ተዳልዩ ዘሎ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ እንትዳለው ተሓሳቢ ዝተገበሩ ዝስዕቡ ሓሳባት ነይሮም።

- ተምሃሮ ብንጥፈት ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክሳተፉን ንተምሃሮ ማእከል ዝገበረ ኣግባብ ኣመሃህራ ኣፀቢቖም ዝፈልጡን ብቑዓት፣ ዝሰልጠኑ፣ ዓቕምን ክእለትን፣ ተሞክሮን ልምድታትን ዘለዎም መዳለውቲ መፅሓፍቲ ተምሃሮ ምህላዎም ብምርግጋፅ፤
- ንውፅኢታዊ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንምርግጋፅ ዝሕግዙ ወሰንቲ መፅሓፍቲ ተምሃሮ ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ብዝኣክል በዝሕን መጠንን ክህልዉ'ዮም ዝብል እምነት ብምውሳድ፤
- ኣሳታፊይን ተምሃሮ ማእከል ዝገበረ ኣግባብ ኣመሃህራ፣ ክልተኣውነት ዝምድና ዘተኣሳስር ኣቀራርባ ትምህርቲ ንምትግባር ብእኹል ዓቕምን ብቕዓትን ዝሰልጠኑ መምህራን ክህልዉ'ዮም ዝብል ተሓሳቢ ብምግባር፤
- ኣብ ሓደ ክፍሊ ውሽጢ ኣሳታፊይን ተምሃሮ ማእከል ዝገበረ ኣግባብ ኣመሃህራ፣ ክልተኣውነት ዝምድና ዘተኣሳስር ኣቀራርባ ትምህርቲ ንምትግባር፣ መምህሪ ክፍልን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃርን ብግቡእ

ንምምሕዳርን ንምቁፅፃርን ዘኽል እኹል መጠን በዝሒ ተምሃሮ ክህልዉ'ዮም ዝብል እምነት ብምውሳድ፤

- ንውፅኢታዊ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝሕግዙ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ ብዝድለይ መጠንን በዝሕን ኣብዝድለይ እዋንን ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ክቐርብ ይኽእል'ዩ ዝብል ተሓሳቢ ብምውሳድ፤
- መምህር! ነዚ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብግቡእ ንምስትምሃር፣ ተምሃሮ'ውን ዝውሃብዎም ዕዮታት ክፍልን ገዛን ብዝግባእ ንጥፈት ክከታተሉ'ዮም ዝብል እምነት ተታሒዙ'ዩ።

ስለዚ መምህር! ነዚ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብግቡእ ንምስትምሃርን ተምሃሮ'ውን ውፅኢታዊ ክትትልን ንጥፈታትን ንኸካይዱ እኹል ቅድመ ምድላው ክገብሩን ንተምሃሮ'ውን ከተባብዕዎምን ይግባእ። ተምሃሮ ሓሳቦም ንኸገልፁ፣ ዝተምሃርዎ ንኸገልፁ፣ ትዕዝብቶም ክረድኡ፣ ዕዮ ክፍልን ገዛን ብግቡእ ክሰርሑ፣ ንነባዕሎም ክመሃሃሩ፣ ክተሓጋገዙ፣ ክሓቱን እንትሕተቱ'ውን ክምልሱን፣ ኣብ ዕዮ ጉጅለ ብንጥፈት ክሳተፉ፣ ክዋደዱን ክተሓባበሩን፣ ከንብቡን ክፅሕፉን፣ ሓፀርቲ ፅሑፋት ክዳልዉ፣ ኣብ ከባቢኦም ንወለዶምን ካልኦት ሰባት እናሓተቱ ዝተረድእዎ ናብ ክፍሊ ከምፅኡን፣ ክረዳድኡን ክተሓጋገዙን ወዘተ ክሕግዝዎም ይግባእ። ከተባብዕዎም ይግባእ። ምስ ማሕበረሰብ ቤት ትምህርትን ከባብን ክወሃሃዱ ይምዓድዎም። ተምሃሮ ዝድለይ ፍልጠት፣ ክእለትን ብቕዓትን ንኽጥርዩ ተኸታታሊ ገምጋምን ፈተሻን ክካይዱ ይግባእ። ሓቢርካ ምስራሕን ምትሕግጋዝን ንዕዉትነት ከይዲ ምምሃር ምስትሃር ኣዐርዩ ሓጋዚ'ዩ።

እዚ መምርሒ ንመምህር! ትምህርቲ ሕብረተሰብ ንመፅሓፍ ተምሃራይ መሰረት ተገይሩ'ዩ ተዳልዩ። ኣብዚ መምርሒ ንመምህር! ብዛዕባ ትሕዝቶ፣ ውፅኢታት፣ ብቕዓታት፣ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፣ ዘድልዩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ፣ ፍልፍል ሓገዝቲ መፅሓፍቲ፣ ምትእስሳር መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን፣ ኣግባብ ኣመሃህራ፣ ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር!፣ ኣግባብ ገምጋምን ፈተሻን፣ ከምኡ'ውን መልስታት ንመልመድታት መፅሓፍ ተምሃራይ ዝሓዘ'ዩ። ብፍላይ ኣግባብ ኣመሃህራ ፍሉይ ጠመተ ተዋሂብዎ መምህር! ብኸመይ ኣገባብ ክዳለዉ ከምዝግባእን እንታይ ዓይነት ሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ ከምዘድልዮምን መሰረት ብምግባር ኣብ ውሽጢ ኸፍሊ ክኽተልዎም ዝግብእዎም ብዝርዝር ተሓቢሩ ስለዘሎ ግቡእ ጠመተ ክህብዎ

ይግባእ። ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ክሊ ተሓቢሮም ዘለዉ ብምልኦም እንተይተደረቱ መምህር!'ውን ኣገደስቲ ዝበልዎም ምህዞታት ተጠቒሞምን እናወሰኹን ንተምሃሮ'ውን እናዋዘዩን እናሳተፉን ክምህርዎም ይግባእ'ዩ። ኣብ መወዳእታ'ዚ መምርሒ ንመምህር! ሲለበስ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 6ይ ኽፍሊ ስለዘሎ ብዛዕባ ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት ብቕዓትን ክእለትን ብዝርዝር ስለዘሎ ቅድሚ ምስትምሃር ምጅማርኩም ነዚኦም ብምልኦም ብግቡእ ብምርኣይን ብምግንዛብን'ዩ ዕለታዊ ወይድማ ሰሙናዊ ትልሚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክዳልዉ ዝግባእ'ሞ ሓደራ ግቡእ ጠመተን ክትትልን ክገብሩ ንምሕፀን።

# ምዕራፍ ሓደ

# መርከቦ፤ ኣስፋፍራን ህዝብን ምብራቅ ኣፍሪካ

## 1. መእተዊ

እዚ ን6ᵉ ክፍሊ ተምሃሮ ዝተዳለወ ምዕራፍ ሓደ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ'ዩ። መምህር! እዙይ ምዕራፍ ተምሃሮ ብዛዕባ ምብራ`ቕን ቀርንን ኣፍሪካ ዘለዎም ግንዛበን ፍልጠትን ዝገልፅሉን ብዙይ ኣቢሎም ድማ ዝተፈላለዩ ክእለታት ምንባብ ካርታን ዓለምለኻዊ ኣረኣእየኦምን ክብ ዘብልሉን'ዩ። እዙይ ምዕራፍ ናይቲ ኣብ 5ᵉ ኽፍሊ ብዛዕባ ቐርኒ ኣፍሪካ ዝተምሃርዎ መቐፀልታ ስለዝኾነ ምስዙይ እናገናዘብኩም እተምህርሉ'ውን እዩ። ኣብዚ ምዕራፍ ኣብ መርከቦ፣ ሰብኣውን ተፈጥሮኣውን ኩነታት፣ ጥንታዊ ስልጣነታ፣ ሓድግታትን ክንክንን ከምኡ'ውን ኣብ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝብታት ምብራ`ቕ ኣፍሪካ ሰፍሕ ዝበለ ሓበሬታታት ዝቐርብሉ እዩ።

## 2. ውፅኢታት'ዚ ምዕራፍ

መምህር! ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ ብ`ቕዓት ተምሃሮ ምዕቃን የድልይ'ዩ። ስለዚ ነዚ ምዕቃን ብ`ቕዓት ምእንታን ክሕግዝ ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ ነዞም ዝስዕቡ ውፅኢታት'ዚ ትምህርቲ የማዕብሉን ይውንኑን'ዮም።

- መርከቦ ሃገራት ምብራ`ቕ ኣፍሪካ የለልዩ።
- ጥንታዊ ስልጣነን ሓድግታትን ምብራ`ቕ ኣፍሪካ ይርድኡ።
- ፀገማት ምዕቃብ ሓድግታት ይግንዘቡ።
- ሳዕቤን ነባሪ ኣየርን ሃፍትታ ተፈጥሮን ኣብ ኣሰፋፍራን መናበርን ምብራ`ቕ ኣፍሪካ

  ይግንዘቡ።

## 3. ብ`ቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም፤

- ኣንፃራዊ መርከቦ ምብራ`ቕ ኣፍሪካ ይፈልዩ።
- ሃገራት ምብራ`ቕ ኣፍሪካ ይዝርዝሩ።

- ግዘን ቀንዲ መግለፂ ባህርያትን ስለጣነታት ኑብያን ኣኽሱምን ይፈልዩ።
- ቀንዲ ሓድግታት ጥንታዊ ስልጣነታት ኢትዮጵያ የለልዩ።
- ሓድግታት ዘጋጥምዎም ፀገማት ይገልፁ።
- ሜላታት ዕቀባ ሓድግታት ይገልፁ።
- ሳሕብን ፃዕቅን ህዝቢ ዘለዎም ከባቢታት ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ።
- መንቀልታትን ሳዕቤናትን ምንቅስቓስ ህዝቢ ኣብ ኢትዮጵያ የብርሁ።
- ምኽንያታት ፃዕቒ ህዝቢ ኣብ በረኽቲ ቦታታት ኢትዮጵያ ይፈልዩ።
- ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መናበርን ምኽንያታት ዝኾኑ ነገራት የጠቓልሉ።

## 4. ክፍሰ ግዘ

መምህር! ነዚ ምዕራፍ ሓደ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 6ᵉ ክፍሊ ዝተመደበ ጠቕላላ ክፍለ ግዝያት 19 እዩ።

| | | |
|---|---|---|
| 1.1 | ኣንፃራዊ መርከቦን ሃገራትን ምብራቕ ኣፍሪካ | 3 ክፍለግዝያት |
| 1.2 | ህዝቢ ምብራቕ ኣፍሪካ | 4 ክፍለግዝያት |
| 1.3 | ምክልካልን ምዕቃብን ስፍራታት ሓድግን ኣብ ስፍራታት ሓድጊ ዘጋጥሙ ፀገማትን | 2 ክፍለግዝያት |
| 1.4 | ኣሰፋፍራን መነባብሮን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ምኽንያታትን ኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን | 10 ክፍለግዝያት |
| | **ድምር** | **19 ክፍለግዝያት** |

## 5. ቐንዲ ትሕዝቶታት'ዚ ምዕራፍ

**1.5 ኣንፃራዊ መርከቦን ሃገራትን ምብራቕ ኣፍሪካ**

1.5.1 መርከቦ

1.5.2 ሃገራት ምብራቅ ኣፍሪካ

**1.6 ህዝቢ ምብራቕ ኣፍሪካ**

1.6.1 ጥንታዊ ስልጣነታት ኑቢያን ኣኽሱም

1.6.2 ሓድግታት ኣኽሱም

**1.7 ምክልካልን ምዕቃብን ስፍራታት ሓድግን ኣብ ስፍራታት ሓድጊ ዘጋጥሙ ፀገማትን**

1.7.1 ሜላታት ምክልኻልን ኣተዓቓቕባን

1.7.2 ፀገማት ኣብ ቦታታት ሓድጊ

**1.8 ኣሰፋፍራን መነባብሮን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ**

**ምኽንያታትን ኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን**

## 6. ዝተሓበሩ ሓገዝቲ መምሀሪ መስተምሀሪ

- ካርታ ኣፍሪካ
- ካርታ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ
- ሉል(ግሎብ)
- ዓባይ ሰዓት
- ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ካርታታትን ስእልታትን ከምኡ'ውን ሰደቓታት

## 7. ፍልፍል ሓበሬታ


- Addis Abeba University, <u>የዓድዋ ድል መቶኛ ዓመት ኤግዚቢሽን ካታሎግ (Adwa Victory Centenary Exhibition Catalogue</u>), February, 1996, Addis Ababa
- Aseffa Batu Bedane, <u>The New Guide to Secondary Schools History: History for Grades 9 to 10</u>; Ancient, Medieval and Modern History, (1999, 2000, 2001), Addis Ababa.
- <u>Encyclopedia Britannica</u>, 1989, Oxford, London, United Kingdom.
- <u>Encyclopedia Americana</u>, 1994, New York, the USA.
- Ethiopian Air Lines, <u>Selamta</u>, Quarterly Publication, London, Kenya.
- George Lichtheim, <u>Europe in the Twentieth Century</u>, 1972, London.
- Girma Alemayehu, Wondu T/Medhin, & Birhanu Lemma, <u>The New Guide to Preparatory Program: History for Grades 11 to 12</u>, World – African – Ethiopian History, (1999), Addis Ababa.
- Irving L.Gordon, <u>Review Text in World History</u>, Department of History and Economics, 1965, 1979, New York.
- Kevin Shillington, <u>History of Africa</u>, Revised 1995, MacMillan.

- Lapiso G. Delebo, የኢትዮጵያ ረጅም የህዝብና የመንግስት ታሪክ፡ 1982 ዓ.ም፣ ኣዲስ ኣበባ
- የገንዘብና ኢኮኖሚያዊ ልማት ሚኒስቴር፤ የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስት የዕድገትና የትራንስፎርሜሽን ዕቅድ (2003 — 2007)፣ ቅፅ ፩፣ ህዳር 2003፣ አዲስ አበባ።
- Microsoft Encarta Encyclopedia, Corporation, 2009.
- Ministry of Information, Ethiopia: A Cradle of History, April 1989, Addis Ababa
- Molla Tedla Birru, The Battle of Adwa; Aftermath and Its Historical Significance, 2010, USA, UK, Germany.
- National Atlas of Ethiopia by the Ethiopian Mapping Authority, 1988, Addis Ababa.
- Tadesse Derese and Girma Alemayehu, Ethiopian History: From Early Axumite Period to the Downfall of Emperor Haile Selassie I, 1989, Addis Ababa.
- The Constitution of the Federal Democratic Republic Government of Ethiopia, 1995.
- ሓድግታት ትግራይ - ኮሚሽን ቱሪዝምን ባህልን ትግራይ፣ 2000 ዓ.ም፣ መቐለ።
- ትምህርቲ ሕብረተሰብ - መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 5ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- ________________- መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 6ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- ________________- መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 7ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- ________________- መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 8ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- Abere and Howell Company, Focus on Earth Science, 1987, Merill Publiching Company.
- David G. Armstrong, World Geography, Peoples and Places, 1995, Merill Publishing Company, Colombus, Ohio
- EMPD, Atlas for Secondary Schools of Ethiopia, 1984, EMPD.
- Goh Cheng Leong, Certificate Physical and Human Geography, 1994, Oxford University Press.
- Mesfin Woldeselassie, A New Guide to Preparatory Program Geography, 2007, Aster Nega Printing Press, Addis Ababa Ethiopia
- R.B.Bunnet, Physical Geography in Diagrams, 1978, Longman.

- Thomas.J.Baerward and Celeste Fraser, World Geography, 2000, Prentice Hall, Needleham Massachusetts Upper Saddle River, New Jersey.

## 8. መፅሓፍ መምህር! ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር

| ቑፅሪ ተርታ | ኣርእስቲ | ዝርዝር ዕላማታት | ዝተመደበ ክፍለ ግዘ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ | ገፅ ኣብ መምርሒ ንመምህር! | ፍልፍል |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1.1 | ኣንፃራዊ መርከቦን ሃገራት | • ኣንፃራዊ መርከቦ ምብራቕ ኣፍሪካ የረድኡ<br>• ሃገራት ምስራቕ ኣፍሪካ ይዘርዝሩ<br>• እዋንን ቀንዲ መግለፂ ባህርያትን ስልጣነ ኑብያ ካብ ስልጣነ ኣኽሱም ይፈልዩ።<br>• ቀንዲ ሓድግታት ጥንታዊ ስልጣነ ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ<br>• ስፍራታት ሓድጊ ዘጋጥምዎም ፀገማት<br>• ኣብ ሓድሓደ ከባብታት ስፍራታት ሓድጊ ንምክልኻል ዝጥቀምሎም ሜላታት የብርሁ<br>• ፃዕቕን ሳሕብን ህዝቢ ዘለዎም ከባቢታት ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ።<br>• መንቀልን ሳዕቤንን ምንቅስቓስ ህዝቢ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካን ኢትዮጵያን የብርሁ። | 3 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | • ምኽንያታት ፃዕቒ ህዝቢ ኣብ በረኸቲ ቦታታት ኢትዮጵያ፣ ኬንያን ታንዛንያን ይፈልዩ። <br>• ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ። <br>• ሳዕቤናት ምክታም ኣብ ሕብረተሰብን ባህልን ይዝርዝሩ። <br>• ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መናበርን ምኽንያታት ዝኾኑ ነገራት ይድምድሙ· <br>• ፖለቲካዊ ዘይምርግጋዕን ኩናት ሕድሕድን ከመይ ንህዝቢ ክፀልዉ ከምዝኽእሉ ይመራመሩ። | | | | |
| 1.2 | ህዝቢ ምብራቕ ኣፍሪካ <br>ጥንታዊ ስልጣነ ኑብያን ኣኽሱምን <br>ሓድግታት ኣኽሱም | • ኣብ ከባቢ ሸንጥሮ ናይል ማዕቢሎም ዝነበሩ ጥንታዊ ስልጣነታት ይገልፁ። <br>• እዋንን ቀንዲ መግለፂ ባህርያትን ስልጣነን ግብፂን ኑብያን ካብ ስልጣነ ኣኽሱም ይፈልዩ። <br>• ቀንዲ ሓድግታት ጥንታዊ ስልጣነ ሰሜናዊ ምብራቕን ምብራቕ ኣፍሪካን የለልዩ። | 4 | | | |
| 1.3 | ምክልኻልን ምዕቃብን ስፍራታት | • ረብሓ ምዕቃብ ሓድግታት ይዝርዝሩ። <br>• ስፍራታት ሓድጊ | 2 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | ሓድግን ኣብ ሓድጊ ዘጋጥሙ ፀገማትን | ዘጋጥምዎም ፀገማት ይገልፁ።<br>• ኣብ ሓድ ሓድ ከባብታት ስፍራታት ሓድጊ ንምክልኻል ዝጥቀምሎም ሜላታት የብርሁ። | | | | |
| 1.4 | ኣሰፋፍራን መነባብሮን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ | • ፃዕቕን ሳሕውን ህዝቢ ዘለዎም ከባብታት ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ። | 6 | | | |
| 1.4.1 | ኣሰፋፍራ፣ መነባብሮ፣ ዝርግሐን ምንቅስቓስን ህዝቢ | • ምኽንያታት ፃዕቂ ህዝቢ ኣብ በረኽቲ ቦታታት ኢትዮጵያ፣ ኬንያን ታንዛንያን ይፈልዩ።<br>• ምኽንያታ በዝሕን ዝርግሐን ፍልሰትን ህዝቢ ይፈልጡ። | 4 | | | |
| | ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ | • መንቀልን ሳዕቤንን ምንቅስቓስ ህዝቢ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካን ኢትዮጵያን የብርሁ። | | | | |
| | ሳዕቤናት ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ | • ሳዕቤናት ቅልጡፍ በዝሒ ህዝቢ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ | | | | |
| | ሳዕቤናት ምኽታምነት ኣብ ሕብረተሰብን ባህልን | • ሳዕቤናት ምኽታም ኣብ ሕብረተሰብን ባህልን ይዝርዝሩ | | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1.4.2 | ቐልፊ ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን | • ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መናብርን ምኽንያታት ዝኾኑ ነገራት ይድምድሙ። <br>• ፖለቲካዊ ዘይምርግጋዕን ኲናት ሕድሕድን ከመይ ንህዝቢ ክፀልው ከምዝኽእሉ ይመራመሩ። | 4 | | | |
| ጠቕላላ ድምር | | | 19 | | | |

## 9. ኣገባብ ኣመሃህራ

መምህር! ነዚ ምዕራፍ ሓደ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 6ይ ክፍሊ ምስትምሃር እንትትጅምሩ ፈላማይ ክፍለግዘ ትምህርቲ ምሉእ ዓመት ም�3ኑ ብምፍላጥ ኣዝዩ ዝነኣድን ሰሓባይን ምድላው ምግባር ከድልይ'ዩ። ነዚ ምዕራፍ ዘድልዩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ'ውን ብግቡእ ክዳለዉን ንተምሃሮ ኣብ ሕሉፍ ዓመታት ዝተምሃርዎ ትምህርቲ ብምዝኽኻር ምይይጥ እናገበሩ ከዋዝይዎም'ዩ ዝምዓድ። ስለዚ ነዚ ምዕራፍ ቅድሚ ምጅማሩኩም ንኡስ ምዕራፍ 1.1 ንምምሃር ዘድልዩኹም ዝተፈላለዩ ካርታታት ኣቐዲምኩም ኣዳልዉ። ኣብ ናይ ቤት ትምህርትኹም ማእከል ክትረኽቡ እንተዘይኪእልኩም'ውን ባዕልኹም መርከቦ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝገልፅ ካርታ ስኢልኩም ክተቐምጡ ኣለኩም። እቶም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተሳኢሎም ዘለዉ ካርታታት ባዕልኹም ወይድማ ብክኢላታት ኣዕቢኹም ብምስኣል ንኡስ ምዕራፍ ሓደ ንኡስ ኣርእስቲ 1.1 ክተምህሩ እንተለኹም ኩሉ ግዘ ተምሃሮ ኣብ ዝርእይሉ ቦታ ሰቒልኩም ክተምህርሉ ይግባእ። ተምሃሮ እናወፁ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ንምምላስ ይጠቐሙሉ።

መምህር! ኣንፃራዊ መርከቦ ምብራቕ ኣፍሪካ ምምሃር ቅድሚ ምጅማርኩም ተምሃሮ ነቲ ኣብ 5ይ ክፍሊ ብዛዕባ እንፃራዊ መርከቦ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝተምሃርዎ ኣዘኻኽርዎም። ኣብዚ ሓፂር ምይይጥ ምስ ኣካየዱ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንኽምልሱ ይግበሩ።

- መርከቦ እንታይ ማለት'ዩ?
- ኣንፃራዊ መርከቦ ከመይ ይግለፅ?
- መርከቦ ሃገርና ኢትዮጵያ ከመይ ትገልፅዎ?

- ስም ገለገለ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ክትፀርሑ ትኽእሉ ዶ?

ተምሃሮ ዝሀብዎ መልስታት ምስ ሰማዕኩም ነቶም ቀንዲ ነጥብታት ኣብ ሰሌዳ ይፀሓፍዎም። ብድሕሪ'ዚ መርከቦ ሓደ ቦታ ኣበይ ከምዝርከብ ንምግላፅ ሕድሕዲኦም እንታይ ማለት ከምዝኮኑን ብመልክዕ ገለፃን ምይይጥን የብርህሎም። ፖለቲካዊ ካርታ ተጠቒምኩም ተምሃሮ በብጉጅለ እናወፁ ከንብቡ፣ ክመያየጥሉን ኣብ መወዳእታ ድማ ምብራቕ ኣፍሪካ ብመንፅር ቀይሕ ባሕሪ፣ ወሽመጥ ኤደንን ውቕያኖስ ህንድን ክገልፁ ግበርዎም። ብምቅፃል ኣብመፅሓፍ ተምሃራይ ካርታ 1.1 ዘሎ ተጠቒሞም ኣንፃራዊ መርከቦ ምብራቕ ኣፍሪካ ብመንፅር ሰሜን፣ ደቡብ፣ ማእኸላይን ምዕራብን ኣፍሪካ ኣበይ ከምዝርከብ ክነፅሩ ግበርዎ። ኣብ መወዳእታ ድማ ኣንፃር መርከቦ ምብራቕ ኣፍሪካ ብመንፅር ደረቕ መሬትን ማያዊ ኣካላትን ክግለፁ ግበርዎም። መምህር! ነዚ ብኣንሽቱ ጉጅለታት ኣስርሕዎም፣ እናዘርኩም ድማ ተሳትፎ ሕድሕድኣባል ጉጅለ ተዓዘቡ፣ መዝግቡ ገምግምኩም ኣቐምጡ። ነቶም ኣብ ዕዮ ጉጅለ ንቑሕ ተሳትፎ ዘይገበሩ ኣተባብዕዎም።

ብድሕሪ'ዚ ንቕድም ተምሃሮ ነቶም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተሳኢሎም ዘለው ባንዴራታት ተዓዚቦም ሕድሕድባንዴራ ናይ ኣየነይቲ ሃገር ከምዝኾነት ንምንፃር ብጉጅለ ክመያየጡ ግበርዎም። ስም ሃገራት ምስጠቐሱ ድማ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ካርታ 1.2 ዘሎ ስእሊ ኣዕቢኹም ብምምፃእ ኣብ ሴሌዳ ስቐልዎ። ሽም ሃገራት ስልዘይብሉ ተማሃሮ ካልእ ካርታ ብምርኣይ ስም ሕድሕድ ሃገር ክነፅሩ ይግበርዎም። ንቕድም ሃገርና ኢትዮጰያ የለልዩ፣ ቐፂሎም ጎረባብቲ ኢትዮጵያ ዝኮና ሃገራት ይዘርዝሩ፣ በየናይ ኣንፈት ከምዝርከባ ድማ ይሓብሩ። መምህር! ኩሉግዜ ካርታ ተጠቒሞም ጥራሕ ክመያየጡን ክምልሱን ይግበርዎም።

መምህር!ተምሃሮ መርከቦ ቀርኒ ኣፍሪካ ኣለልዮም ሃገራትን ፀሪሖም ዝኽእሉ ምኻኖም ምስ ኣረጋገፅኩም ካርታ ተጠቒምኩም ስም ርእሰ ከተመኣን ክፀርሑ ግበርዎም። ኣብ ካርታ'ውን የስፍሩወን። ቐፂልኩም ኣንፃራዊ መርከቦ ናይ እተን ከተማታት ካብ ኣዲስ ኣበባ ከምኡ'ውን ኣዲስ ኣበባ ካብተን ካልኦት ከተማታት ከመይ ኮምዝኾነ ክገልፁ ግበርዎም። መምህር! ካርታ በረራ መንገዲ ኣየር ተጠቒምኩም ተምሃሮ ኣብ ሞንጎ ርእሰ ከተማታት ምብራቕ ኣፍሪካ ዘሎ ርሕቐት ክፈልጡ ግበሩዎም። መምህር! ነዚ

ኹሉ ንጥፈታት ተምሃሮ ብዕዮ ጉጅለ፣ ምይይጥ፣ ሕቶን መልስን፣ ሰሪሕኻ ምርኣይን ክመሃሩ እንተለዉ ዝበዐሕዎም መደምደምታ ኩሉ ግዝ ኣብ ደፍተሮም ክስፍሩ ኣለዎም። ካርታ'ውን ኣብ ደፍተሮም ክስእሉ ኣለዎም።

መምህር! ካብዚ ብምቕፃል ኣብ ንኡስ ርእሲ 1.2 ዝርከብ ብዛዕባ ህዝብታት ምብራቕ ኣፍሪካ እንተምህሩ ተምሃሮ ኣብ 5ይ ኽፍሊ ዝተምሃርዎ ትምህርቲ ብምዝኽኻርን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ካርታ ጥንታዊ ስልጣነ ማዕቢሎምሎም ዝነበሩ ቀንዲ ከባብታት ኣፍሪካ ተጠቒምኩምን ኣሳታፉይ ብዝኾነ መንገዲ መእተዊ ይግበሩ። ተምሃሮ ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነ እንታይ ከምዝፈልጡ እናሓተቱ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ፅሑፍ ኣንቢቦም ክመፁ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ብጉጅለ ኾይኖም ድማ ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነ ከመይ ከምዝጀመረን መግለፅታቶምን ብዝምልከት ዓሙቕ ምይይጥ ክገብሩ የተባብዕዎም። ድሕሪ እዚ ኣብ ዓለምና ጥንታዊ ስልጣነ 3500 ዓመታት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ከባቢ ሽንጥሮታት እስያን ኣፍሪካን ከምዝጀመረ መበገሲ ሓሳብ ንተምሃሮ ይሃብዎም። ዓስዒቦም ጥንታዊ ስልጣነታት ዝጀመሩሎም ከባብታት ኣፍሪካ ትፈልጡ ዶ? ዝብል ሕቶ ንተምሃሮ የቕርቡሎም። መልሲ ተምሃሮ ምስተቐበሉ ድማ ኣብ ኣፍሪካ ጥንታዊ ስልጣነ ዝማዕበሉሎም ከባብታት ከም ግብፂ፣ ኑቢያ፣ ኩሽ፣ ኣኽሱምን ዚምባብዌን ዝመሳሰሉ ከምዘለዉ ይሓብሩሎም።

ድሕሪ እዚ መእተዊ ንሽንጥሮ ሩባ ናይል ማእኸል ገይሮም ዝማዕበሉ ጥንታዊ ስልጣነታት ብዝርዝር ይግለፁሎም። ነዚ እንትገልፁ ድማ ማእኸል ጥንታዊ ስልጣነ መንግስቲ ኑቢያ (ኩሽ)ን ሽንጥሮ ሩባ ናይልን ዝምልከት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ካርታ መምህሪ ሓገዝ ገይሮም ይጠቀሙ። ኣብ ከይዲ መግለፂኦም ንጥንታዊ ስልጣነታት ግብፂ፣ ኑብያ (ኩሽ)ን ኣኽሱምን ዝምልከቱ ስእላዊ መግለፅታት መሰረት ገይሮም መግለፅታት ይሃቡ። ንኣብነት ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነ ግብፂ እንተምህሩ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእልታት ሶፊኒክስ፣ ኣብ ጊዛ ዝርከብ ፒራሚድ፣ ፎርኦናዊ ንጉስ ራሚሰስ 2ይ፣ ካልኦት ፒራሚዳት ግብፃውያን መሰረት ገይሮም ጥንታዊ ስልጣነን ምዕባለኡን ከረድእዎም ይኽእሉ። ኣብ ካርታ ድማ ማእኸል ጥንታዊ ኑቢያ (ኩሽ) ዝነበሩ ናፓታን ሜሮዌን የርእይዎም። ኣብ ማእኸል መግለፂኦም ተምሃሮ ብዛዕባ ስልጣነ ጥንታዊት ኑቢያ (ኩሽ) ዝምልከት ካብ ዘንበብዎ ንክገልፁ ይሕተትዎም። ገለፃ

ምዕባለ ጥንታዊ ስልጣነ ኑብያ እንትገብሩ ኣብ ማእኸል መግለፅታት ስልጣነ ዝኾኑ ስእልታት ካብ ብሪ ዝተሰርሐ ዘውዲ ኑብያወያን፣ ብኑብያውያን (ኲሻውያን) ዝተሰርሐ ፒራሚድን ኑብያውያን ዝሰርሕዎ ቤተ ፀሎት (ምኹራብ)ን ወዘተ ዝመሳሰሉ ከም ሓገዝ መምህሪ ገይሮም ይጠቐሙሉ።

ድሕሪ እዚ ድማ ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነ ኣኽሱም ይቕፅሉ። ብሕቶ ይጀምሩሎም። ንኣብነት ተምሃሮ ኣኽሱም ብምንታይ እያ ትፍለጥ? ብዙሓት ጎብነይቲ ናብ ኣኽሱም ይኸዱ`ዮም። ንምንታይ ይመስለኩም? ኣብ ኣኽሱም ጠጠው ኢሎም ዝርከቡን ዝወደቑን ሓወልትታት ኣለዉ። እዚኦም እንታይ ዝገልፁ ይመስለኩም? ነዚኦም መበገሲ ሓሳባት መሰረት ብምግባር የመያይጡ። ተምሃሮ ዝፈልጥዎን ዘንበብዎም ምስ ገለፁ ብድሕሪኡ ናብ ዝርዝር መግለፂ ጥንታዊ ስልጣነ ኣኽሱም ምእታው ይከኣል። ነዚ መግለፂ እንትህቡ ካርታ ጥንታዊ ስልጣነታት ኣኽሱምን ከባቢኡን ከም መምህሪ ሓገዝ ገይሮም ይጠቐሙሉ። ንጥንታዊት ግብፂ፣ ኑቢያን ኣኽሱምን ዝምልከቱ ሓድግታት ምግላፅ የድልይ ስለዝኾነ ንቕድም ተምሃሮ ይሕተትዎም። ብፍላይ ድማ ኣብ ኣኽሱም ዝርከቡ ሓድግታት ክንድዝከኣል ብዝርዝር ክገልፁ የተባብዕዎም። ኣብዚ ዝግበር ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ን4 ክፍለግዘ ጥራሕ ዝፀንሕ እንትኸውን ነዚኦም መሰረት ብምግባር ናብ ዝቕፅል መመያየጢ ሓሳብ ምእታው ይከኣል።

ስለዚ መምህር! ንተምሃሮ ሓድጊ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ትፈልጡ ዶ? እትፈልጥዎ ሓድጊ ወይድማ ሓድግታት እንተልዮም ግለፁ … ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት የቕርቡሎም። ብድሕሪ እዚ ንተምሃሮ ሓድጊ እንታይ ማለት ከምዝኾነን እንታይ ረብሓ ከምዘለዎን ብዝርዝር ይግለፁሎም። ኣብ ሃገርና ኣብ ልዕሊ ሓድጊ ዝበፅሕ ፀገም ብዝርዝር ምስገለፁ ንምዕቃብ ሓድግታት እንታይ ክግበር ከምዝግባእ እውን የመያይጥዎም። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ብዙሕ ስእልታት ሓድግታት ኣለዉ። ነዚኦም ተጠቂምኩም ተምሃሮ ንሓድግታት ከድንቑ ይግበርዎም። ኣብ መወዳእታ ንምዕቃብን ምክልኻልን ሓድግታት እንታይ ክግበር ኣለዎ ዝብል ሕቶ መመያየጢ ገይሮም ተምሃሮ ሪኢቶ ክህብዎም ይግበሩ። መምህር! ነዞም ክልተ ኣርእስትታት እንተምህሩ ካርታታትን ስእልታት ሓድግታትን ኣግዚፎም ብምስኣል ከም መምህሪ

ሓገዝ ገይሮም እናተጠቐሙ ንተምሃሮ ድማ ብሕቶን መልሲ ከምኡ'ውን ብዕዮ ጉጅለ እናሳተፉ ሰሓባይ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክገብርዎ ይግባእ። ተምሃሮ ሓድግታት ታሪኽን ባህልን ናብዘለዉዎም ክኸዱን ክጉብንዩን ምግባር ዘድልይ እንትኸውን ንዝበለፀ ምትእትታው ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣብኡ እንተዝኸውን ይምረፅ። ንኣብነት ኣብ ከተማ መቐለን ከባቢኡን ንዝርከቡ ተምሃሮ ሙዝየም ሃፀይ ዮሃንስ ክጉብንዩ ምግባር ይከኣል። ኣብ ኣኽሱምን ከባቢኡን ንዘለዉ ድማ ሓወልቲ ኣኽሱምን ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ኣዝዮም ብዙሓት ሓድግታት ክጉብንዩ ምግባር የድልይ። ኣብ ውቕሮ፣ ገርዓልታ፣ ተምቤን፣ ዓድዋን ይሓን ወዘተ እንተሪእና ተምሃሮ ብቐሊሉ ክጉብንይዎም ዝግብኡ ብዙሓት ሓድግታት ኣለዉ። ስለዚ መምህር! ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ምስ ዑደት ከዛምድዎ ይፈትኑ። እዚ ምስ ሓድግታት ዝተኣሳሰረ ንኡስ ርእሲ ን3 ክፍለ ግዝ ጥራሕ ዝተመደበ እዩ።

መምህር! ነዚ ራብዓይ ኣርእስቲ'ዚ ምዕራፍ ኣብ ንኡስ ርእሲ 1.4 እንተምህሩ ንዓሰርተ ክልተ ክፍለግዝያት ዝተመደቡ ሓሙሽተ ንኡሳን ኣርእስትታት ከምዘለዉ ንቕድም ተገንዚቦም ትልሚ ምምሃር ምስትምሃር ከዳልዉ ይግባእ። ተምሃሮ'ውን ነዚ ኣርእስቲ ኣንቢቦምን ንወለዶም ሓቲቶም ክመፁ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ በዝሕን ዝርግሐን ህዝቢ ንምምሃር ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ክልተ ስእልታት ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስኢሎም ናብ ክፍሊ ሒዞም ይእተዉ። ነዚ ስእሊ መሰረት ብምግባር ንተምሃሮ ሕቶታት የቕርቡሎም። ንዝቕረብዎም ሕቶታት መሰረት ብምግባር ድማ መልስታት እናገናዘቡ ምይይጥ የካይዱ። ባንዴራታት ሃገራት ምብራቕን ደቡብ ምብራቕን ኣፍሪካ ንተምሃሮ ከለልይወን መፅሓፍ ተምሃራይ መሰረት ዝገበረ ምይይጥ የካይዱ። እዘን ሃገራት ዘለወን ስፍሓት መሬት ብትርብዒት ኪ.ሜ፣ በዝሒ ህዝቢ ብሚሊዮን ኣብ 2001፣ ፃዕቒ ህዝቢ ብትርብዒት ኪ.ሜን ርእሰ ከተማታትን ብዝምልከት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ መሰረት ብምግባር መብርህታት ይሃቡ። ነዚ መግለፂ መሰረት ብምግባር ዝርግሐ በዝሒ ህዝብን ኣሰፋፍራን ዝምልከት መግለፂ ይሃቡ። ነዚ መግለፂ ዘራጉዱ ቀንዲ ምኽንያታት ዝርግሐ በዝሒ ህዝቢ ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ክልተ ባእታታት መቒልካ ከምዝርኣይ ብኣብነት እናደገፍኩም ንተምሃሮ መብርሂ ይሃብዎም። ምስዚ ብምትእስሳር ብዛዕባ ፀቕጢ ህዝቢ፣ ፃዕቒ ህዝብን ሳሕዊ ህዝብን ዝምልከት

መግለፅታት ይሃቡ። ነዚ ትምህርቲ ንምርዳድ ብዛዕባ ደጉዓን ቆላን፣ ከበሳን መታሕትን ብካርታ ዝተደገፈ መግለፂ ይሃቡ። ኣብ መወዳእታ መጠቓለሊ የቕርቡሎም። ድሕሪ'ዚ ኣብ መወዳእታ'ዚ ንኡስ ኣርእስቲ (1.4.1) ዝርከብ መልመዲ ንተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ እናመያየጡ ይስርሑሎም።

መምህር! ካብዚ ብምቕፃል ብዛዕባ ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ ዝምልከት ንኡስ ኣርእስቲ ንምምሃር ብሕቶን መልስን ይጀምርዎ። ንኣብነት ሰባት ንምንታይ'ዮም ዝስደዱ? ስደት ከ እንታይ'ዩ? ብዝብል ሕቶ ምጅማር ይከኣል'ዩ። መንቀሊ ምኽንያታትን መግለፅታትን ስደት ብመልክዕ ሕቶን መልስን ከምኡ'ውን ምይይጥን እናተሓናፈፁ ንተምሃሮ ኣሳታፋይን ኮርኳሓይን ኣቀራርባ እናተጠቐሙ የረድእዎም። ድሕሪ'ዚ መንቀሊ ምኽንያታት ስደት ብዝምልከት ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊ፣ ታሪካዊ፣ ስነ ልቦናውን ተፈጥሮኣውን ዝኾኑ ብዝርዝር ይግለፅዎም። ተምሃሮ'ውን ይመያየጡሎም። ስለዚ ብመልክዕ ሕቶን መልስን ከምኡ'ውን ምይይጥ እናተሓገዙ ዝርዝር ገለፃ ምክያድ ኣገዳስነት ዘለዎ እንትኾውን ብፍላይ ድማ ፍልሰት ህዝቢ ኦሮሞ እንተምህሩ ግና ምንቅስቓስ ህዝቢ ኦሮሞ ብዝምልከት ብካርታ እናደገፍኩም መግለፂ ክትህቡ ይግባእ። ኣብ መወዳእታ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ መልመድታት 1.4.2 ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ብዝርዝር ይስርሑሎም።

መምህር! ብምቕፃል ሳዕቤናት ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምምሃር ምድላው ምግባር የድልይ'ዩ። ኣብ ሓምሻይ ክፍሊ ተምሃሮ ዝተምሃርዎ ኣርእስቲ እናዘኽኽርኩም ብዛዕባ ሳዕቤናት ናህሪ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ይሕተትዎም። ነዚ ኩነታት ንምግንዛብ ኣብ 1977 ዓ.ም፣ 1987 ዓ.ምን 1999 ዓ.ምን ዝነበረ ሃገራዊ ቆፀራ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዝርዝር ይግለፁሎም። ንምንታይ'ዩ በዝሒ ህዝቢ እናነሃረ ይኸይድ ዘሎ? ዝብል ሕቶ'ውን ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ነዚ መሰረታዊ ሓሳብ ንምርዳድ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ብዝርከብ ሰደቓ መጠን ተፈጥሯዊ ዕብየት ህዝቢ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ እናተሓገዝኩም ዝርዝር መግለፂ የጠናኽሩ። ድሕሪ ከምዚ ዝመሳሰሉ ዕሙቕ ዝበሉ ምይይጣትን ሕቶን መልስታትን ምክያድ ብዛዕባ ኣሉታዊ ዕልዋታት ቅልጡፍ ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዝምልከቱ መረዳእታታት ንተምሃሮ

የብፅሑ። ስለዚ ኣብዚ'ውን ከምቲ ዝሓለፈ እቲ ዝድለይ ኣግባብ ኣመሃህራ ንምዋንኻር ብሕቶን መልስታትን ዝተጠናኸረ ምይይጥ ዘጎልበቶ ገለፃ ኣብ ልዕሊ ምህላዉ ንስርፀት ትምህርቲ ዝሕግዙ ዕዮታት ክፍልን ገዛን ከምኡ'ውን መጠቓለሊ ብምሃብ ኣብ መወዳእታ ተምሃሮ ብዝሳተፉሉን ኮርኳሓይ ብዝኾነን ፈተነ መልመድታት ክጠናኸር እዩ።

መምህር! ካብዚ ንኡስ ኣርእስቲ ብምቕፃል ብዛዕባ ሳዕቤናት ምኽታምነት ኣብ ሕብረተሰብን ባህልን ዝብል ኣርእስቲ'ዩ ዝቐርብ። ነዚ ግልፂ ንምግባር ንቕድም ተምሃሮ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣንቢቦም ክመፁ ክግበር ኣለዎ። ኣብ ክፍሊ ድማ ብሕቶታት ይጀምሩ። ንኣብነት ምኽታምነት እንታይ ማለት'ዩ? ምትእስሳር ሕብረተሰብን ባህልን ከመይ ይግለፅ? ዝብሉ ሕቶታት ምቕራብ ይከኣል። ኣጀማምራን ምዕባለን ምኽታምነት ዝምልከት መግለፂ ንተምሃሮ ይሃብዎም። ኩነታት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ከተማን ገጠርን ዝምልከት መብርሂ'ውን ይሃቡ። ድሕሪ'ዚ ንምንታይ እዩ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ሰባት ዝስደዱ? ንዝብል መሰረታዊ ሕቶ'ዚ ኣርእስቲ ሰሓብትን ደፋእትን ባእታታት ብዝብል መቒልኩም ንተምሃሮ የረድእዎም። ኣብዚ ኣርእስቲ ክህልው ዝግብኦ ኣግባብ ኣመሃህራ ገለፃን ምይይጥን ከምዘለዎ ኾይኖም ሕቶን መልስታትን ከምኡ'ውን ሓፀርቲ ፅሑፋት ንኽዳልዉ ዝሕግዙ ዕዮታት ይርከብዎም። ኣብ መወዳእታ ተምሃሮ መልመድታት ክሰርሑ ይግበሩ። ኣግባብ ኣመሃህራን ኣቀባብላ ትምህርትን ብፈተሻ ክድህሰስ ምግባር ይጠቅም'ዩ።

እምበኣርከስ መምህር! ነዚ ኣርእስቲ እናተጠቐሙሎም ዝመፁ ኣግባብ ኣመሃህራ ኣሳታፊይን ኮርኳሓይን ምኳኖም ምስትውዓል ከድልይ'ዩ። ኣብ መወዳእታ ዝቐርብ ትምህርቲ ብዛዕባ ቑልፊ ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ዝምልከት እዩ። ነዚ ትምህርቲ ምምሃር እንትጅምሩ ተምሃሮ ኣብ ሓምሻይ ክፍሊ ዝተምሃርዎ ንምዝኽኻር ብሕቶን መልስን ዝተሰነየ ምይይጥ የካይዱ። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ሕቶታት መበገሲ ገይሮም ይጠቐሙሎም። ድሕሪ'ዚ ህዝቢ ኣብ ሓደ ከባቢ እንትነብሩ ክህልዎም ዝኽእል ኣግባብ መነባብሮ ብዝምልከት ሰፊሕ ምይይጥ የካይዱ። ነዚ ምይይጥን ከይዲ ሕቶን መልስን መፅሓፍ ተምሃራይ ብዝበለፀ ይጠቐሙ። ከም መዛዘሚ'ዚ ምይይጥ ድማ ኣሰፋፍራ ህዝቢ እንታይ ማለት ከምዝኾነን መነባብሮ ህዝቢ እንታይ ማለት ከምዝኾነን ብዝርዝር ንተምሃሮ

ይግለፁሎም። ነዚ ማእኸል ብምግባር ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ብሓደ መልክዑ ኣብ ገጠርን ከተማን ብካሊእ መልክዑ ድማ ኣብ መታሕትን ከበሳን እንታይ ከምዝመስል ንተምሃሮ ይግለፁሎም። መምህር! እዚ እንተምህሩ ብዛዕባ መንቀሊ ምኽንያታት ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ብዕሙቐት ምርኣይ ከድልይ'ዩ። እዚ ብዝርዝር ምስተገለፀ ኣፈላላይ መነባብሮን ባህልን ምስ ኣሰፋፍራ እናተገናዘበ ክግለፅ ይግበሩ።

እሞ መምህር! ነዚ ምይይጥ ምእንታን ክሕግዞም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ክልተ ሰደቓታት ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስኢሎም ንምይይጥ፣ ሕቶን መልስን ከምኡ'ውን ገለፃ ይጠቐሙሉ። ነዚ ትምህርቲ ብዝበለፀ ንምስራፅ ተምሃሮ ብመሰረት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተመልኪቱ ዘሎ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለታት መቒሎም ዕዮታት እናሃቡ የሰርሕዎም። ድሕሪ'ዚ መጠቓለሊ ይሃብዎም። ስለዝኾነ ድማ ኣብዚ ምዕራፍ ክጥቀሙሎም ዝግብኦም ኣግባብ ኣመሃህራ ከም ክልተኣዊ ገለፃ፣ ሕቶን መልስን፣ ብሓፀርቲ ፅሑፋት ዝግለፅ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ምይይጥ፣ ዕዮታት ክፍልን ገዛን፣ ጉጅለ ዕዮ፣ መጠቓለሊ፣ ስርፀት ትምህርትን ይርከብዎም። ስለዝኾነ ድማ መምህር! ኣብ መወዳእታ'ዚ ትምህርቲ ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይኖም እናተመያየጡ ነዞም ዝስዕቡ ቁምነገራት ከብርህዎም ይግበሩ።

- ብዛዕባ ረብሓ ሓድግታት ንኣብነት ካብ ቱሪዝም (ጎብነይቲ) ዝርከብ ፍልፍል እቶት ንኽገልፁ ይሕተትዎም።
- ጎብነይቲ ናብ ፍሉጣት ስፍራታት ሓድግታት ዝገብርዎም ዑደት ኣመልኪቶም ካብ ኤጀንሲ ቱሪዝምን ባህልን ትግራይ ብዝርከብ ስታቲስቲካዊ መረዳእታ እናተሓገዙ ክመያየጡ ይሓግዝዎም።
- ኣብ ካሊእ ሃገር ዝርከቡ ፍሉጣት ስፍራታት ሓድግታት ከም ንኣብነት ላሙ ብመርኣያነት ብምውሳድ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ከቕርቡ የተባብዕዎም።
- ካብዚ ብምቕፃል ብዛዕባ ሓድግታት ዝገጥምዎም ፀገማት ኣመልኪቶም ንኣብነት ስርቂ፣ ብኽለት፣ ብርሰት፣ ዕንወት ወዘተ ናውትን ኣምሲልካ ምቕራፅን (ምፅራብን) ኣመልኪቱ ክመያየጡ ይሓግዝዎም።

- ኣብ ስፍራታት ሓድግታት ኣኽሱም እንኽዱ እንታይ ዓይነት ስነ ምግባር ክኽተሉ ከምዘለዎምን ብኸመይ ኣገባብ ኣደብ ክገብሩ ከምዝግብኦምን ብዝምልከት ሓፀርቲ ፅሑፋት የዳልዉ።

ስለዚ መምህር! ብሓፈሽኡ እንትርአይ ነዚ ምዕራፍ ንተምሃሮ እንተምህሩ ክኽተልዎ ዝግባእ ኣግባብ ኣመሃህራ ምስ ስእልታትን ካርታታትን ዝተዛመደ ክልተኣዊ ገለፃ ምግባር፣ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ምፅሓፍ፣ ዝተፈላለዩ ፅሑፋትን ውፅኢት ሕትመታትን እናኣላለሽኩም ናብ ክፍሊ ሒዞም ብምምፃእ ንተምሃሮ ምንባብን ክንበበሎም ምግባርን፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ሕቶን መልስን፣ ዕዮ ጉጅለን ክፍልን፣ ምንባብን ኮርኳሒ ኣቀራርባን፣ ብካርታን ስእልን ዝተደገፈ ሓባራዊ ምይይጥ፣ ምድጋምን መጠቓለልን፣ ኣብ መወዳእታ ምስ መልመድታት ዝተኣሳሰሩ ፈተነታት ምስራሕ እቶም ቀንድን ኣገደስትን ክጥቀሙሎም ዝግብኡ መስረፅቲ ኣግባብ ኣመሃህራ ይርከብዎም። ካብዚ ብተወሳኺ ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካብዝርከብ ቤተ ንባብ ነዚ ትምህርቲ ዝምልከቱ ካልኦት መፃሕፍቲ ወይድማ ኢንካርታ (Encarta) ብምርኣይ ንዝተምሃርዎ ከጎልብቱ ክበረታትዑ ይግባእ።

## 10. ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር

መምህር! ክፍለዓለም ኣፍሪካ ኣብ ሓሙሽተ ክልላት (REGIONAL -DIVISIONS) ዝተመቐለት እያ። እዚዩ ኣመቻችላ ግና ምሁራት ዝተስማምዕሉ እምበር ተፈጥሮኣዊ ወይድማ ሰብ-ስራሕ ዶብ ሃልይዎ ኣይኮነን። ሓንቲ ካብዘን ክልላት ምብራቕ ኣፍሪካ እያ። በዝሒ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ'ውን እንተኾነ ንፁር ኣይኮነን። ገለገለ ፍልፍል ፅሑፋት ሰለስተ ጥራሕ እንትገብሩወን ሕቡራት መንግስታት ድማ ዓሰርተ ትሽዓንተ እየን እዩ ዝብለን። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝተሓበራ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዓሰርተ እየን። ከምቲ ካልኦት ፍልፍላት ዝብልዎ እንተይኮነስ ሃገራት ግብፂ፣ ሞዞምቢክ፣ ዛምቢያ፣ ማላዊ፣ ማዳጋስካር፣ ኮሞሮ፣ ሞርሸየሽን ካልኦትን ምስ ደቡባዊ ኣፍሪካ ወይድማ ምስ ሰሜናዊ ኣፍሪካ እየን ክካተታ ዘለወን እምበር ኣካል ምብራቕ ኣፍሪካ ኣይኮናን።

| ሰደቓ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ተ.ቁ | ስም ሃገራት | ስፍሐት ብትርቢዓት ኪ.ሜ | በዝሒ ህዝቢ | ርእሰ ከተማ |
| 1 | ቡሩንዲ | 27,830 | 8.3 ሚልዮን | ቡጁምብራ |
| 2 | ጅቡቲ | 23,170 | 0.7 ሚልዮን | ጁብቲ |
| 3 | ኤርትራ | 121,320 | 5.1 ሚልዮን | ኣስመራ |
| 4 | ኢትዮጵያ | 1,127,127 | 82.8 ሚልዮን | ኣዲስ ኣበባ |
| 5 | ኬንያ | 582,650 | 39.1 ሚልዮን | ናይሮቢ |
| 6 | ሩዋንዳ | 26,338 | 9.9 ሚልዮን | ኪጋሊ |
| 7 | ሶማልያ | 637,657 | 9.1 ሚልዮን | ሞቓድሾ |
| 8 | ታንዛንያ | 945,087 | 43.7 ሚልዮን | ዶዶማ |
| 9 | ኡጋንዳ | 236,040 | 30.7 ሚልዮን | ካምፓላ |
| 10 | ሱዳን | 2,505,813 | 42.3 ሚልዮን | ካርቱም |

መምህር! ካብቲ ሰደቓ ከምእትግንዘብዎ ካብዘን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ብፃዕቒ ህዝቢ ሩዋንዳን ቡሩንዲን ብቕደም ሰዓብ ቐዳማይን ካልኣይን ደረጃ ይስራዓ። ብኣንፃሩ ድማ እተን ዝተሓተ ፃዕቒ ህዝቢ ዘለወን ሶማልያን ጁቡቲን እየን። ኣብ ሶማልያ ኣብ ሓደ ትርቢዒት ኪሎ ሜትር ኣስታት 15 ሰባት እንትነብሩ ኣብ ሩዋንዳ ኣስታት 398 ሰባት ይነብሩ። ፃዕቒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣስታት 77 ብትርብዒት ኪሎሜትር እዩ።

$$\text{ፃዕቒ ህዝቢ} = \frac{\text{በዝሒ ህዝቢ}}{\text{ስፍሐት ሃገር}}$$

## 11. ኣግባብ ገምጋምን ፈተሻን

መምህር! ተምሃሮ ነቶም ክጭብጥዎም ዝግብኦ ቑምነገራት ትምህርትን ክውንኑዎም ዘለዎም ክእለታትን ብቕዓትን ብትኽክል ከምዘዐወቱ ንምርግጋፅ ቀፃላይ ፈተሻ (Continous Assessment) ክካይዱ ናይ ግድን እዩ። ዝተፈላለዩ ሓገዛት ዘድልዮም ተምሃሮ ብቱቶርያል (REMEDIATION CLASS) ኣቢልኩም ናብቶም ካልኦት ዝበፅሕዎ ብርኪ ትምህርቲ ኸበፅሑ ምግባር'ውን ኣድላዪ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ስራሕን ተሳትፎን

ነፍስወከፍ ተምሃራይ ነቶም ዕላማታት እዚ ምዕራፍ ከምዝጨበጦ ብተኸታታሊ ክፍተሸ ኣለዎ። ነፍስወከፍ ተምሃራይ'ውን ብመሰረት መዐቀንታት ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ክምዘን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ። መምህር! ኣብዚ ማዕርነት ትምህርቲ ንምርግፅ ንተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ጠመተ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ እቶም ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ (students working at the minimum requirement level)፤

- ኣንፃራዊ መርከቦ ምብራቕ ኣፍሪካ ይፈልዩ።
- ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ይዝርዝሩ።
- ግዘን ቀንዲ መግለፂ ባህርያትን ስለጣነታት ኑብያን ኣኽሱምን ይፈልዩ።
- ቀንዲ ሓድግታት ጥንታዊ ስልጣነታት ኢትዮጵያ የለልዩ።
- ሓድግታት ዘጋጥምዎም ፀገማት ይገልፁ።
- ሚላታት ዕቀባ ሓድግታት ይገልፁ።
- ሳሕብን ፃዕቕን ህዝቢ ዘለዎም ከባቢታት ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ።
- መንቀልታትን ሳዕቤናትን ምንቅስቓስ ህዝቢ ኣብ ኢትዮጵያ የብርሁ።
- ምኽንያታት ፃዕቒ ህዝቢ ኣብ በረኸቲ ቦታታት ኢትዮጵያ ይፈልዩ።
- ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መናበርን ምኽንያታት ዝኾኑ ነገራት የጠቓልሉ።

መምህር! ነቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ብፍላይ ድማ ተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ክነኣዳን ብፃዕረን ንዝረኸብኦ ወፅኢት ድማ ኣፍልጦ ኽወሃበንን ኣለዎ። ንቐፃሊ'ውን ተምሃሮ ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይተወሰኑ ጠንኪሮም ክሰርሑን ክተባብዑን ኣለዎም። እቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ (Students working below the requirement level) ንመማህርቶም ስዒቦም ንኽርክብዎም ተወሳኺ ደገፍ (Remediation) ክወሃቦም ኣለዎ። ኣብ ክፍልን ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ዕረፍትን በዓላትን ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርትን ክወሃቦም ኣለዎ። ኣግባብ ኣመሃህራ ማንዛ-ንማንዛ (Child to child or CTC) ብምጥቃም እቶም ካብ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክሕግዝዎም ምግባር ኣገዳሲ እዩ። መምህር! ኣብ ከይዲ ፍተሻ ነቶም ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ኽረኽቡ ንዝግበኦም ፍሉይ ድሌት ዘለዎም

ተምሃሮ አድላዪ ኹሉ ኽትገብሩሎም ይግባእ:: ስለዚ ኣግባብ ፈተሻ'ዚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር'ዚ ምዕራፍ ብዝስዕቡ ኣግባባት ዝተሰነየ እዩ ዝኸውን።

1. ኣብ ሕድሕድ ክፍለግዘ ኣግባብ ሕቶን መልስን ስርዓት ሒዙ ክምራሕ ምግባር
2. ዕዮ ክፍልን ዕዮ ገዛን ስሩዕ ኣግባብን ስርዓትን ሒዙ ብተኸታታሊ ክትግበር ምግባር
3. ኣግባብ ምይይጥን ስርፀት ትምህርትን ብስርዓት ክምራሕ ምግባር
4. ሰሪሕኻ ምርኣይን ዕዮ ጉጅለን ብተኸታታሊ ብስርዓት ክምራሕ ምግባር
5. ተምሃሮ ዝተምሃርዎን ዝተረድእዎም ኣብ ክፍሊ ወፂኦም ክገልፁን ከረድኡን ምግባር
6. ኣብ ማእኸልን መወዳእታን እዚ ምዕራፍ ዘለዉ ሕቶታት ክሰርሑን ክመያየጡሉን
7. መጠቓለልን ሓፀርቲ ፈተናታትን ከም ስርዓት ምትእትታው
8. ሓፀርቲ መፅናዕታዊ ፅሑፋትን መበርሀታትን ምቕራብ፣
9. ኣብ ካርታ ምይይጥ ምግባር
10. ኣብ ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ፣ ኣሰፋፍራ፣ መነባብሮን ባህልን ምይይጥ ምክያድ

## 12. ንመልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት

√ **መልሲ ንመልመዲ** 1.1

**ሀ)**

1. ሱዳን፤ ኤርትራ፤ ጂቡቲ
2. ኢትዮጵያ፣ ሶማልያ፣ ሩዋንዳ፤ ቡሩንዲ ፤ ኡጋንዳ፣ ኬንያ፤ ታንዛንያ
3. መርከቦ ሓደ ቦታ ብመንፅር ዲግሪታት ቃስታን ሞሮን እንተይኮነስ ብመንፅር ኣንፈታት ካልኦት መዳውብቲ ቦታታት እንትግለፅ ኣንፃራዊ መርከቦ ይበሃል።

**ለ)** ዝሰፍሐት ሱዳን እንትትከውን ዝነኣሰት ድማ ጂቡቲ እያ።

√ **መልሲ ንመልመዲ** 1.2

**ንሕቶታት ሓቂ/ሓሶት ዝተውሃቡ መልስታት**

1. ሓሶት 2. ሓቂ 3. ሓቂ 4. ሓቂ 5. ሓቂ 6. ሓቂ 7. ሓሶት

√ መልሲ ንመልመዲ 1.3

ንሕቶታት ኣዛምዱ ዝተውሃቡ መልስታት

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. ረ | 2. ሰ | 3. መ | 4. ሸ | 5. ቀ |
| 6. ተ | 7. ሐ | 8. ለ | 9. ሀ | 10. በ |

√ መልሲ ንመልመዲ 1.4

ሀ. ንሕቶታት ምረፁ ዝተውሃቡ መልስታት

1. ሀ 2. ለ 3. መ 4. ሀ 5. ሐ 6. መ 7. ሐ

ለ. ንሕቶታት ሓቂ/ሓሶት ዝተውሃቡ መልስታት

1. ሓቂ 2. ሓቂ 3.ሓቂ 4. ሓቂ 5. ሓሶት 6. ሓሶት

√ ንመጠቓለሊ ሕቶታት ምዕራፍ ሓደ ዝተውሃቡ መልስታት

ሀ. መልሲ ንሕቶታት ምረፁ

| | | |
|---|---|---|
| 1. መ | 4. መ | 7. ሐ |
| 2. መ | 5. ሐ | 8. ሐ |
| 3. ሀ | 6. መ | 9. መ |
| 10. መ | 11. መ | 12. ሀ |
| 13. መ | | |

ለ. ብኣዎንታነት ንዝግለፁ “1”፣ ብኣሉታነት ንዝግለፁ “2” ኢልኩም ፀሓፉ ንዝብል

_1_ ዕድል ስራሕ ንምርካብ፣

_1_ ትምህርትን ክእለትን ንምጥራይ፣

_2_ ምፍንቓልን ምዝንባልን ናብራ

_1_ ምግብን መዕለልን ንምርካብ፣

_1_ ካብ ስቅያት ጥምየትን ድርቅን ንምንጋፍ፣

_1_ ቅልውላው ማሕበረ-ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን

_1_ ካብ ሓደጋ ኲናት ዕቑባ ንምርካብን፣

_1_ ዝተመዛበለን ዝተፈናቐለን ናብራ ንምድልዳልን

_2_ መነባብሮ ሕርሻ ንምድንፋዕ፣

_2_ ምብትታን ስድራ፣

_1_ ዘይምርግጋዕን ሻቕሎትን

_2_ ጎንፂ ባህልታትን ልምድታትን፣

_2_ ተሓራሳይ ልሙዕ መሬት ንምውናን፣

_2_ ቅልውላው መንነት፣

_1_ ስእነት መዕለልን ምግብን

**ሐ. ሓቂ ወይድማ ሓሶት እናበተብሃለ ንዝምለሱ ሕቶታት ዝተውሃበ መልሲ**

1. ሓቂ 2. ሓቂ 3. ሓቂ 4. ሓቂ 5. ሓቂ 6. ሓቂ

7. ሓሶት 8. ሓቂ 9. ሓቂ 10. ሓቂ 11. ሓቂ 12. ሓሶት

13. ሐሶት 14. ሓቂ 15. ሓቂ

**መ. ትኽክለኛን ዘየማትእን ቅኑዕን መልሲ ንክወሃብ ዝተሓተቱ ሕቶታት መልሲ**

1. ሕርሻ፣ ኢደ ጥበብ፣ ስነ ፅሑፍ፣ ምጥያሽ ከተማ፣ ምልውዋጥ ንግዲ፣ ወተሃደራዊ ወፍርታት፣ ቅርፃ ቕርፂ፣ ስነ ህንፃ፣ ሳይንስ፣ ሕክምና፣ ስነ ክዋክብቲ፣ ቀለንተን፣ ሒሳብ
2. ግብፂ፣ ኑቢያ፣ ኩሽ፣ ኣክሱም፣ ዚምባብዌ
3. ፎርኦን 4. ፒራሚድ 5. ሂሮይግራፊክስ
6. ናፓታን ሚሮዌን
7. ኣኽሱም፣ ጎንደር፣ ላሊበላን ሃረርን
8. ገዳም ኣቡነ ኣረጋዊ (ደብረ ዳሞ)
9. ሓወልቲ ኣክሱም፣ የሓ፣ ደብረ ዳሞ፣ ቤተ መንግስቲ ንግስተ ሳባ፣ መቓብር ሃፀይ ካሌብ
10. ሚኪኤል እምባ፣ ሚኪኤል ባርካ፣ ሚኪኤል ምልሃይ ዞንጊ፣ ላሊበላ፣ መድሃኒኣለም ዓዲ ቑሾ፣ ወዘተ
11. ኤጀንሲ ብሄራዊ ማእከላዊ ስታቲስቲክስ
12. ሰለስተ ግዘ፤ ብ1977 ዓ.ም፣ ብ1987 ዓ.ም፣ ብ1999 ዓ.ም
13. √ መጠን ሞት ብህይወት ዝነብሩ ሰባት እናነከየ ምምፅኡን

    √ ደቂ ሰባት ብህይወት ዝነብሩን ዝፀንሕሉን ዕድመ እናወሰኸን እናዓበየን ምምፅኡ
14. ፀቕጢ ማሕበራዊ ግልጋሎታት፤ ሕፅረት ልሙዕ መሬት ሕርሻን መግሃጫን፤ ምጉሕጓሕን ብርሰትን ከባብያዊ ተፈጥሮን ኣየርን፤ ስእነት ስራሕ፤ ድኽነት፤
15. ግልጋሎት ትምህርቲ፤ ግልጋሎት ጥዕና፤ ግልጋሎት መጓዓዝያ፤ ግልጋሎት ኣባይቲ፤

16. ፍግረ መሬት (Soil Erosion) ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮ (Deforestation) ልዕሊ ዓቐን ምግሃፅ መሬት (Overgrazing) ብክለት ኣየር (Pollution) በረኻነት (Desertification
17. ምኽታምነት እንትበሃል ኣብ ከተማ ዝነብር በዝሒ ህዝቢ፣ ዝርግሐ መሰረተ ልምዓት፣ ዘመናዊ ህንፃታት፣ ስሉጥ ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ቀረብ ግልጋሎት ማይ፣ ትምህርትን ጥዕናን፣ ግልጋሎት ቴሌኮሙኒኬሽንን መራኽብቲ ቴክኖሎጂን፣ ዝሓሸ ዕድል ስራሕን መነባብሮን፣ ከባቢያዊ ሓለዋን ፅርየት ምስ ፅባቐ፣ ቀረብ ሓይሊ መብራህትን መዘናግዕታትን ወዘተ ብዝሓሸ ኣገባብን ሰለጤንን ምህላዎምን ምቕሉል መነባብሮ ምህላዉን ዝገልፆ'ዩ።
18. ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝቢ ናብ ከተማታት ንክፈልስ (ክስደድ) ዝደፋፍእዎ ነገራት ኣለዉ። ኣብ ከተማታት ድማ ካብ ገጠር ብዙሕ ህዝቢ ንክፈልስ (ንክስደድ) ዝስሕቡ ነገራት ኣለዉ። እዞም ዝደፍኡን ዝስዕቡን ባእታታት ብዙሓት እዮም። ንኣብነት ኣብ ገጠር ንዘለዉ ሰባት ናብ ከተማ ንክስደዱን ክፈልሱን ዝደፍእዎም ኩነታት እንተሪእና ከም ሕፅረት ተሓራሳይ መሬት፣ ሕፅረት ንእንስሳት ዘቤት ዝኸውን ጋህዲ መሬት (መግሃጫ)፣ ምጉሕጓሕን ብርሰትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ከባብያዊ ኩነታትን፣ እኹል ማሕበራዊ ግልጋሎት ዘይምህላዉ ወዘተ ዝመሳሰሉ ይርከቡ።
19. ኣብ ከተማታት ዝርከቡ ሰሓብቲ ሃይሊሰብ ካብ ገጠራት እንትንርእይ ድማ ጠለብ ጉልበት ስራሕ፣ ዕድል ስራሕ፣ ንግዲ፣ ዝሓሸ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ወዘተ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም።
20. ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝፈለሱን ዝተሰደዱን ሰባት ኩሎም ዕቡቕ ኣይገጥሞምን። ዝተወሰኑ ሰባት ዝተደላደለን ምቹውን ዝኾነ መንበሪ ገዛ፣ ንፁህ ዝስተይ ማይ፣ ዕቡቕ ክፍሊት ዘለዎ ስራሕ ኣብ ምርካብ ይፅገሙ። ስለዚ ምቹው ዝኾነ ኩነታትን ስራሕን መንበሪን ብምስኣን ይሳቐዩ። ብምኽንያት ኣብ ገጠር ዝለመድዎን ዝዓበይሉን ባህሊ ኣግባብ መነባብሮ ምስ ኣብ ከተማ ዝርከብ ባህሊ ስርዓት መነባብሮ ስለዝጓነፅ'ውን ይሳቐዩ። ብምኽንያት ብዙሓት ሰባት ካብ ገጠር ናብ ከተማ ምፍላሶምን ምስዳዶምን ድማ ኣብ ከተማታት ዝህልው ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ግልጋሎት መጓዓዝያ፣ ቀረብ ማይን መንበሪ ኣባይትን ብዝምልከት ሕፅረትን ምፅባብን የጋጥም'ዩ። ብካልእ መልክዑ ድማ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝመፁ ስዱዳት ዕቡቕ ዕድል ዝገጥሞም ኣለዉ። ብጣዕሚ ዕቡቕ

መጠን ገንዘብ ዝረኸቡን ፅቡቕ ምቹው መነባብሮን ዝመስረቱን'ውን ብዙሓት ኣለዉ። ስለዚ ምኽታምነትን ልምዓት ከተማታትን ኣዝዩ ዝነኣድን ዝሕፈስን ፀጋታት ሃፍቲ ከምዘለዎም ኹሉ ብተፃራሪኡ ድማ መስካሕከሓይ ዝኾነ ድኽነት'ውን ዘለዎም እዮም። እዚኦም ክልተ ተፃረርትን ተፃበእትን ተርእዮታት ዝፋረቑለን እየን።

**መ. ንሕቶታት ኣዛምዱ ዝተውሃበ መልሲ**

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. ረ | 2. ሰ | 3. መ | 4. ሸ | 5. ቀ |
| 6. ተ | 7. ሐ | 8. ለ | 9. ሀ | 10. በ |

# ምዕራፍ ክልተ
# መንበሪና ዝኾነት ምድሪ

## 1. መእተዊ:

ተምሃሮ 6ᵉ ክፍሊ ክሳብ ሕዚ ኽባቢኦም ብመንፅር መንበሪ ቦትኦም፣ ክልሎም፣ ሃገሮምን ክፍለ-ዓለሞምን እናተገንዘቡ ክመሃሩ ፀኒሖም እዮም። ሕዚ ድማ ብዛዕባ እታ መንበሪኦም ዝኾነት ምድሪ ዓለም ክመሃሩ እዮም። እዚ ምዕራፍ ብቐንዱ ገፀ-ምድሪ ዓለምና ብመንፅር ክፍለዓለማት እንታይ ከም ዝመስል ዝመሃሩሉ እዩ። ኣብዚ ግን ዝለዓለ ጠመተ ዝተወሃቦ ነቶም ማያዊ ኣካላት ዘለዎም ቐጠባዊ ረብሓ፣ ፊዚካዊ ገፅታት ምብራቕ ኣፍሪካ፣ ዓብይ ሓንፍ ሸንጥሮ፣ ቓላያት፣ ሩባታትን ባሕርታትን ምብራቕ ኣፍሪካ ኾይኑ ብሰፊሑ ዝተገለፀሉ ምዕራፍ እዩ። ናይዚ ምዕራፍ ካልኣይ ክፋል ድማ ኣብ ከባቢ ኣየር ዘተኮረ ኾይኑ ብዛዕባ ቐፀላታት ወይድማ ፅፍፃፉት ከባቢ ኣየር ብሕልፊ ድማ ብዛዕባ ትሮፖስፌርን ኣካላቱን ዝርዝር ሓበሬታ ዝሓወሰ'ዩ።

ናይ መወዳእታ ክፋል ናይዚ ምዕራፍ ብዛዕባ ምንባብ ካርታ (MAP READING) ኾይኑ ዝበለፀ ትኹረት ዝህቦ ነቶም ኣብ ካርታ ዘለዉ ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን ምስ ኣጠቓቕመኦምን እዩ።

## 2. ውፅኢታት እዚ ምዕራፍ:-

**ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፡-**

- ክፍለዓለማትን ማያዊ ኣካላት ዓለምን የለልዩን ጨውነት ዘይብሉ ማይ ምስቲ ማይ ባሕሪ የነፃፅሩን።
- ቀንዲ መፍለዪ ገፅታታት መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ ይገልፁ።
- ቐፀላታት /ፅፍፃፉት/ ከባቢ ኣየር የለልዩን ኣካላት ታሕተዋይ ቐፀላታት /ፅፍፃፉት/ ከባቢ ኣየር ይገልፁን።
- ዝተፈላለዩ ገፅታት መሬት ንምምልካት ካርታ ይነድፉን ከምኡ'ውን ሕብርታት፣ ምልክታትን ምስልታትን ይጥቀሙን።

## 3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ እዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት የማዕብሉን ይውንኑን፡-

- ክፍለ ዓለማት ይዝርዝሩ።
- ውቅያኖሳት ዓለም ይፀርሑ።
- ቀንዲ ፊዚካላዊ ገፅታት ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ።
- ረብሓ ዓብይ ሃንፍ ሽንጥሮ ይገልፁ።
- ቃላያት፣ ሩባታትን ባሕርታትን ምብራቕ ኣፍሪካ ይፀርሑ።
- ባህርያት ጨውነት ዘይብሉ ማይ ምስቲ ማይ ባሕሪ የነፃፅሩ።
- ቑጠባዊ ረብሓታት ማይ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ የረድኡ።
- ኣብነታት ሓደ ሓደ ቑልፊ ቑጠባዊ ረብሓታት ማይ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ይፀርሑ።
- ማይ ስትራተጂካዊ ረብሓ ከምዘለዎ የረድኡ።
- ቐፀላታት /ፅፍፃፋት/ ከባቢ ኣየር የለልዩ።
- ኣካላት ታሕተዋይ ቐፀላ /ፅፍፃፍ/ ከባቢ ኣየር ይገልፁ።
- ቐፀላታት ከባቢ ኣየር ይስእሉን ይምድቡን።
- ኣብ ካርታ ሕብሪ ዝህቦ ረብሓ የረድኡ የድንቑ።
- ኣብ ካርታ እንጥቀመሎም ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን የለልዩ።
- ኣብ ንድፊ ካርታኦም ነቶም ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን ተጠቒሞም ሓበሬታታት የቐምጡ።
- ቀሊል ቁልፊ /መፍትሕ/ ካርታ የዳልዉ።

## 4. ቀንዲ ትሕዝቶታትን በዝሒ ክፍለ ግዘን፡-

ነዚ ምዕራፍ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ 19 እዩ። ከምዚ ዝስዕብ ምሽንሻን እውን ይካኣል'ዩ።

2.1 ገፀ-ምድሪ ……………………………………………4 ክፍለ ግዘ

2.2 ቐንዲ ቕርፅታት መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ......................4 ክፍለ ግዘ

2.3 ሃፍትታት ማይ ምብራቕ ኣፍሪካ .......................... 2 ክፍለ ግዘ

2.4 ማይን ቁጠባዊ ረብሕኡን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ .............2 ክፍለ ግዘ

2.5 ክባቢ ኣየር .....................................................2 ክፍለ ግዘ

2.6 ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን .........................5 ክፍለ ግዘ

ድምር 19 ክፍለ ግዘ

## 5. ነዚ ምዕራፍ ዝኾኑ መምህሪ ሓገዛት

- ኩሎም ክፍለ ዓለማትን ውቅያኖሳትን ዝሓዞ ካርታ ዓለም
- ሩባታትን ባሕርታትን ዝገልፅ ካርታ ዓለም
- ካርታ ሰሜን ኣሜሪካ
- እምባታት፣ ረብሓ ማይ፣ ቐፀላታት ክባቢ ኣየር፣ ሕብራዊ ምልክታት-ካርታ ዘርእዩ ዝተፈላለዩ ስእልታት
- ካርታ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ
- መፅሓፍ ተምሃራይ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 5ይ ክፍሊ
- ግሎብ /ሉል/

## 6. ፍልፍል ሓበሬታ

- ቕድሚ ሕዚ ኣብ ጥቕሚ ዝነበሩ መፃሕፍቲ ክባቢ ሳይንስን ትምህርቲ ሕብረተሰብን።
- ኢንካርታ ኤንሳይክሎፔድያ
- ኣትላስ
- World Geography

# 7. ሰደቓ ርክባት መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ ንመምህርን

| ንኡስ ምዕራፍ | ርእሲ | ዝርዝር ዕላማታት | ዝተመደበሉ ክፍለ ግዜ | ቁፅሪ ገፅ መፅሓፍ ተምሃራይ | ቁፅሪ ገፅ መምርሒ መምህር! | ፍልፍል ፅሑፍ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 2.1 | ገፀ - ምድሪ | - ክፍለ ዓለማት ይዝርኑ<br>- ውቅያኖሳት ዓለም ይፀርሑ | 4 | | | |
| 2.2 | ቐንዲ ቕርፅታት መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ | - ቐንዲ ፊዚካዊ ገፅታት ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ<br>- ረብሓ ዓብይ ሃንፍ ሽንጥሮ ይገልፁ። | 4 | | | |
| 2.3 | ሃፍትታት ማይ ምብራቕ ኣፍሪካ | - ቓላያት፣ ሩባታትን ባሕርታትን ምብራቕ ኣፍሪካ ይፀርሑ።<br>- ባህርያት ጨውነት ዘይብሉ ማይን ማይ ባሕርን የነፃፅሩ። | 2 | | | |
| 2.4 | ማይን ኢኮኖሚያዊ (ቑጠባዊ) ረብሕኡን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ | - ቑጠባዊ ረብሓታት ማይ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ የረድኡ<br>- ሓድሓደ ቑልፊ ቑጠባዊ ረብሓታት ኣብነታት የለልዩ<br>- ማይ ስርራተጂካዊ ረብሓ ከምዘለዎ የረድኡ። | 2 | | | |
| 2.5 | ክባቢ ኣየር | - ቐፀላታት /ዕፍፃፋት/ | 2 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ከባቢ ኣየር የለልዩ። - ኣካላት ታሕተዋይ ቑፀላ ከባቢ ኣየር ይገልፁ። - ቑፀላታት ከባቢ ኣየር ይስእሉን ይምድቡን። | | | | |
| 2.6 | ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን | - ኣብ ካርታ ሕብሪ ዘለዎ ረብሓ የረድኡ። - ኣብ ካርታ ዝጥቀሙሎም ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን የለልዩ። - ኣብ ንድፊ ካርታኦም ነቶም ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን ተጠቒሞም ሓበሬታ የቐምጡ። - ቐሊል ቁልፊ /መፍትሕ/ ካርታ የዳልዉ። | 5 | | | |
| ጠቕላላ ድምር | | | 19 | | | |

# 8. ኣገባብ ኣመሃህራ

መምህር! ነዚ ምዕራፍ ምምሃር ቅድሚ ምጅማርኩም ፈለማ ተምሃሮ ኸባቢና እንትበሃል እንታይ ከምዝሓቁፍ ክመያየጡ ይግበርዎም። ኣብ ምይይጦም ነቶም ኣብ ከባቢ ሳይንስን 5ይ ክፍሊ ትምህርቲ ሕብረተሰብን "ኸባቢና" ኢሎም ዝተምሃርዎም ክዝክሩ ይግበሩ። ኣብ መወዳእታ ከባቢና እንትበሃል ካብ መንበሪና ጀሚሩ ቁሸትና፣

ጣቢያና፣ ዞባና፣ ክልልና፣ ሃገርናን ኣናበለ ክፍለዓለምና ኣፍሪካን መንበሪና ዝኾነት ምድርን ከምዘጠቓልል ምሉእ ግንዘበ ክሕድሩ ይግበርዎም።

ቀፂልኩም ሉልን ካርታ ዓለምን ኩሎም ተምሃሮ ኣብ ዝርእይሉ ቦታ ኣንጠልጢልኩም ደረኽ መሬትን ማያዊ ኣካላትን ከለልዩ ይግበርዎም። ብድሕሪ'ዚ እቶም ብደረኽ መሬት ዝተሸፈኑ ክፍለ ዓለማት ከም ዝኾኑ እቶም ዓበይቲ ማያዊ ኣካላት ድማ ውቅያኖሳት ከምዝኾኑ ብኢዶም እናዳህሰሱ ክነፅሩ ይግበርዎም። ብምቕፃል ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ካርታ 2.1 መሰረት ብምግባር ኩሎም ተምሃሮ ነተን ሸውዓተ ክፍለ ዓለማት ኣብ ካርታ ብኢዶም እናዳህሰሱ ስሞም ክፀርሑ ይግበሩዎም። ብተመሳሳሊ መንገዲ'ውን ነቶም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ካርታ ቑፅሪ 2.2 ተሳኢሎም ዘለዉ ውቕያኖሳት ኣብቲ ካርታ ዓለም ከመላኸቱ ይግበሩዎም። ነፍስወከፍ ተምሃራይ ስም ኩለን ክፍለዓለማትን ወቅያኖሳትን ምፅራሕን ኣብ ካርታ ምምልካትን ምኽኣሎም ምስ ኣረጋገፅኩም ብመሰረት እቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ "ዕዮ ጉጅለ" ተሓቢሩ ዘሎ ኣብ ደፍተሮም ስኢሎም ክፅሕፉ ይግበርዎም። መምህር! ኣብዚ ዝተፈላለዩ ኣግባባት ኣመሃህራ ክትጥቀሙ ከምዘለኩም ብሕልፊ ድማ ኣገባባት ዕዮ ጉጅለ፣ ማንዛ ንማንዛ፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ምይይጥ፣ ሕቶን መልስን ዝመሳሰሉን ትኹረት ዘድልዮም እዮም። ብምቕፃል ተምሃሮ ኣብ ካርታ እናተመልከቱ ካብቶም ዝዘርዘርዎም ውቅያኖሳት ብተወሳኺ ካልኦት ማያዊ ኣካላት ክነፅሩ ይግበርዎም። ዝተፈላለዩ ባሕርታት፣ ቓላያትን ሩባታትን ምስ ኣነፀሩ ብኢዶም እናዳህሰሱ ኣብ ካርታ ንክፍሊ ከመላኸቱ ይግበሩዎም።፡ ብምቕፃል ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ካርታ 2.3 ከምኡ'ውን ስእሊ 2.1 መሰረት ገይሮም ነቶም ኣብ ዓለምና ካብ ዘለዉ ክልተ ብዙሕ ጨው ዘለዎም ባሕርታት ኣብ ካርታ ከለልዩን መጠን ትሕዝቶ ጨውነቶም ምስ ውቅያኖሳት ከነፃፅሩን ይግበሩዎም። ተምሃሮ ነቶም ዝድለዩ ውፅኢታት ትምህርትን ብቕዓታትን ናይዚ ንኡስ ምዕራፍ ብዝግባእ ከምዝወንኑ ምስ ኣረጋገፅኩም ናብቲ ዝቕፅል ንኡስ ምዕራፍ 2.2 ተሳገሩ።

ንኡስ ምዕራፍ 2.2 ብቐንዱ ኣብ ቐንዲ ቕርፅታት መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝጠመተ ስለዝኾነ ነዚ ንኡስ ምዕራፍ ምምሃር ቕድሚ ምጅማርኩም ኣብ 5ይ ክፍሊ ዝተመሃሩዎ ንኽዝክሩን ንኽመያየጡን ዘኽእሎም ምድላዋት ይግበሩ።

ብምቕፃል ናብ ተምሃሮ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ቅርፂ ምድሪ ምብራቕ ኣፍሪካ ብምቕራብ ክመያየጡን ክምልሱን ምስ ገበርኩም ናብቶም ኣርባዕተ ቐንዲ ቕርፅታት መሬት ሕለፉ። መፅሓፍ ተምሃራይ መሰረት ብምግባር ድማ ቐንዲ እምባታት፣ ኸበሳታት፣ መታሕትን ሓጓፍ ሸንጥሮን ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ካርታ ከመላኽቱ ይሓግዙዎም። እንተዋሓደ ነቶም ዝለዓለ ብራኽ ዘለዎም ሓሙሽተ ዓበይቲ እምባታት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ካርታ ክርእዩ ግበርዎም። ብምቕፃል ሓጓፍ ሸንጥሮ ካበይ ተበጊሱ፣ በበይ ኣቢሉ ከምዝሓልፍ፣ ኣብ ክልተ ጨንፈራት ኣበይ ከምዝምቀልን ክሳብ ኣበይ ከም ዝበፅሕን ኣብ ካርታ ብትኽክል ከመላኽቱ ግበርዎም። ነዚ እውን ኣብ ደብተሮም ስኢሎም ኸቕርቡ ይሓግዙዎም። ብተመሳሳሊ መንገዲ ድማ ብዛዕባ እቶም ኸበሰታትን መታሕትን ክመያየጡን ኣብ ካርታ ከመላኽቱን ይሕግዙዎም። መምህር! ነዚ ንኡስ ምዕራፍ ቅድሚ ምዝዛምኩም ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያን ኣብ ካልኦት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካን ሓጓፍ ሸንጥሮ ዝህቦ ቑጠባዊ ረብሓ ክመያየጡ ይግበሩዎም።

ኣብ ምውፃእ ጨው፣ ፖታሽ፣ ኤሌክትሪክ ጂኦተርማል፣ ምዝፋፍ ዓሳ፣ ቱሪዝም ወዘተ ዘለዎ ረብሓ እውን ኣመይይጥኩም ግለፁሎም ብምቕፃል ናብ ንኡስ ምዕራፍ 2.3 ብምሕላፍ ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተመሃሩዎም ቃላያትን ሩባታትን ምብራቕ ኣፍሪካ ብዝበለፀ ብምዝርዛር ሃፍትታት ማይ ምብራቕ ኣፍሪካ ክፀርሑ፣ ቑጠባዊ ረብሓኦም ክረድኡን ብዝተኽኣለ መጠን እውን ሓድሓደ ቑልፊ ኣብነታት ቁጠባዊ ረብሓ ክዝርዝሩን ይግበሩዎም። ኣብዚ ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይኖም ማይ እንታይ ዓይነት ስትራተጂካዊ ረብሓ ከምዘለዎ ተመያይጦም ንኽፍሊ ኸቕርቡ እውን ይሓግዙዎም። መምህር! ንኡስ ምዕራፍ 2.5 ካብቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ፍልይ ዝበለ ስለዝኾነ ንተምሃሮኹም ቐስ ኣቢልኩምን ናይ ባዕልኹም ሜላ ተጠቒምኩምን ኢኹም ኽተስጋግርዎም ዘለኩም። መጀመርያ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ኣቅርቡሎም። ንኣብነት

- ካብ ክፍለ ዓለማትን ውቅያኖሳትን ተላዒሉ ሓደ ኣውሮፕላን ወይድማ ሮኬት ንላዕሊ እንትውንጨፍ ናበይ ይኣቱ?

- ርእስኹም ናብ ላዕሊ ኣንቃዕሪርኩም ከተማዕድዉ እንተለኹም እንታይ ትርእዩ?
- ከባቢ ኣየር ዝበሃል እንታይ እዩ? ዝብሉን ካልኦትን ብምሕታት ነቲ ንኡስ ርእሲ ምጅማር ይካኣል እዩ።

ብድሕሪ'ዚ ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይኖም ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተሓቢሩ ዘሎ ብሓባር ኾይኖም ብምንባብ እንታይነት ከባቢ ኣየር ዝምልከት ሓሳብ ንክፍሊ የቕርቡ። ምስዚ'ውን ከባቢ ኣየር እንተዘይህሉ ኔሩ እንታይ ምተኸሰተ ኔሩ ዝብሉን ካልኦትን ሓበሬታት ንክፍሊ ኣቕሪቦም ይመያየጥሉ። ብድሕሪ'ዙይ ቐፀላታት /ዕፍፃፋት/ ከባቢ ኣየር ክንደይ ከምዝኾኑ፣ እንታይ ከምዝበሃሉ፣ ካብ ዝተሓተ ክሳብ እቲ ዝለዓለ ብራኺ እንመን ከምዘለዎን እንታይ ረብሓ ከምዝህቡን፣ ነቲ ስእሊ 2.6 ኣብ ደፍተሮም ብምስኣል ሰፊሕ ምይይጥ ክካይዱ ኣተባብዕዎም፣ ሓግዝዎም። መምህር! ንኡስ ምዕራፍ 2.6 ንምምሃር መጀመርያ ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ንኡስ ምዕራፋት ከተምህሩ እንተለኹም ዝተጠቐምኩምሎም ካርታት ክርእዩን ከስተውዕሉን ሕተትዎም። ምስተመልከቱ ድማ ክንደይ ዓይነት ሕብርታት፣ ምስልታት ወይድማ ምልክታት ከምዝተዓዘቡ ይሕቱትዎም። ነዚ ምስ መለሱ ድማ እዞም ሕብርታት፣ ምስልታት ወይድማ ምልክታት እንታይ ትርጉም ከምዘለዎም ዝመሰሎም ክገልፁ ይግበሩዎም።

ኣብዚ ብኣግባብ ኣመሃህራ ክትዕ፣ ምይይጥን ስሪሕኻ ምርኣይን ኣቢልኩም ናብቲ መፍትሕ /ቁልፊ/ ካርታ ምርሕዎም። ነቶም ኣብ ትሕቲ እቲ መፍትሕ ካርታ ተገሊፆም ዘለዉ ምልክታት ተጠቒሞም ናይ ነፍሰውከፍ ሕብሪ፣ ምስሊ ወይድማ ምልክት ትርጉም ብትኽክል እንታይ ከምዝኾነ ኩሎም ተምሃሮ ሓደ ዓይነት ኣረኣእያ ክህልዎም ይግበሩዎም። ብምቕፃል ነቶም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣብ ትሕቲ "ዕዮ ጉጅለ" ተዘርዚሮም ዘለዉ ሸሞንተ ዓይነታት ሕብርታት፣ ምልክታትን ምስልታትን እንታይ ከም ዝውክሉ ኣብ ካርታ ርእዮምን ኣብ ደፍተሮም እውን ኣስፊሮም ንክፍሊ ከቕርቡ ይግበሩዎም። ኣብ መወዳእታ ድማ ነቲ ኣብ መወዳእታ እዚ ምዕራፍ ተሓቲቱ ዘሎ ንጥፈት ኩሎም ተምሃሮ ብዝግባእ ክሰርሕዎ ብምግባርን ቀሊል መፍትሕ ካርታ ተጠቒሞም ንድፊ ካርታ ክዳልዉ ኹሉ ዘድሊ ሓገዝ ኣቕርቡሎም።

# 9. ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር

***ምድሪ፡-*** ምድሪ ካብተን ኣብ ዙርያ ፀሓይ ዝዞራ ትሸዓተ ፕላኔታት ሓንቲ እያ። ኣብ ዝኾነ ካልእ ፕላኔት ይኹን ኮኾብ ዝኾነ ዓይነት ህይወት ዝበሃል ነገር የለን። ምድርና ጥራይ እያ ደቂሰባት፣ እንስሳትን ተኽልታትን ዘለዋ። ካብ ርሑቕ ህዋ እንትትርኣ ምድሪ ሓንቲ ዓባይ ካብ እምነበረድ ዝተሰርሐት ሰማያዊ ኩዕሶ እያ እትመስል። ኣብ ቅናት ምድሪ ሬድየስ ምድሪ ኣስታት 6,378 ኪሎ ሜትር እዩ። ከም እምነት ብዙሓት ሳይንቲስትታት ኣፈጣጥራ ክፍለ ዓለማት ካብቲ ካብ ውሽጢ መሬት ገንፊሉ ዝወፀ ዝመኸኸ ትፋእ እሳተ ጎመራ እዩ። እቲ ትፋእ እሳተ ጎመራ ኣብ ልዕሊ መሬት ፀኒሑ ምስ ዘሓለ ኸውሒ ወይድማ ደረቕ መሬት ኾይኑ ብምቕፃል ድማ ብውሽጣዊ ሓይልታት ተሰባቢሩ እዞም ሕዚ ዘለዉ ሸውዓተ ክፍለ ዓለማት ክፍጠሩ ክኢሎም። ንሳቶም ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፤

1. ***ኣፍሪካ፡-*** ብስፍሓት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትስራዕ። ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓት መሬት ኣፍሪካ ኣስታት 23% ዝሓዘት እያ ካብ ህዝብታት ዓለም ድማ 13% ኣፍሪካውያን እዮም። ኣፍሪካ ብዞም ዝስዕቡ ማያዊ ኣካላት ዝተኸበበት እያ። ብምዕራብ ምስ ውቅያኖስ ኣትላንቲክ፣ ብምብራቕ ምስ ቀይሕ ባሕርን ውቅያኖስ ህንድን፣ ብሰሜን ምስ ባሕሪ ሜዲተራንያን ትዳቦ። ብኣንፈት ሰሜን ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርከብ ሲናይ ዝተበሃለ መሬት ድማ ኣፍሪካ ምስ ኤስያ ተላጊባን ተራኺባን እያ።
2. ***እስያ፣-*** እዛ ክፍለዓለም ልዕሊ 44 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎ ሜትር ስፍሓት ዘለዋን ዝዓበየትን /ዝሰፍሐት/ ክፍለዓለም እያ። እስያ ዳርጋ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ሰሜናዊ ንፍቀ ክቢ እያ እትርከብ። ካብ ህዝብታት ዓለም እቶም 65% ኣብ እስያ ዝነብሩ እዮም። እስያ ብኣንፈት ሰሜን ምስ ውቅያኖስ ኣርክቲክ፣ ብምብራቕ ምስ ሰላማዊ /ፓሲፊክ/ ውቅያኖስ፣ ብደቡብ ምስ ውቅያኖስ ህንዲ፣ ብደቡብ ምዕራብ ምስ ቐይሕ ባሕርን ሜዲተሪንያንን ትዳቦ። እስያ ምስ ኣውሮፓ ዝተላገበት ስለዝኾነት ናይ ክልትኤን ዶብ እምባ ኡራል እዩ። ገለገለ ምሁራት ኣውሮፓን እስያን ከም ሓደ ክፍለዓለም ተቆፂረን ኢውሮእስያ ክበሃላ ኣለወን ዝብሉ ኣለዉ'ዮም።

3. ***ኣውስትራልያ፡-*** እዛ ደሴት ዝኾነት ክፍለዓለም ካብ ኩለን ዝነኣሰት እያ። ስፍሓታ ኣስታት 7.6 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎ ሜትር እያ። ኣብዛ ክፍለ ዓለም ንዝሓለፈ 50 ሽሕ ዓመታት ይነብሩ ዝነበሩ ኣቦርጂንስ ዝተብሃሉ ፀለምቲ ህዝብታት በዝሖም እናተመናመነ መፂኡ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ዘለዉ ነበርቲ ብምሉኦም ኣውሮፓውያን እዮም።
4. ***ኣውሮፓ፡-*** ኣውሮፓ ካብ ኣውስትራልያ ዝሰፍሐት ነገር ግን ካብ ኩለን ካልኦት ክፍለ ዓለማት ዝነኣሰት እያ። ኣውሮፓ ምስ ኣፍሪካ ብባሕሪ ሜዲተራንያን ምስ እስያ ድማ ብእምባ ኡራል ትዳቦ። ብኣንፈት ምዕራብ ኣውሮፓ ምስ ውቅያኖስ ሰሜን ኣትላንቲክ ትዳቦ።
5. ***ሰሜን ኣመሪካ፡-*** እዛ ክፍለዓለም ብስፍሓታ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ እያ ትርከብ። ኣብ ዓለም እተን ብስፍሓታን ኣብ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ዝርከባ ሃገራት ካናዳን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን እየን። ብሓባር ክፍለዓለም ሰሜን ኣመሪካ ዝውንና'የን። ምስኣተን'ውን ሜክሲኮ ኣካል ሰሜን ኣመሪካ እያ። እታ ኣብ ዓለም ዝዓበየት ደሴት ግሪንላንድ እውን ምስ ሰሜን ኣመሪካ እያ ትቑፀር።
6. ***ደቡብ ኣመሪካ፡-*** ክፍለ ዓለም ደቡብ ኣመሪካ ብስፍሓት ኣብ ራብዓይ ደረጃ እትስራዕ ክፍለዓለም እያ። ስፍሓት ደቡብ ኣመሪካ ኣስታት 17.8 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎ ሜትር እዩ። ካብ ህዝቢ ዓለም እቶም 6% ጥራይ እዮም ኣብዛ ክፍለዓለም ዝነብሩ።

***ማያዊ ኣካላት፡-*** ማያዊ ኣካላት ዝበሃሉ ብቐንዶም ውቅያኖሳት፣ ባሕርታት ቓላያትን ሩባታትን እዮም። እዚኦም ገለገሊኦም ጨውነት ዘይብሎም እንትኾኑ ከም ውቅያኖሳት፣ ባሕርታትን ሓድሓደ ቓላያትን ግና ጨውነት ዘለዎም እዮም። ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ሓደ ውቅያኖስ፣ ሓደ ባሕርን ብዙሓት ሩባታትን ቓላያትን ኣለዉ እዮም። ምብራቕ ኣፍሪካ ብኣንፈት ምብራቕ ምሉእ ብምሉእ ምስ ውቅያኖስ ህንዲ እንትዳቦ ብኣንፈት ሰሜን ምብራቕ ድማ ምስ ቐይሕ ባሕሪ ይዳቦ።

***ቃላያት፡-*** እቲ ኣብ ክፍለዓለም ኣፍሪካ ዝዓበየ ቃላይ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርከብ ኮይኑ ንሱ ድማ ቓላይ ቪክቶርያ ይበሃል። ቃላይ ቪክቶርያ ብስፍሓቱ ካብ ዓለም ካልኣይ እዩ። ቃላይ ታንጋኒካ እውን ብዕምቆቱ ካብ ዓለም ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝስራዕ እዩ። ቃላያት ምብራቕ ኣፍሪካ ብዘይካ ከም በዓል ቃላይ ቪክቶርያ፣ ጣናን ሓሸንገን

ዝመሰሉ ዳርጋ ኹሎም ኣብ ውሽጢ ሓጓፍ ሽንጥሮ ዝርከቡ እዮም። እቶም ቐንድታት ድማ ቃላይ ታንጋኒካ፣ ማላዊ፣ ቱርከና፣ ኣልበርት፣ ኪቩ፣ ኤድዋርድ፣ ክዮጋ፣ ሃዋሳ፣ ላንጋኖ እዮም።

ብሓፈሻ እንትርአ ቃላይ ምብራቕ ኣፍሪካ ቑጠባዊ ረብሓኦም ኣብ ቱሪዝምን ምዝፋፍ ዓሳን ዝተደረኸ ኣዩ። ቃላያት ምብራቕ ኣፍሪካ ብኣዝዮም ኣደነቕቲ ዝኾኑ ዕቡቃት ኣዕዋፍ ብበዝሒ ይኹን ብዓይነት ዝተዓደለ እዩ። እዚኣቶም ድማ ቐንዲ መሰሕብ ቱሪዝም እዮም። ቃላያት ምብራቕ ኣፍሪካ ብሃፍቲ ዓሳ ዝተዓደሉ ስለዝኾኑ ምዝፋፍ ዓሳ ንብዙሓት ኣፍሪካውያን ዓብዪ ዕድል ስራሕ ፈጢሩ እዩ። ምግቢ ዓሳ እውን ናይ ሚልዮናት ኣፍሪካውያን ምግቢ እናኾነ እዩ።

ካብ ማያዊ ኣካላት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርከብ ፍርያት ዓሳ ናብ ወፃኢ እናተላኣኸ ናይ ገለገለ ሃገራት ፍልፍል ሸርፊ ወፃኢ እውን እዩ። መብዛሕትኦም ቃላያት ምብራቕ ኣፍሪካ ንግልጋሎት መጓዓዝያ ሰብን ኣቑሑት ዘጓዓዕዛሉ መንገዲ ማይ እዩ። ቃላይ ቪክቶርያ ኣስታት 70 ሽሕ ትርብዒት ኪሎ ሚትር ስፍሓት ኣለዎ። ቓላይ ቪክቶርያ ቁመቱ 337 ኪ.ሜ ጎኑ ድማ 240 ኪ.ሜ እዩ። ኣቐድም ኣቢሉ ኡኬሬወ እናተባሃለ ዝፍለጥ ዝነበረ ቓላይ ብኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን ብ1875 ስታንሊ ዝተበሃለ እንግሊዛዊ ዳህሳሲ ብስም እታ ኣብቲ እዋን ዝነበረት ንግስቲ ዓባይ ብሪታንያ ቪክቶርያ ኢሉ ሰይምዎ። ኣብ ዙርያ ቃላይ ቪክቶርያ ዝተሰርሓ ፋብሪካታት ምዕሻግ ዓሳን ከምኡ እውን ፋብሪካታት ህንፀት መራኽብን ካብ ረብሓታት ቓላያት ዝጥቀሳ እየን።

<u>*ሩባታት፡-*</u> ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ብዙሓት ዓበይትን ኣናእሽተይን ሩባታት ኣለዉ እዮም። ገለገሊኦም ብኣንፈት ምብራቕ ናብ ውቅያኖስ ህንዲ ካልኦት ድማ ንኣንፈት ደቡብ ናብ ሩባ ኮንጎ ዝፈሱ እዮም። ካብ ሩባታት ምብራቕ ኣፍሪካ ሩባ ናይል እቲ ዝዓበየን ዝነውሐን እዩ። ቑጠባዊ ረብሕኡ እውን ከምኡ ካብ ኩሎም ሩባታት ዝበለፀ እዩ። ሩባ ናይል ካብ ዓለም እቲ ዝነውሐ ሩባ እዩ። ሩባ ናይል ካብ ከባቢ ቃላይ ቪክቶርያ ተበጊሱ ካርቱም ክሳብ ዝበፅሕ "ፃዕዳ ናይል" ብዝብል ስም ይፍለጥ። ፃዕዳ ናይል ኣብ ርእሰ ከተማ ሱዳን ምስ በፅሐ ምስቲ ካብ ኢትዮጵያ ዝብገስ ሩባ ኣባይ ወይ ድማ ሰማያዊ ናይል ይራኸብ። ምስ ተሓወሰ ድማ ሩባ ናይል ተበሂሉ ይፅዋዕ። ሩባ ናይል ብሱዳን ኣቢሉ ንግብፂ ሰንጢቑ ኣብ መወዳእታ ናብ ባሕሪ ሜደተራንያን

ይኣቱ። ሩባ ናይል ካብ ቃላይ ቪክቶርያ ተበጊሱ ባሕሪ ሜዲተራንያን ክሳብ ዝኣቱ ንኣስታት 5,584 ኪሎ ሜትር ይጓዓዝ።

ሩባ ናይል ንዝተፈላለዩ ቑጠባዊ ረብሓታት ዝውዕል እዩ። ብሕልፊ ንግብፂ ፍልፍል ምግቢ ህዝባ እዩ። ኣብ ግብፂ ዝናብ ኣዝዩ ውሑድ ስለዝኾነ ኩሉ ምህርቲ ሕርሻ ኣብ ሩባ ናይል ዝተመስረተ እዩ። ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ሩባ ናይል ህይወት ግብፃውያን እዩ ዝበሃል። መብዛሕትኡ ህዝቢ ግብፂ ዝነብር እውን ኣብ ሸንጥሮ ናይልን ከባቢኡን እዩ። ኣብ ሱዳን እውን ሕርሻ መስኖ እታ ሃገር ኣብ ሩባ ናይል ዝተመሰረተ እዩ። ብሕልፊ እቲ ኣብ ሞንጎ ፃዕዳ ናይልን ሩባ ኣባይን ዝርከብ ኣዝዩ ሰፊሕ ቦታ ሕርሻ መስኖ ሱዳን እትረኽቦ ፍርያት ኣዝዩ ልዑል እዩ። ግብፅን ሱዳንን ካብ ሕርሻ መስኖ ሩባ ናይል በብእዋኑ ኣዝዩ ልዑል ፍርያት ጡጥ፣ ምሸላ፣ ስገም፣ ስርናይ፣ ተምሪ፣ ፍረ-ምረታት፣ ሽኮር ኣገዳን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጥረምረን ይሓፍሳ እየን። ካብ ሩባ ናይል ዝተፈላለዩ ዓይነት ዓሳታት እውን ብበዝሒ ይፍረዩ እዮም።

ኣብ ደቡባዊ ግብፂ ብ1970 ኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን ዝተሰርሐ ዓብይ ግድብ ኣስዋን ኣሎ። እዚ ግድብ ግብፂ ካብ ሩባ ናይል ኣዝዩ ዝለዓለ ቑጠባዊ ረብሓ ክትረክብ ጌሩዋ እዩ። እቲ ብሕልፊ ካብ ኢትዮጵያ ተበጊሱ ኣብ እዋን ክረምቲ ንግብፂ ብውሕጅ ዘዐልብቓ ዝነበረ ሓደጋ ሩባ ናይል ብግድብ ኣስዋን ኣብ ቁፅፅር ክውዕል ክኢሉ እዩ። እቲ ዝተገደበ ማይ ናይል ዓብዪ ሰብ ስራሕ ቃላይ ኮይኑ ስሙ ድማ ቓላይ ናስር ይበሃል። ኣብ ሩባ ናይል ብሕልፊ ኣብ ግብፅን ሱዳንን ጀልባታትን መራኽብን ንመጓዓዝያ ስለዝውዕላ በብሰዓቱ ብዙሓት ኣቑሑትን ሰባትን የመላልሳ እየን። ብሕልፊ ኣብ ግብፂ ቱሪስትታት ናብ ዝተፈላለዩ ታሪኻዊ ቦታት ይጓዓዓዙለን እዮም። ካልእ ዓብዪ ቑጠባዊ ረብሓ ሩባ ናይል ኣዝዩ ሰፊሕ ዕቑር ሃፍቲ ፍልፍል ሓይሊ ኤለክትሪክ ምዃኑ እዩ። ሽሕኳ እዚ ሰፊሕ ዕቑር ሃፍቲ ክንድቲ ዝድለ ኣብ ጥቅሚ እንተዘይወዓለ ጅማሮታት ኣለዉ እዮም። ሃገራት ኡጋንዳ፣ ኢትዮጵያ፣ ሱዳንን ግብፅን ካብ ግድባትን መንጫዕጫዕታትን ሩባ ናይል ሓይሊ ኤለክትሪክ እናኣመንጨዋ ይጥቀማ ኣለዋ እየን።

***ቐንዲ ቅርፅታት መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ፤*** ቅርፂ መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ መግለፂኡ ብዙሕ'ኳ እንተኾነ ብሓፈሻ ግን ኣብ ኣርባዕተ ምምዳብ ይካኣል እዩ። ኣወቃቅራ ቅርፂ መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ ብእምባታት፣ ኸበሳታት፣ መታሕትን ሓንፍ ሽንጥሮን ዝተቐረፀ እዩ። ብራኸ መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ ካብ እምባ ክሊማንጃሮ ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ 5,895 ሜትር ጀሚሩ ክሳብ እቲ ኣብ ዓፋር ዙርያ ዝርኩብ ዓሳለ ዝበሃል ቓላይ 152 ሜትሮ ትሕቲ ፀፍሒ ባሕሪ ይበፅሕ። እምባ ክሊማንጃሮ ኣብ ታንዛንያ ዝርከብ እንትኸውን ቃላይ ዓሳል ድማ ኣብ ጂቡቲ ይርከቡ። ካብ ቐንዲ ቕርፅታት ምብራቕ ኣፍሪካ እቲ ዓብዪ ሓንፍ ሽንጥሮ ብዝብል ዝፍለጥ ሓደ እዩ።

ብራኸ ሓንፍ ሽንጥሮ ካብቲ ኣብ ምዉት ባሕሪ ዝርከብ ትሕቲ ፀፍሒ ባሕሪ 408 ሜትር ጀሚሩ ክሳብ እቲ ኣብ ኣፃድፍ ኬንያ ዝርከብ 1,829 ሜትር ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ ዝበፅሕ እዩ። ሓንፍ ሽንጥሮ ፅብብ ዝበለ ኾይኑ ንነኒ ካብ ውሑዳት ኪሎ ሜትራት ጀሚሩ ክሳብ 160 ኪሎ ሜትር ዝበፅሕ እዩ። ኣብ ማእኸላይ ምብራቕ ኣፍሪካ እቲ ሓንፍ ሽንጥሮ ናብ ክልተ ጨንፈራት ዝተመቐለ እዩ። እቲ ምዕራባዊ ጨንፈር ሓፂር ርሕቐት ዘለዎ ኾይኑ እቲ ምብራቓዊ ጨንፈር ግና ካብ ሞዛምቢክ ክሳብ ሶርያ ዝተዘርገሐ እዩ። ቃላይ ታንጋኒካ ኣብ ምዕራባዊ እቲ ጨንፈር እንትርከብ ቀይሕ ባሕሪ፣ ወሽመጥ ዓደን ካልኦት ቃላያትን ድማ ኣብ ውሽጢ ምብራቓዊ ጨንፈር ዓብይ ሓንፍ ሽንጥሮ ይርከቡ። ሓንፍ ሽንጥሮ ኣዝዩ ልዑል ዝኾነ ዕቑር ፍልፍል ኤለክትሪክ ሃይድሮ ቴርማል ስለዘለዎ ንቑፃላይ ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝለዓለ ግደ ኽህልዎ እዩ።

***ከባቢ ኣየር፡-*** ከባቢ ኣየር ብቐንዱ ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጋዛት ውህደት ኾይኑ 78% ብናይትሮጅን ዝተረፈ 21% ድማ ብኦክሲጅን ዝተመልአ እዩ። ካልኦት ከም ኣርጎን፣ ካርቦን ዳይኦክሳይድ፣ ሃፋ ማይ፣ ሃይድሮጅን፣ ኦዞን፣ ሜቴን፣ ካርቦን ሞኖኦክሳይድ፣ ሂልየም፣ ኔኦን፣ ክሪፕቶን ዜኖን ዝመሳሰሉን እውን ዝሓዘ እዩ። ከባቢ ኣየር ኣብ ብዙሓት ዓይነት ቀፀላታት መቓቂልካ ምርኣይ ይካኣል እዩ። ብሓፈሻ ግን ኣብ ኣርባዕተ ቐፀላታት ይምቀል እዩ። ንሳቶም ድማ፡-

***ትሮፖስፌር***፡- እዚ እቲ ኣብ ዝተሓተ ብራኽ ዝርከብ እዩ። ኣብ ትሮፖስፌር መጠን ብራኽ እናወሰኸ እንትኸይድ መጠን ረስኒ እናነከየ እዩ ዝኸይድ። ኣብ ውሽጢ 1,000 ሜትሮ ኣፈላለይ ናይ 5.5º ሴንቲግሬድ ኣፈላለይ ኣሎ። መብዛሕትኦም ደበናታት ኣብ ትሮፖስፌር እዮም ዝርከቡ። ኣብ ላዕለዋይ ክፊሊ ትሮፖስፌር መጠን ረስኒ ኣዝዩ ትሑትን ክሳብ 80º ዲግሪ ትሕቲ ዜሮ ዝበፅሕን እዩ። ኣብ ልዕሊ ትሮፖስፌር ዝርከብ ቐፀላ ወይድማ ፅፍፃፍ ከባቢ ኣየር **ስትራቶስፌር** ይበሃል። ኣብ ትሮፖስፌር መጠን ብራኽ እንትውስኽ መጠን ረስኒ ቐዋሚ እዩ ነገር ግን ኣብ ሓደሓደ ቦታታት ብራኽ እንትውስኽ መጠን ረስኒ እውን ዝውስኽሉ ኩነታት ኣሎ እዩ። ኣብ ልዕሊ ትሮፖስፌር ዝርከብ ቐፀላ ከባቢ ኣየር **ሜዞሰፌር** ኮይኑ መጠን ብራኽ እንትውስኽ መጠን ረስኒ ኣዝዩ ዝንክየሉ ቐፀላ እዩ። ካብ 60 ኪ.ሜትር ንዓቐብ ኣብ ዘለው ቐፀላታት ከባቢ ኣየር ጨረር ኣልትራቫዮሌት፣ ጨረር ኤክስ / ኤክስ-ረይ/ ከምኡ'ውን ካብ ፀሓይ ዝዘንቡ ኤሌክትሮናት ብሓፈሻ ነዚ ኸባቢ ኣዮናይዝ (Ionize) ስለዝገብርዎ ኤሌክትሪሲቲ ከመሓለልፍ ይገብርዎ እዮም።

እዞም ቐፀላታት ከባቢ ኣየር ድማ ማዕበላት ሬድዮ ናብ መሬት ተንፀባሪቑ ንኽምለስ ይገበርዎ። በዚ ምኽንያት ድማ እቲ ካብ 60 ኪ.ሜትር ንላዕሊ ዘሎ'ን ካብ ቐፀላ ኸባቢ ኣየር ቴርሞስፌር ክሳብ 1000 ኪ.ሜትር ዝሓወስን ከባቢ ኣየር **ኣዮኖስፌር** ተባሂሉ ዝፍለጥ። ኣብ ቴርሞሰፌር መጠን ረስኒ ኣዝዩ ዝለዓለን ክሳብ 1,200º ሴንቲግሬድ ዝበፅሕን እዩ። ካብ ቴርሞስፌር ንላዕልን ኣስታት 9,600 ኪ.ሜትር ዝበፅሕን ቐፀላ ኸባቢ ኣየር ድማ **ኤክሶስፌር** ተባሂሉ ይፅዋዕ። ኤክሶስፌር ናይ ከባቢ ኣየር ናይ መወዳእታ ቐፀላ እዩ።

## 10. መልሲ ንመልመድታትን መጠቓለሲ ሕቶታትን

**ንመልመዲ 2.1 ዝተውሃቡ መልስታት**

1. 510, 000,000 ትርብዒት ክሎሜትር
2. ሸውዓተ
3. ምዉት ባሕሪ
4. ሰላማዊ (ፓሲፊክ) ውቅያኖስ
5. 71%

**ንመልመዲ 2.2 ዝተውሃቡ መልስታት**

1. ገፀ-ምድሪ
2. 29%፣ 71%
3. ውቅያኖሳት ህንዲ፣ ኣትላንቲክ፣ ሰላማዊ(ፓሲፊክ)፣ ኣርክቲክ፣ ኣንታረክቲክ
4. ታንዛንያ
5. ውቅያኖስ ህንዲ

**መልሲ ንመጠቓለሊ ሕቶታት**

**ሀ/ ሓቂ ወይድማ ሓሶት እናተብሃለ ንዝምለሱ ሕቶታት**

1. ሓቂ  2. ሓሶት  3. ሓቂ  4. ሓቂ  5. ሓቂ

**ለ/ ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ**

1. ሐ  2. ሀ  3. መ  4 ለ.  5. ሐ

6. መ  7. ሀ

**ሐ/ ባዶ ቦታ ምልኡ**

1. ኤስያ፣ ኣውስትራልያ
2. ቃላይ ምውት ባሕሪ፤ ዓብይ ቃላይ ጨው
3. እምባ ክሊማጃሮ
4. ሞዛቢክ፣ ሶርያ
5. ቃላያት ሓጓፍ ሽንጥሮን ካብ ሓጓፍ ሽንጥሮ ወፃእን
6. ቃላይ ቪክቶርያ
7. ከባቢ ኣየር
8. ትሮፓስፌር

**መ/ ሓፂር መልሲ**

1. እስያ፣ ኣፍሪካ፣ ሰሜን ኣመሪካ፣ ደቡብ ኣመሪካ፣ ኣንታርክቲካ፣ ኣውሮፓ፣ ኣውስትራልያ።
2. ሰላማዊ፣ ኣትላንቲክ፣ ህንዲ፣ ደቡባዊ፣ ኣርክቲክ።

3. ኣብ ማእኸላይ ምብራቕ ኣብ ከባቢ ደብ እስራኤልን ዮርዳኖስን።
4. እምባታት፣ ከበሳታት፣ መታሕትን ዓብዪ ሓጓፍ ሽንጥሮን እዮም።
5. ማዕድናት፣ ቱሪዝም፣ ምዝፉፍ ዓሳ፣ መጓዓዝያ፣ መዘናግዒ።
6. ናይል፣ ጀባ፣ ሸበሌ፣ ታና፣ ጋላና፣ ሩሱዚ፣ ኣዋሽ።
7. ትሮፓስፎር፣ ስትራቶስፌር፣ ሜዞስፌር፣ ቴርሞስፌር።
8. ንምርባሕ ዓሳ፣ ንሕርሻ መስኖ፣ ንመጓዓዝያ፣ ንመዘናግዒ … ወዘተ

# ምዕራፍ ሰለስተ
# ከባቢና

## 1. መእተዊ:-

ተምሃሮ ኣብ 5ይ ክፍሊ ብዛዕባ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝተመሃርዎ ሓልሓሊፉ ምስዚ ምዕራፍ ብምትሕሓዝ ክቐርብ እዩ። እዚ ምዕራፍ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምብራቕ ኣፍሪካ ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባትን ምዝባዕ ከባብን ሜላታት ዕቀባ ማይን ሓመድን ብሄራዊ ፓርክታትን ረብሓኦምን ኣብ ኢትዮጵያን ምብራቕ ኣፍሪካን ብዕምቆት ዝመሃርሉ በዚ ኣቢሎም ብዛዕባ ምብራቕ ኣፍሪካ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዝህልዎም ፍልጠትን ግንዛበን ዘማዕብሉሉ እዩ።

## 2. ውፅኢታት እዚ ምዕራፍ:-

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተማሃሩ

- ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዘለዉ ዓይነታትን ዝርግሐን እፅዋት ተፈጥሮ የለልዩ።
- ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ንእፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዝዕልው ቀንዲ ምኽንያታት የለልዩ።
- መንቀልታትን ሳዕቤናትን ኢድ ኣእታውነት ሰባት ኣብ ከባቢ ይርድኡ።
- ሜላታት ዕቀባን ረብሓን ብሄራዊ ፓርክታትን ይግንዘቡ።
- ብርሰት ከባቢኦም ንምክልኻል ድሌት የርእዩ።

## 3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ:-

ተምሃሮ እዚ'ይ ምዕራፍ ምስተማሃሩ እዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት የማዕብሉን ይውንኑን

- ሃለዋት እንስሳት ዘገዳም ምስ ዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮ የዛምዱ።
- እንስሳት ዝዛምዱን ዝዓብዩን ምስ ተፈጥሮኣዊ መንበሪ ከባቢኦም ተሰማሚዖም ከምዝኾኑ የረድኡ።
- ዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮ ዝፀልው ቀንዲ ምኽንያታት ይፈልዮ።

- መንበሪ ከባቢ እንስሳት ዘገዳም ብሰባት እንትጉዳእ እቶም እንስሳት እውን ከምዝጉድኡ የረድኡ።
- ዕባቸ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምብራቕ ኣፍሪካ የድንቑ።
- ካብ ቱሪዝም ዝርከብ እቶት ንሓለዋ እንስሳት ዘገዳምን መንበሪኦምን ኣስተዋፅኦ ክገብር ከምዝኽእል የረድኡ።
- ብሰንኪ ደቂ ሰባት ኣብ ተፈጥሮ ከባቢ ዝበፅሑ ዝተፈላለዩ ውድመታትን መንቀሊኦምን ይግምግሙ።
- ሳዕቤን ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባት ኣብ እፅዋት ተፈጥሮ ይፈልዩ።
- ሜላታት ዕቀባ ሓመድ የብርሁ።
- ማይ ከመይ ከምዝዕቀብ የብርሁ
- ማይ ከመይ ከምዝፃረይ የብርሁ።
- ዕላማን ረብሓን ብሄራዊ ፓርክታት የብርሁ።
- ብሄራዊ ፓርክታት ኢትዮጵያ ኣብ ካርታ የመልክቱ።
- ቀንዲ ብሄራዊ ፓርኪታት ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ።

## 4. ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዘ:-

እዚ ን14 ክፍለግዝያት ጥራሕ ተባሂሉ ዝተዳለወ እዩ።

## 5. ቀንዲ ትሕዝቶታት እዚ ምዕራፍ

3.1 እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምብራቕ ኣፍሪካ

3.2 ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባትን ምዝባዕ ከባብን

3.3 ሜላታት ዕቀባ ማይን ሓመድን

3.4 ብሄራዊ ፓርክታትን ረብሓኦምን ኣብ ኢትዮጵያን ምብራቕ ኣፍሪካን

## 6. መምሃሪ ሓገዛት

- ካርታ እፅዋት ተፈጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ
- ስእሊ ሜላታት ዕቀባ ማይን ሓመድን
- ካርታ ብሄራዊ ፓርክታት ኢትዮጵያ
- ካርታ ብሄራዊ ፓርክታት ምብራቕ ኣፍሪካ

## 7. ፍልፍል ሓበሬታ

- ቅድሚ ሕዚ ኣብ ጥቕሚ ዝነበሩ መፅሓፍ ተምሃራይ ከባቢ ሳይንስን ሕ/ሰብን 4 -8 ክፍልታት
- መፅሓፍቲ ጂኦግራፊ ካልኣይ ብርኪ ዝነበሩ
- ኢንካርታ ሳይክሎ ኢንሳይክሎፒድያ
- ዎርልድ ጂኦግራፊ

## 8. ሰደቓ ርክባት መምርሒ መምህር!ን መፅሓፍ ተምሃራይን

| ንኡስ ምዕራፍ | ርእሲ | ዝርዝር ዕላማታት | ዝተመደበሉ ክፍለ ግዜ | ቁፅሪ ገፅ መፅሓፍ ተምሃራይ | ቁፅሪ ገፅ መምርሒ መምህር! | ፍልፍል ፅሑፍ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 3.1 | እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምብራቕ ኣፍሪካ | | (4) | | | |
| | | - ዓይነት እፅዋት ተፈጥሮ እንስሳት ዘገዳምን ምብራቅ ኣፍሪካ ይዝርዝሩ | 2 | | | |
| | | - ዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ካርታ የመልክቱ | 2 | | | |
| 3.2 | ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባትን ምዝባዕ ከባብን | | (4) | | | |
| | | - መንቀልታት ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባት ኣብ ተፈጥሮ ከባቢ ተግልፁ | 2 | | | |
| | | - ሳዕቤናት ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባት ኣብ ተፈጥሮ ከባቢ የርድኡ | 2 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 3.3 | ሜላታት ዕቀባ ማይን ሓመድን | - ሜላታት ዕቀባ ማይን ሓመድን የብርሁ<br>- ሜላታት ምዕራይ ማይ ይገልፁ | 4 | | | |
| 3.4 | ብሄራዊ ፓርክታትን ረብሓኦምን ኣብ ኢትዮጵያን ምብራቕ ኣፍሪካን | - ረብሓ ብሄራዊ ፓርክታትይገልፁ<br>- ብሄራዊ ፓርክታት ኢትዮጵያ ኣብ ካርታ የመልክቱ<br>- ቀንዲ ብሄራዊ ፓርክታት ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ | 2 | | | |
| ጠቕላላ ድምር | | | 14 | | | |

## 9. ኣገባብ ኣመሃህራ

መምህር! ንኡስ ምዕራፍ 3.1 ንምምሃር ፈለማ ተምሃሮ ካብ 5ይ ክፍሊ ትምህርትኹም ዓይነታትን ዝርግሐን እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ እንታይ ትዝክሩ? ዝብል ሕቶ ብምቕራብ ሓሳቦም ክገልፁ ይግበሩ። ተምሃሮ ዝሃብዎ መልሲ ምስ ሰምዑ ቀርኒ ኣፍሪካ ኣካል ምብራቕ ኣፍሪካ ምኳኑ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝርከቡ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምስ ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርከቡ ዝመሳሰሉ ምኳኖም ይግለፅሎም። ቀፂሎም ገፅታታት ዱር፣ ሳዕሪ መሬትን ሓወሲ ምደረበዳን ምብራቕ ኣፍሪካ ንከብርሁ ንጠፈት 3.1 ክሰርሑን ይግበሩ። ተምሃሮ ኣብዚ ጉዳይ ስፊሕ ምይይጥ ምስ ኣካየዱን ካርታ 3.1 ብምጥቃም ሰለስቲኦም ዓይነታት እፅዋት ምብራቕ ኣፍሪካ ብምብራህን ዝርከብሉ ከባቢ ብምምልካትን የጠቓልልሎም።

ብምቕፃል ብጉጅለ ኮይኖም ዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዝፅልዉ ምኽንያታትን ብኸመይ ከም ዝፀልዉን ከመያየጡን ከምኡ'ውን ንጥፈት 3.2 ክሰርሑን ውፂኢት ጉጅለ ዕዮም ንክፍሊ ፀብፃብ ብምቕራብ ንጡፍ ምይይጥ ከካይዱን ይግበሩ። ተምሃሮ ዘቕረብዎ ጉጅለ ስራሕ ምስተሰምዐ መምህር ባዕሎም ሰብኣውን

ተፈጥሮኣውን ምኽንያታት ቀንዲ ፀለውቲ ዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምኻኖም ብኣብነት ብምድጋፍ የጠቓልሎም። ኣብ መወዳእታ መልመዲ ክሰርሑ ዕዮ ይሃብዎም።

መምህር! ንኡስ ምዕራፍ 3.2 ንምምሃር ኣብ ከባቢ ተፈጥሮ ዝበፅሑ ጉድኣት መንቀሊኦምን ሳዕቤን ናይዚ ጉድኣትን እንታይ እንታይ ከምዝኾነ ከምኡ'ውን ንጥፈት 3.3 ን 3.4 ን ብጉጅለ ኾይኖም ክመያየጡን ውፅኢት ምይይጦም ፀብፃብ ንክፍሊ ብምቕራብ ክዛተይሉን ይግበሩ። ኣብ መወዳእታ ኢድ ኣእታውነት ወዲሰብ ኣብ ተፈጥሮ ንኣብነት ድሌት፣ ንሕርሻ፣ መስርሒ ገዛ ዝኸውን ቦታ ንምርካብ፣ ንሓዊ፣ ንመስርሒ ናውቲ ገዛን፣ ሕርሻን ዝኸውን ዕንጨይቲ ንምርካብ በዝሒ ህዝቢ ምውሳኽ ብርሰት እፅዋት፣ ፍግረ መሬት፣ ሕፅረት ማይ፣ ድርቂ ከም ዝስዕብ በረኸቲ ቦታታት ኢትዮጵያ ቀደም ዝነበሮም ገፅታ እፅዋትን ሕዚ ዘለውዎ ኹነታትን ብምንፅፃር የጠቓልልሎም።

ንኡስ ምዕራፍ 3.3 ንምምሃር ፈለማ ተምሃሮ ኣብዞም ዝስዕቡ 5 ሕቶታት ኣብ ሓሙሽተ ጉጅለ ተጎጂሎም ክመያየጡ ይግበሩ። ሓደ ጉጅለ እንተወሓደ ኣብ ክልተ ሕቶታት ክመያየጥ ይገበር።

1. ግረባ እንታይ እዩ? ኣብ ከባቢኹም ግረባ ንምንታይ ይካየድ? ኣብ ከባቢኹም ንግረባ ዝስማማዕ ተኽሊ እንታይ ዓይነት እዩ?
2. ኣባሪኻ ምዝራእ እንታይ እዩ? ንምንታይ ይጠቅም? ኣብነት ጥቐሱ
3. ዱር ሕርሻ (agro forestery) እንታይ እዩ? ንምንታይ ይጠቅም? ኣብነት ጥቐሱ
4. ኣግድም ምሕራስ እንታይ እዩ? ንምንታይ ይጠቅም? ኣብነት ጥቐሱ
5. ማይ ከመይ ከምዝፃረን ዕሬት ምንጭታትን ዒላታትን ከመይ ከምዝሕሎን ግለፁ

ተምሃሮ ኣብዞም ሕቶታት በብጉጅለኦም ብስፍሓት ተመያይጦም ናይ ሓባር ምርድዳእ ዝገበሩሉ ንክፍሊ ፀብፃብ ብምቕራብ ብዕምቆት ክመያየጡሉን ኩሎም ተምሃሮ ክመሃርሉን ይግበሩ። ኣብ መወዳእታ ኣብ መፅሓፍ ዘለዉ ሜላታት ዕቀባ ማይን ሓመድን ሰለስቲኦም ሜላታት ሓለዋ ዕሬት ማይን ብምዝርዛር የጨብጥዎም።

ንኡስ ምዕራፍ 3.4 ንምምሃር ፈለማ ተምሃሮ ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣብ ሰለስተ ጉጅለታት ኾይኖም ዝተመያየጥሉ ዕሚች ነጥቢ ብመልክዕ ፀብፃብ ንክፍሊ ብምቕራብ ሓሳቦም ክገልፁን ክርድኡን ይግበሩ።

1. ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ብሄራዊ ፓርክታት መን መን ይባሃሉ? ኣብ ካርታ ኣመልክቱ። ኣብ ሕድሕድ ፓርክ እፅዋት ወይድማ እንስሳ ዘገዳም ከመይ ካብ ጥፍኣት ይሕለዉ? ብስርሑ ዕዉት ዝኾነ ኣየናይ እዩ? ከመይ ዕዉት ኾይኑ?
2. ዕላማ ብሄራዊ ፓርክታት ዕቀባ፣ ምርምርን ሓድግን እዩ። እዙይ እንታይ ማለት እዩ? ረብሓ ብሄራዊ ፓርክታት እንታይ እዩ?
3. ቀንዲ ብሄራዊ ፓርክታት ካልኦት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ መንመን ትፈልጡ? ኣብ ካርታ ኣመልክቱ? ብዛዕባ ማሳይ ማራ ብሄራዊ ፓርክ ኬንያ ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ ኣቕርቡ።

ተምሃሮ ዝተዋሃቦም ጉጅላዊ ዕዮ ብንጥፈትን ንኹሉ ተምሃራይ ብዘሳትፍ መልክዑን ኣቕሪቦም ብዕምቆት ምስ ተመያየጥሉ ኣስዒቦም ድማ መምህር! ቀንዲ ብሄራዊ ፓርክታት ኢትዮጵያን ምብራቕ ኣፍሪካን ኣብ ዕቀባ ምርምርን ሓድግን ዘለዎም ረብሓን ብስርሖም ዕዉታት ዝኾኑ ብሄራዊ ፓርክታትን ከመይ ዕዉታት ከምዝኾኑን ብምግላፅ የጠቓልልሎም ኣብ መወዳእታ መልመዲ የስርሕዎም።

## 10. ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር

**እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምብራቕ ኣፍሪካ**

**እፅዋት ዱር**

ዱር ብዓበይቲ ተኽልታት ዝተሸፈነ ከባቢ እዩ። ጠሊ ዘለዎም በረኽቲ ቦታታት ምብራቕ ኣፍሪካ ብዝተፈላለዩ ዓይነት ኣእዋም ዝተሸፈኑ እዮም። በዚ መሰረት ኣብ ልዑል ረስኒ ዘለዎም በረኽቲ ቦታታት ትሮፒካዊ ዓይነት ኣእዋም ይርከቡ። ኣብዚ ከምዙይ ዓይነት ዱር ዝርከቡ ኣእዋም ነዋሕቲ፣ ሓምለዋይን ገፊሕ ቆፅልን ዘለዎም እዮም። ኣብ ማእኸላይ ረስኒ ዘለዎም በረኽቲ ቦታታት ምብራቕ ኣፍሪካ ድማ ኣእዋም ማእኸላይ ረስኒ ይርከብዎም።

ኣዝዩ ዝለዓለ ብራኸን ዛሕልን ኣብ ጫፍ እምባታትን ድማ ሓያል ዛሕሊ ንፋስ ዝፃወሩ ጠንካራታትን ሓፀርትን ተኽልታት ይርከቡ። በረኽቲ ጐቦታት ኡጋንዳን

ኢትዮጵያን ክልቲኦም ዓይነት ኣእዋም ማለት ትሮፒካዊ ዱርን ዱር ማእኸላይ ረስኒን ይርከብዎም። ዱር መንበሪ ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣህባይ፣ ዋዓጋት ጋውናን ኣዕዋፍን እዮም።

**እፅዋት ሳዕሪ መሬት**

እፅዋት ሳዕሪ መሬት ካብ እፅዋት ምደረበዳ ዝሓሸ መጠን ዝናብ ኣብ ዝረኽቡ ቦታታት ምብራቕ ኣፍሪካ ይርከቡ። ግን ኣብ ሳዕሪ መሬት እፅዋት ዱር ኣይርከቡን። መብዛሕትኡ ሳዕሪ መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ ባህርይ ትሮፒካዊ ነባሪ ኣየር ዘለዎ እዩ። ኣብ ኬንያ ማሳይ ዝበሃሉ ኣርባሕቲ እንስሳት ዝነብሩሉ ከባቢ ፅቡቕ ኣብነት ትሮፒካዊ ሳዕሪ መሬት እዩ። ብተነፃፃሪ ኣብ ልዑል ብራኽ ዝርከቡ ማእኸላይ ረስኒ ነባሪ ኣየር ከባብታት ምብራቕ ኣፍሪካ ድማ ማእኸላይ ረስኒ ሳዕሪ መሬት ይርከቡዎም። ሳዕሪ መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ ንመንበሪ ዝተፈላለዩ ዓይነት እንስሳት ዘገዳም ዝሰማማዕ ስለዝኾነ ተመገብቲ ተኽሊ፣ ተመገብቲ ስጋን ተመገብቲ ተኽሊን ስጋን ዝኾኑ እንስሳት ዘገዳም ዝርከበሉን ሃደን እንስሳት ዘገዳም ዝካየደሉን ከባቢ እዩ።

**እፅዋት ምድረበዳን ሓውሲ ምድረበዳን፡-**

መብዛሕትኦም መታሕት ቦታታት ምብራቕ ኣፍሪካ ምድረበዳን ሓውሲ ምድረበዳን ነባሪ ኣየር ኣለዎም። ኣብዞም ከባብታት ዝርከቡ እፅዋት ኣዝዩ ዋዕን ደረቕን ዝኾነ ኩነታት ነባሪ ኣየር ተፃዊሮም ዝዓብዩ ከም ቆልቋልን ዓሻሽ ቆጥቋጥ ዝመሳሰሉ እዮም። እዞም እፅዋት ንዚ ኣፅጋሚ ነባሪ ኣየር ዝፃወሩ ብዝተፈላለየ መንገዲ እዩ። ንኣብነት፡-

- ሱሮም ክሳብ ጥልቀት ዘለዎ ከርሰ ምድሪ ማይ ብምስዳድ ማይ ብምስሓብ
- ጨረር ፀሓይ ብቖፅሎም ብምንፅብራቕ ካብ ኣካላቶም ብሙቐት ዝወፅእ ሃፋ ክንኪ ብምግባር
- ዓሻኹ ቖፅሊ ዘለዎም ካብ ተኽሊ ተመገብቲ እንስሳት ዓርሶም ብምክልኻል ብኽነት ማይ ብምቁፅፃር
- ኣዝዩ ውሑድ ቖፅሊ ዘለዎም ካብ ኣካላቶም ዝሃፍፍ ማይ ንኽንኪ ይሕግዞም

- ኣብ እዋን ድርቂ ምብቋል ዘቋርፅ ማይ እንትዘንብ ድማ ዝቦቑል ዘርኢ ዘለዎን ብዝመሳሰሉን እዮም።

**እንስሳትን ምልማድ ተፈጥሮኣዊ መንበሪ ከባቢኦምን**

እንስሳት ምስ ተፈጥሮኣዊ መንበሪ ከባቢኦም ተለማሚዶም ዝነብሩሉ ኩነታት ብዝተፈላለየ መንገዲ እዩ። ንኣብነት፡-

1. እንስሳት ዱር፤ ኣብ ዱር እናተሸለኹለኹ ክንቀሳቐሱ ዘኽእሎም ንኣሽተይ ግዝፊ ሰውነት ኣለዎም። ከምኡ'ውን ብቐሊሉ ኣብቲ ዱር ክንጠላጠሉ ዘኽእሎም እግሪ ኣለዎም።
2. እንስሳት ኣዝዩ ዝሑል ከባቢ፤ ኣብ ከምዚዩ ዓይነት ከባቢ ዝነብሩ እንስሳት ገሊኦም ብፀጉሪ ዝተሸፈነ ሰውነት ኣለዎም። ገሊኦም ድማ ኣብ ኣዝዩ ዝሑል እዋን ሃለዋቶም ኣጥፊኦም እንትነብሩ ገሊኦም ድማ ኣብ ኣካላቶም ብዙሕ ዝተዋህለለ ስብሒ ብምጥቃም ይነብሩ።
3. እንስሳት ምድረበዳ ምስ ተፈጥሮኣዊ መንበሪ ከባቢኦም ተላሚዶም ዝነብሩ፡-
   - ኣብ እዋን ሕፅረት ማይን ምግብን ክጥቀምሉ ዝኽእሎም ምግብን ማይን ዝኽዝንሉ ፍሉይ ኣካላት ሰውነት ዘለዎም ኣለዉ።
   - ካብ መዓልታዊ ሙቐት ንምክልኻል ኣብ እዋን ቀትሪ ናብ ውሽጢ መሬት ዝኣትዉ ኣለው።
   - ካብ ሰውነቶም ሙቐት ንምውፃእ ዘኽእሎም ዓብይ እዚ ዘለዎም ኣለው።
   - ሙቐት ኣካላቶም ንምሕላው መቐት ዘየተሓላልፍ ድኹም ዝኾነ ግና ጠንካራ ሽፋን ሰውነት ዘለዎም ኣለዉ።
   - ብፃዕዳ ሕብሪ ሰውነቶም ጨረር ፀሓይ ብምንፅብራቕ ሙቐት ሰውነቶም ዝሕልዉ ኣለዉ።

**ዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዝፀልዉ ምኽንያታት**

ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝተፈላለዩ ዓይነት እፅዋት እንስሳት ዘገዳምን ክህልዉ ዝገብሩ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣለዉ። እዞም ምኽንያታት ኣብ ክልተ ከፊልካ ምርኣይ ይካኣል። ንሳቶም'ውን ተፈጥሮኣውን ሰብኣውን ምኽንያታት እዮም።

***ተፈጥሮኣዊ ምኽንያታት፡-*** ኣብዚ ዝተፈላለየ ዝርግሐ እፅዋትን እንስሳትን ዝፈጥሩ ቀንዲ ምኽንያታት ቅርፂ መሬት ነባሪ ኣየር ሓመድ ምግቢ ማይን ዝመሳሰሉን እዮም። ካብ መታሕት ክሳብ ጫፍ ዓበይቲ ጉቦታት ኣብ ዘሎ ብራኽ ነባሪ ኣየር ምስ ብራኽ እናተለዋወጠ ስለዝኸይድ ዝርግሐን ዓይነትን እፅዋት እውን ይቀያየር። ዓይነትን ዝርግሐን እፅዋት እንትለዋወጥ ድማ ዓይነት እንስሳት እውን ይቀያየር። ንኣብነት ኣብ ነባሪ ኣየር ምድረበዳ ድርቂ ዝፃወሩ ተኽሊ ይቦቑሉ። ኣብዚ ነባሪ ኣየር ተላሚዶም ዝነብሩ እንስሳት ድማ ይህልዉ። እፅዋት ንኽዓብዩ ዓይነት ሓመድ ወሳናይ ሃፍቲ ተፈጥሮ እዩ። ስለዚ ኣብ ዝተፈላለየ ዓይነት ሓመድ ዝተፈላለዩ ዓይነታት እፅዋት ይቦቕሉ።

እንስሳት ዘገዳም ንኽነብሩ ብቐፃምነት ዝምገብዎ ምግብን ማይን ክረኽቡ ኣለዎም። ስለዚ እዞም ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘለዎ ከባቢ ዝለዓለ በዝሒ እንስሳት ይርከብዎ።

***ሰብኣዊ ምኽንያታት፡-*** ኣብዚ ቀንዲ ምኽንያታት ኩነታት ዝርግሐ እፅዋትን እንስሳትን ዝኾኑ ብርሰት ኣግራብ፣ ወሰኽ በዝሒ ህዝቢ፣ ዘይሕጋዊ ሃደን፣ ጋህዒ ሳዕሪ፣ ምስፍሕፋሕ መንበሪ ከባብን ዝመሳሰሉን እዮም።

## 11. ኣገባብ ገምጋም ፈተሻን

*መምህር! ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍተሽን ነቲ ስራሕ ምስዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓት እቲ ምዕራፍ ክነፃፀር ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ።*

*ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝወነነ ተምሃሮ፤*

- *እንስሳት ዘገዳም ምስ ዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮ የዛምዱ፣*
- *ዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዝፀልዉ ቀንዲ ምኽንያታት ይመርፁ፣*
- *እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዘለዎም እሴት ዕባቐ ይፈልዩ፣*
- *ሜላታት ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ይገልፁ፣*
- *ብሄራዊ ፓርክ እንታይ ከምዝኾነ ይገልፁ፣*

- ብሄራዊ ፓርክታት ኢትዮጵያ ኣብ ካርታ የመልክቱ፣
- ቀንዲ ብሄራዊ ፓርክታት ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ፣
- ረብሓ ብሄራዊ ፓርክታት ይትንትኑ፣
- ረብሓ ምክልኻል ብሄራዊ ፓርክታት ካብ ግጉይ ልምድታት ቅቡል ይገብሩ።

መምህር! ነቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ብፍላይ ድማ ተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ብፍሉይ ድሌተን ክነኣዳን ብፃዕረን ዝረኸብኦ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦ ክዋሃበን ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ተምሃሮ ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ክሰርሑን ክተባብዑን ኣለዎም።

እቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ (below the standard level) ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይድማ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ። እቶም ካብ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክሕግዝዎም ምግባር እውን ጠቓሚ እዩ።

***ሊ.ቢ***

መምህር! ኣብ ከይዲ ፈተሻ ነቶም ፍሉይ ጠመተን ኣድላይ ደገፍን ክረኽቡ ዝግብኦም ፍሉይ ድሌት ዘለዎም ኣድላይ ኹሉ ክትትል ክግበረሎም ይግባእ።

## 12. መልሲ ንመልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን

✓ **ንመልመዲ 3.1 ዝተውሃቡ መልስታት**

| **ሀ/ ሓቂ ወይ ጌጋ** | **ለ/ ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ** |
|---|---|
| 1. ሓሶት | 1. ሐ |
| 2. ሓሶት | 2. ሐ |
| 3. ሓሶት | 3. መ |
| 4. ሓሶት | 4. ለ |
| 5. ሓቂ | 5. ሀ |

✓ **መልሲ ንመጠቓለሊ ሕቶታት**

**ሀ/ ሓቂ ወይድማ ሓሶት/ጌጋ**

1. ሓቂ
2. ሓሶት
3. ሓሶት
4. ሓቂ
5. ሓሶት

**ለ/ ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ**

1. መ
2. ለ
3. ሐ
4. ሀ
5. ሐ
6. መ
7. ሐ
8. ለ
9. መ
10. ሐ

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ውራይ ህዝቢ

## 1. መእተዊ

*መምህር! እዚ ምዕራፍ ኣርባዕተ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 6ይ ክፍሊ ብዛዕባ ውራይ ህዝቢ እዩ ዝድህስስ። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ኣብዝኾኑ ጉዳያት እናተመያየጡን እናሓተቱን ክመሃሩ ትፅቢት ይግበረሎም። ውራይ ህዝቢ ዝብል ምዕራፍ ንተምሃሮ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ማሕበረሰብ ኣዐርዩ ዝጠቕሞም መሰረታዊ ጉዳይ'ዩ። ስለዚ ሕድሕዱ መመያየጢ ዛዕባን ኣብ ክፍሊ ዝወሃብ ትምህርትን ክንድዝከኣል ተምሃሮ ኣፀቢቖም ክርድእዎም ምግባር ወሳናይ'ዩ።*

*መምህር! ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ምስ ህዝቢ ተዛማዳይነት ዘለዎም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ውራያት ህዝቢ ክመሃሩ'ዮም። ካብዚኦም ንኣብነት ከም ጉዳያት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ቕልጡፍ ዕብየት ህዝቢ፣ መሰል ህፃናትን ድሕንነትን ምስዚኦም ዝተኣሳሰሩ ዓበይቲ ቁምነገራትን ዝመሳሰሉን ዛዕባታት ይርከብዎም። መምህር! እዚ ምዕራፍ ውራይ ህዝቢ ን18 ክፍለ ግዝያት ዝተዳለወ'ዩ። እዚ ምዕራፍ እንትዳለው ተሓሳቢ ተገይሮም ዝተወሰዱ ዕላማታት እንትንርኣይ ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ውራያት ህዝቢ ኣፀቢቖም ይፈልጡን ይርድኡን ዝብል'ዩ ተቐሚጡ። እዚኦም ድማ ዝስዕቡ'ዮም፤*

- *ምትሕብባር ሕብረተሰብ ንምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘለዎ ረብሓ ይገልፁ።*
- *ኣንፃር ምግፋሕ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ይንቀሳቐሱ፣ ኣብ ምክልኻል የድህቡ።*
- *መሰል ህፃናትን ምግሃስ መሰል ህፃናትን ብዝምልከት ኣብነታት ይህቡ።*
- *ሳዕቤናት ቕልጡፍ ዕብየት ህዝቢ ዘለዉ ፀገማት ይዝርዝሩ።*
- *ንኡስ ከባብያዊ ውድባትን ኣባል ሃገራትን የለልዩን ዕላማታት ኢጋድነት ውደባት ምብራቕ ኣፍሪካ የብርሁ።*

- ኣህጉራዊ ትካላት ፈልዮም ይፈልጥወን፣ ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝተርኣዩ ይገልፁ።

## 2. ውፅኢት'ዚ ምዕራፍ ፤

**ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፤**

- ምትሕብባር ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘለዎ ረብሓ የረድኡ።
- ብኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምስዝተትሓዙ ወገናትን ስድርኦምን ከመይ ተሳኒኻ ምንባርን ምምሃርን ከምዝከኣል ኣዎንታዊ ኣረኣእያ የማዕብሉ።
- ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ የንቀሳቐሱ፣ የድህቡ።
- ሳዕቤናት ቕልጡፍ ዕብየት ህዝቢ ዘለዉ ፀገማት ይዝርዝሩ።
- መሰል ህፃናት ኣብ ቤት ትምህርቶም ከመይ ይትግበር ከምዘሎ የረድኡ።
- ምግሃስ መሰል ህፃናትን መምለጢ ሜላታትን ብዝምልከት ኣብነታት ይህቡ።
- ንኡስ ከባብያዊ ውድባትን ኣባል ሃገራትን የለልዩን ዕላማታት ኣጋርነት ውድባት ምብራቕ ኣፍሪካ የብርሁ።
- ኣህጉራዊ ትካላት ፈልዮም ይፈልጥወን፣ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝተርአዩ ይገልፁ።

## 3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም፤

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም ነዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት የማዕብሉ፣ ይውንኑ።

- ረብሓ ሕብረት ማሕበረሰብ ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ የረድኡ።
- ብኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምስዝተትሓዙ ሰባትን ስድረኦምን ንምምሃርን ንምንባርን ዝንባለ የማዕብሉ።
- ንሓላፍነት ዜጋታት ይድግፉ፣ ኣድልዎን ምግላልን የወግዱ፣ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝነብሩን ስድረኦምን ይከናኸኑን ይድግፉን።
- ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ተፈጥሯውን ማሕበረሰባውን ከባብታት ምብራቕ ኣፍሪካ የብርሁ።
- መግለፂ ምግሃስ መሰላት ህፃናት ኣብ ኢትዮጵያ የብርሁ።
- ካብ ምግሃስ መሰላት ህፃናት መምለጢ ሜላታት ይትግብሩ።

- ሓደጋ ንምውጋድ ስጉምትታት ደሕንነት ይትግብሩ።
- ንኡስ ከባብያዊ ውድባት ምብራቕ ኣፍሪካ ይገልፁ።
- ጂኦግራፊያዊ ሽፋን ንኡስ ከባብያዊ ውድባት ምብራቕ ኣፍሪካ የመልክቱ።
- ሽቶታት ሕድሕድ ውድብ ኣጋርነት ይፈልዩ።
- ኣድላይነት ሽቶታት ኣጋርነት ይገልፁ።

## 4. በዝሒ ክፍለ ግዘ፤

መምህር! ነዚ ምዕራፍ ሓደ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 6ይ ክፍሊ ዝተመደበ ጠቕላላ ክፍለ ግዘ 17 እዩ።

## 5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ፤

ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ክፈልጥዎም ዝግብኡ ተባሂሎም ዝተሓረዩ ኣገደስቲ ዝኾኑ ኣርባዕተ ኣርእስትታት ኣለዉ። ተምሃሮ ምስ ጉዳያት ህዝቢ ተኣሳሲሮም ካብዘለዉ ጉዳያት ውሽጢ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ዜግነታዊ ግቡእ ማሕበረሰብን ብተዛመደ መልክዑ ክመሃሩ'ዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ሳዕቤናትን ዕዕንቶን ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ፣ መሰላት ህፃናትን ደሕንነቶምን፣ ንሓደጋ ዘቃልዑ ልምድታትን ስጉምትታት ደሕንነትን፣ መልለጢ መንገድታትን ከምኡ'ውን ጉዳያት ኣጋርነት ዝምልከቱ ኣርእስትታት ኣለዉ። ስለዚ መምህር! ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

### 4.1 ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ጉዳያት

#### 4.1.1 ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምትሕብባር ማሕበረሰብ ዝህልዎ ዜግነታዊ ሓላፍነት

ሀ. ኣድልዎ፣ ምግላልን ምዕያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፤

ለ. ምግላልን ምዕያፍን ሕሙማት ኤድስ ዘስዕቦ ኣሉታዊ ፅልዋ፤

ሐ. ግደ ማሕበረሰብ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፤

#### 4.1.2 ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ

ሀ. ከባቢያዊ ብርሰት

ለ. ብርሰት ደን

ሐ. ብሰንኪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘጋጥም ካብ ዓቐን ንላዕሊ ጋህዲ

መ. ብርሰት እንስሳ ዘገዳም፤

ሰ. ፍግረ መሬት፤

ረ. በዝሒ ህዝብን ውሕስና ምግብን፤

### 4.2 መሰላት ህፃናትን ደሕንነቶምን

#### 4.2.1 መሰላት ህፃናት

- ኣንፈት ኣፈፃፅማ ሓለዋ መሰላት ህፃናት

#### 4.2.2 ኣብ ህፃናት ዝበፅሑ ሓደጋታትን መምለጢ ሜላታትን

- ሓደጋ መኪናን እንስሳን፤
- ብሰንኪ ሕማቕ መሓዛ ዘጋጥም ሓደጋ፣
- ብኤሌክትሪክ፣ መርዚ፣ ባርዕ ሓዊ፣ ነቶግትን ዝተበከለ ማይ ብምስታይን ዘጋጥሙ ሓደጋታት
- ሕድሕድ ውግእን ኲናትን
- ብሰንኪ ዝተበከለ ማይ ዘጋጥም ሓደጋ

#### 4.2.3 ንህፃናት ሓደጋ ካብ ዘብፅሑ ጉዳያት ምክልኻል

1. ኣስተምህሮ ምሃብ፤
2. ሕብረተሰብ መሰረት ዝገበሩ ፕሮጀክታት ምህላዎም፤
3. መራኸብቲ ሓፋሽ፤
4. ዘይመንግስታዊ ትካላት፤
5. ብህፃናት ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታት፤

### 4.3 ጉዳይ ኣጋርነት ዝኀልብቱ ከባብያዊ ውዳበታት

4.3.1 በይነ-መንግስታት ምብራቕ አፍሪካ (IGAD)

4.3.2 መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ናይል (Nile Basin Intiatives )

## 6. ሓገዝቲ መምሀሪ መስተምሀሪ

- ብዛዕባ መመሓላለፍቲ መንገድታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝገልፁ ፖስተራት ካብ ቤት ፅሕፈት ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ወይድማ ቤት ፅሕፈት ጥዕና የምፅኡ።
- ብዛዕባ ጎደእቲ ባህላዊ ልምድታት ዘመላኽቱ ዝተፈላለዩ ፎቶግራፋት፣ ፖስተራትን ስእልታትን ናብ ክፍሊ ሒዞም ይምፅኡ።

- መናእሰይን ሕብረተሰብን ኣብ ጉዳይ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣመልኪቶም ዝገብርዎ ዘተ ዘመልክት ካርቶን ስእሊ ይጠቐሙ። ኣብ ዓብዪ ወረቐት ምስኣል የድልይ።
- ምምቅቃል መሬት፣ ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮን (ደን) ፍግረ መሬትን ዝምልከቱ ፖስተራትን ፎቶግራፋትን የዳልዉ።
- ስእላዊ መግለፂ መትከላት ሰናይ ምምሕዳርን ኣጋይሽ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ጣብያን
- ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት፣ መፅሄታት፣ ስእላዊ መግለፅታት መሰላት ህፃናትን ምግሃስ መሰላት ህፃናትን
- ምግላልን ምፅያፍን ዝምልከቱ ስእልታትን ፎቶግራፋትን
- ንስርፀት ትምህርትን መመያየጥን ዝኾኑ ሕቶታት ንጥፈት ዝተፅሓፈሉ ዓብዪ ወረቐት
- ስእላዊ መግለፂ ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ
- ስእልታት ብርሰትን ፍግረ መሬትን
- መሰላት ህፃናትን ምግሃስ መሰላት ህፃናትን ዝምልከቱ ስእላዊ መግለፅታት
- ኣርማ ኢጋድን ካርታ ምብራቕ ኣፍሪካን ሃገራት መድረኽ ተፋሰስ ሩባ ናይልን
- ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያን መጣየሺ ኣዋጅ ሓባሲ ንብዓት ህፃናትን ደቂ ኣንስትዮን
- ኣብ ጨርቂ ዝተፅሓፉ መሰረታዊ መሰላት ህፃናትን

## 7. ፍልፍል ሓበሬታ


- በኢትዮጵያ የጎጂ ልምዶችና ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ያላቸው ትስስር፣ ኢ.ጎ.ባ.ኣ.ኮ (2001 ዓ.ም)፣ ከUFPA ጋር በመተባበር የተካሄደ ጥናት
- ፓኬጅ ሰናይ ምምሕዳር ገጠር ወረዳታት፣ ሰነ 1998 ዓ.ም
- የከተሞች መልካም ኣስተዳደር ፓኬጅ፣ ግንቦት 25 ቀን 2001 ዓ.ም
- የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ሕገ መንግሥት፣ 15 ነሓሰ 1987 ዓ.ም፣ ኣዲስ ኣበባ
- ሕጊ ቤተመንግስቲ፣ ኣዋጅ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ 2000 ዓ.ም
- የህፃናትና ሴቶች ጉዳይ ዕምባ ጠባዊ ኮሚሽን ማቋቋሚያ ኣዋጅ

- ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ስትራቴጂ መቀፃፀሊ ህዝባዊ ምልዕዓል፣ MoH and HAPCO (1997 ዓ.ም)
- የኢትዮጵያ ስነ ህዝብ ፖሊሲ፣ 1985 ዓ.ም
- የገንዘብና ኢኮኖሚያዊ ልማት ሚኒስቴር፤ የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስት <u>የዕድገትና የትራንስፎርሜሽን ዕቅድ (2003 — 2007)</u>፣ ቅፅ ፩፣ ህዳር 2003፣ አዲስ አበባ።
- African Charter on Democracy, Election and Governance, (2007), AU.
- AIDS Epidemic Update, UNAIDS and WHO (2007).
- Governance for the future: Democracy and Development in the Least Developed Countries, (2006), UNDP
- AIDS Report in Ethiopia, Six Months Report, MoH and HAPCO (2007)
- Child Protection, A Handbook for Parliamentarians, IPU and UNICEF (2004)
- California Department of Health Services: Fact Sheet on Benefits of Family Planning, USA, (2003)
- Erin M. Brown, et al: Youth and the Global HIV/AIDS Crisis, (2002)
- Petros J. Gebeto, (June 2010) No More Thirst: The Citezens of The Nile,
- Population Action International (1999), Forest Futures, Washington DC.
- Shiravasava, (1995), Democraphic Transition and Economic Development.
- Shalina Mahta, (2004), Understanding HIV/AIDS: Myths, Efforts and Achievements.
- Todaro, M (2004), Economic Development
- Uganda Aids Commission (2007), Scaling Up Strategic Planning on HIV/AIDS mitigations.
- World Bank, (2007), The World Bank's Commitment to HIV/AIDS in Africa, our agenda for action 2007 – 2011.
- WHO, (2005), Human Rights, Health and Poverty Reduction Strategy.
- UN, (1978), Children Right Convention
- UN, (1948), Universal Declaration of Human Rights

**Websites**

- www.un.org/history and organizational functions of UNO;
- www.au.org/transition from OAU to AU;

- www.globalization, Wikipedia;
- www.NBI.org/2010 Nile Basin Initiatives (Nile- Com)
- www.un.org/ world population
- www.au.org/ Regional Organizations: Establishment and membership

## 8. መፅሓፍ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር

| ቁፅሪ ተርታ | ኣርእስቲ | ዝርዝር ዕላማታት | ዝተመደበ ክፍሊ ግዜ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ መምህር! | ፍልፍል |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 4.1 | ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ጉዳያት | | (6) | | | |
| | ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምትሕብባር ማሕበረሰብ ዝህልዎ ዜግነታዊ ሓላፍነት | ሀ. ኣድልዎ፣ ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ<br>ለ. ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማት ኤድስ ዘስዕቦ ኣሉታዊ ፅልዋ፤<br>ሐ. ግደ ማሕበረሰብ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፤ | 3 | | | |
| 4.1.1 | ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ | ሀ. ከባቢያዊ ብርሰት<br>ለ. ብርሰት ደን<br>ሐ. ብሰንኪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘጋጥም ካብ ዓቕን ንላዕሊ ጋህዒ<br>መ. ብርሰት እንስሳ ዘገዳም፤ | 3 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ሰ. ፍግረ መሬት፤<br>ረ. በዝሒ ህዝብን ውሕስና ምግብን፤ | | | | |
| 4.2 | መሰላት ህፃናትን ደሕንነቶምን | | (7) | | | |
| | መሰላት ህፃናት | ኣንፈት ኣፈፃፅማ ሓለዋ መሰላት ህፃናት | 3 | | | |
| 4.2.1 | ኣብ ህፃናት ዝበፅሑ ሓደጋታትን መምለጢ ሜላታትን | ሓደጋ መኪናን እንስሳን፤<br>ብሰንኪ ሕማች መሓዛ ዘጋጥም ሓደጋ፣<br>ብኤሌክትሪክ፣ መርዚ፣ ባርዕ ሓዊ፣ ነቶግትን ዝተበከለ ማይ ብምስታይን ዘጋጥሙ ሓደጋታት<br>ሕድሕድ ውግእን ኲናትን<br>ብሰንኪ ዝተበከለ ማይ ዘጋጥም ሓደጋ | 2 | | | |
| 4.2.2 | ንህፃናት ሓደጋ ካብ ዘብፅሑ ጉዳያት ምክልኻል | ኣስተምህሮ ምሃብ፤<br>ሕብረተሰብ መሰረት ዝገበሩ ፕሮጀክታት ምህላዎም፤<br>መራኸብቲ ሓፋሽ፤<br>ዘይመንግስታዊ ትካላት፤<br>5. ብህፃናት ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታት፤ | 2 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 4.3 | ጉዳይ ኣጋርነት ዘጎልብቱ ከባብያዊ ውዳበታት | | (4) | | | |
| 4.3.1 | በይነ-መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ (IGAD) | | 2 | | | |
| 4.3.2 | መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ናይል (Nile Basin Intiatives ) | | 2 | | | |
| ጠቕላላ ድምር | | | 17 | | | |

## 9. ኣግባብ ኣመሃህራ

መምህር! ኣብዚ ምዕራፍ ብዛዕባ ውራይ ህዝቢ ንኽምህሩ እንትዳለዉ ኣብ ኣርባዕተ ኣርእስትታት ን20 ክፍለ ግዝያት ከምዘምህሩ ሓሲቦም ቅድመ ምድላው ክገብሩ ይግባእ። ካብዚኦም ውሽጢ እቲ ቀዳማይ ርእሲ ንኣርባዕተ ክፍለግዝያት ዝተዳለወ ብዛዕባ ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምትሕብባር ማሕበረሰብ ዝህልዎም ዜግነታዊ ሓላፍነት ዝምልከት እዩ። ነዚ ኣርእስቲ እንትምህሩ ንቅድም ንተምሃሮ ሕቶ የቕርቡሎም። ንጡፍ ተሳትፎ ሕብረተሰብ እንታይ ማለት እዩ? ከመይ ይግለፅ? ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ መንበሪ ገዛ፣ ስድራ፣ መንበሪ ከባቢ፣ ቤት ትምህርቲ፣ መምህሪ ክፍሊ፣ ከባብያዊ ምምሕዳር ወዘተ ከመይ ይግለፅ? ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዜግነታዊ ሓላፍነት ምውሳድ እንትበሃል እንታይ ማለት'ዩ ዝብል ሕቶ ንተምሃሮ የቕርቡሎም። ኣብዚ ጉዳይ'ውን ክመያየጡ ይግበርዎም። ንምይይጥ ክሕግዞም ኣብ 5ይ ክፍሊ ካብዝተምሃርዎ ንመበገሲ ክኸውን ሓድሓደ መሰረታዊ ጉዳያት የቕርቡሎም። ኣብዚ እኹል ግንዛበ ምስፈጠሩ ንምይይጥ ዝኾኑ ክልተ

ሕቶታት ንተምሃሮ የቕርቡሎም። ካብዚኦም ውሽጢ ብዋናነት እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፤

1. ኣድልዎ፣ ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ እንታይ ማለት ከምዝኾነን መግለፅታቶምን ብዝምልከት ተምሃሮ ንክመያየጡሎም ሕቶ የቕርቡሎም
2. ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘስዕቦ ኣሉታዊ ፅልዋ ብዝምልከት'ውን ይሕተትዎም'ሞ ተምሃሮ'ውን ይመያየጡሉ።
3. ንምግላልን ምፅያፍን ሕሙማን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘተባብዑን ዝተዛብዑ ኣተሓሳስባታትን እንታይ ከምዝኾኑ'ውን ንተምሃሮ ይሕተትዎም።

እምበኣርከስ መምህር! በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ሕቶታት ምስ ተምሃሮ ምይይጥ ምስገበሩ ብዛዕባ ኣድልዎን ምግላልን ብዝምልከት ሓፂር መግለፂ ይግበሩሎም። ምስዚ መግለፂ ኣድልዎ፣ ምግላልን ምፅያፍን ከመይ ከምዝግለፅ ኣብ ከባቢኹም ብዝርኣዩ ኣብነታት እናገናዘቡ ይግለፁሎም። ተምሃሮ ብዛዕባ ንምግላልን ምፅያፍን መንቀሊ ምኽንያታት ዝኾኑ ኣርባዕተ ፈልዮም ክፈልጥወን ይግበሩ። ምስ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኩነታት'ውን የገናዝብዎም። ቀፂሎም ተምሃሮ ኣብ ሕሙማን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘጋጥምን ዝርኣዩን ምግላልን ምፅያፍን ኣመልኪቶም ኣብ ስድራ፣ ኣብ ስራሕ ቦታን ኣብ ማሕበረሰብን ዝርኣዩ መግለፅታት ምስ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኩነታት እናገናዘቡ ክረድኡ ይግበርዎም። ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ጥዕናውን ማሕበራውን ፀገም'ዩ እንትበሃል እንታይ ማለት ከምዝኾነ ብዝርዝር የረድኡ። ነዚኦም መሰረት ብምግባር መግለፂ ይሃብዎም። ነጥብታት ይፅሓፉሎም።

መምህር! ነዚ መግለፂ ምስሃቡ ንዝበለፀ ስርፀት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ክልተ ኣብ ሰደቓ ዝኣተዉ ፅሑፋት ተምሃሮ ብውነ ክርድእዎን ክመያየጡሎምን ይግበሩ። ብፍላይ ምግላልን ምፅያፍን ብኣረኣእያን ብተግባርን ብዝምልከት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ሰደቓ መሰረት ብምግባር ክመያየጡ ይግበሩ። ድሕሪ'ዚ ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማን ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤድስ ዘስዕቦ ኣሉታዊ ፅልዋ እንታይ'ዩም? ዝብል መሰረታዊ ሕቶ ንተምሃሮ የቕርቡሎም'ሞ ምስ ወለዶምን ካልኦትን ተመያይጦም

መልሲ ሒዞም ንክመፁ ብመልክዕ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ስለዚ ዘምፅእዎም መልስታት ንኣብነት ነፃ ኾይኖም ሕብረተሰብ ከየምህሩ፣ ብኣና የብቅዕ ከይብሉ፣ ሕብረተሰብ ንምብቃል፣ ቫይረስ ኣብ ምግፋሕ ይዋፈሩ፣ ጥንቃቐ ዝጎደሎ ፆታዊ ርክብ ይፍፅሙ፣ ብሕርቃንን ተስፋ ብምቑራፅን ቀልጢፎም ክሞቱ ይገብሩ፣ ምስ ስድራ ዝነበረ ርክብን ዝምድናን ይበታተኽ፣ ናብ ዘየድልይ ጎንፂ ይኣትዉ፣ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብዝተጠናኸረ ኣገባብ ንምክያድ ማሕለኻ ይኾኑ ዝብሉ ከምዝርከብዎም የረጋግፁ።

ብምቕፃል ድማ ብዛዕባ ግደ ማሕበረሰብ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ ተምሃሮ ክምልሱ ይግበሩ። ይመያየጡሉ። ተምሃሮ ብመሰረት ዕዮ ገዛ ንዝወሰድዎ ሕቶ ዘምፅእዎም መልስታት ምስርኣዩ ንመፅሓፍ ተምሃራይ መሰረት ብምግባር ንዝህብዎም መልስታት ጠመተ ይሃቡ። እምበኣርከስ መምህር! ኣብዚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክጥቀሙሎም ዝግብኡ ኣግባብ ኣመሃህራ ሕቶን መልስን፣ ምይይጥ፣ ኮርኳሒ ሕቶ፣ ገለፃ፣ መጠቓለልን ስርፀትን፣ ዕዮ ገዛ፣ ዕዮ ጉጅለን ጂምናስቲክ ኣእምሮን ወዘተ ኣገደስቲዮም። ኣብ መወዳእታ ተምሃሮ ኣብ ጉጅለ ተመቒሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ ሕቶታት ካብ ቤት ፅሕፈት ጥዕናን ቤት ፅሕፈት ማሕበራዊ ጉዳያትን መልሲ ከምፅኡ ይግበሩ። ወይድማ ካብዞም ኣብያተ ፅሕፈት ዕዱም ኣጋይሽ ብምፅዋዕ መግለፅታት ክወሃቦም ይግበሩ።

መምህር! ብዛዕባ ናህሪ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ውራይ ህዝቢ እንተምህሩ ንቕድም ኣብ 5ይ ክፍልን ኣብዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ምዕራፍ ሓደን ዘለዉ መሰረታዊ ሓሳባት መበገሲ ገይሮም ይውሰዱ። ነዚ መበገሲ ገይሮም ተምሃሮ ብዛዕባ ናህሪ ዕብየት ህዝቢ ንክፈልጡ ብስእላዊ መግለፅታት ዝተሓገዘ መብርሂ ይሃብዎም። በዝሒ ህዝቢ ዓለም ሓደ ቢሊዮን ዝበፅሐሉ እዋን መበገሲ ብምግባር በብእዋኑ ሓደ ቢሊዮን ንምብፃሕ ዝወድኡ ዓመታት ይግለፁሎም። ምስዚ ብምትእስሳር ኣብ ኣፍሪካን ብፍላይ ድማ ኣብ ሃገርናን ዘሎ ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ብዝርዝር የረድእዎም። ስለዚ ተምሃሮ በዝሒ ህዝቢ ብናህሪ እናወሰኸ ይኸይድ ከምዘሎ ክፈልጡ ይግበሩ። ኣብዚ ትምህርቲ'ዚ ንተምሃሮ ዝተፈላለዩ ሕቶታት እናቕረቡ ክመያየጡ ይግበርዎም። ምግንዛብ፣ ሕቶን መልስን፣ ገለፃ፣ ኮርኳሒ ምይይጥን ሰሪሕኻ ምርኣይን በብደረጅኡ

ክጥቀሙሎም ዝግብኡ ኣግባብ ኣመሃህራ'ዮም። ስእላዊ መግለፂ'ውን ይጠቐሙ። ብመሰረት'ዚ ድማ ናህሪ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ብርሰት ከባብን ብርሰት ደንን ዘብፅሖ ሳዕቤን ንተምሃሮ እናመያየጡ ይግለፁሎም። ብምኽንያት ናህሪ በዝሒ ህዝቢ ዘጋጥሙ ካብ ዓቐን ንላዕሊ ጋህፂ፣ ብርሰት እንስሳት ዘገዳም፣ ፍግረ መሬትን ውሕስና ምግብን ዝምልከቱ ጉዳያት እናመያየጡ ይግለፁሎም። ንፅዕር'ውን ይግበሩሎም። ስለዚ መምህር! ነዚ ኣርእስቲ እንተምህሩ ብስእላዊ መግለፅታትን ምይይጥን ዝተሰነዩ ገለፃታት፣ ሕቶን መልስታትን ከምኡ'ውን ዕዮ ጉጅለን ዕዮ ገዛን እናተጠቐሙ ንተምሃሮ የረድእዎም። ስለዚ

- ምስ በዝሒ ህዝቢ ተዛሚዱ ዝግበር ብርሰት ኣግራብ ብሰንኩ ዘጋጥም ፍግረ መሬትን ምንካይ ምህርቲ ዘለዎም ዝምድና ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ በዓል ሙያ ሕርሻ ብምዕዳም መግለፂ ክረኽቡ ምግባር
- ካብ ሃገራት ኣፍሪካ ወይ ኢትዮጵያ ብምምራፅ ዘሎ ድርቅን ስእነት መፅለልን ምርኣይ ነዚ ድማ ኣብቲ መወከሲ ፅሑፍ ዘሎ መረዳእታ ምጥቃም
- ብሰንኪ በዝሒ ህዝቢ ዘጋጥም ብከላ ማይን ኣየርን ኣብቲ መወከሲ ብምዝማድን ብፍላይ ኣብ ከተማታት ዘሎ ፀገም ይግለፁሎም።

መምህር! ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ምስ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራውን ከባብያውን ኩነታት ተዛሚዱ ዝህልዎ ፀገምን ዝፈጥሮ ዕልዋታትን ንተምሃሮ ብዝርዝር ይግለፁሎም። ኣብ መወዳእታ ዕዮ ጉጅለን ዕዮ ገዛን ይሃብዎም።

ብሳልሳይ ደረጃ ዘምህርዎ ኣርእስቲ "መሰላት ህፃናትን ደሕንነቶምን" ዝምልከት'ዩ። ነዚ ኣርእስቲ ቅድሚ ምምሃር ምጅማሮም ምስ መሰላት ህፃናትን ደሕንነቶምን ዝተኣሳሰሩ ፅሑፋትን ስእላዊ መግለፅታትን ኣኪቦም ኣብ ትልሚ ምምሃር ምስትምሃር ብውነ ክፅሕፍዎ ይግባእ። ንምድላው ምእንታን ክሕግዞም መሰላት ህፃናት፣ ህፃናት ክፍፅምዎም ዝግብኦም፣ ህፃናት ክፍፅምዎም ዘይግብኦምን ንደሕንነቶም ክኸተልዎም ዝግብኦም መምለጢ ሜላታት ብዝምልከት ምፍላይ ከድልይ'ዩ። እኹል ምድላው ምስገበሩ ንተምሃሮ ብዛዕባ መሰል እንታይ ማለት ከምዝኾነ ብምሕታት ምምሃር ይጀምሩ። ነዚ ሕቶ መሰረት ብምግባር ሰብኣዊ መሰላት እንታይ ማለት ከምዝኾኑ

*ምስ ተምሃሮ ብሕቶን መልስን የመያይጥዎም። ነዚ ምይይጥ ዝሕግዙ ሰነዳት ሰብኣዊ መሰላትን መሰላት ህፃናትን ዝምልከቱ ብምልኦም ናብ ክፍሊ ሒዞም ይምጸተዉ። ንኣብነት ሰነድ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለምን ሕገ መንግስቲ ሃገርናን። ድሕሪ ንተምሃሮ ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ዘለዉ ሲቪልን ፖለቲካዊ መሰላት፣ ባህላውን ማሕበረ ኢኮኖሚያውን መሰላት፣ መሰላት ልምዓትን ድሕንነትን ከባብን፣ ከምኡ'ውን ንፍሉይ ኣባላት ሕብረተሰብ ዝጥምቱ መሰላት በብወገኖም እንታይ ከምዝመስሉ ብዝርዝር ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ስለዚ መምህር! ተምሃሮ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ፅቡቕ ምርዳእ ምስገበሩ መሰላት ህፃናት ናብዝብል መግለፂ ንምእታው ዘኽእሎም ሕቶታት የቕርቡሎም።*

*መሰላት ህፃናት እንትገልፁ ድማ ዝተፈላለዩ ድንጋገታትን ውሳነታትን ዝሓዙ ሰነዳት ናብ ክፍሊ ሒዞም ይእተዉ። ብፍላይ ድማ ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት፣ ሕገ መንግስቲ፣ መጣየሺ ኣዋጅ ሓባሲ ንብዓት ህፃናትን ደቂ ኣንስትዮን፣ መተሓዳደሪ ደንቢ ፓርላማ ህፃናት ወዘተ። ድሕሪ'ዚ ህፃን ዝበሃል መን'ዩ? ዝብል መበገሲ መመያየጢ ሕቶ ከም መንቀሊ ብምውሳድ እቶም ቀንዲ ዝበሃሉ መሰላት ህፃናት እንታይ'ዮም ዝብል ሕቶ የስዕቡ። መሰላት ህፃናት ኣብ ዓብዪ ወረቐት ብግልፂ ፅሑፍ ተዳልዩ ኣብዝርኣይ ይስቀልዎ። ኣብ ሕገ መንግስቲ ብዛዕባ መሰላት ህፃናት ዝተገለፀ'ውን የብርሁሎም። ኣንፈት ኣፈፃፅማ ሓለዋ መሰላት ህፃናት ብዝምልከት ዝርዝር መብርሂ የሃብዎም። መሰላት ህፃናት ኣብ ዓብዪ ጨርቂ ወይድማ ወረቐት ተፃሒፉ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ይስቀልዎ። ተምሃሮ'ውን ካብ ሞንጎ መሰላት ተምሃሮ ሓድ ሓደ እናመረፁ ክገልፁ ይግበሩ። ብጉጅለ ኾይኖም ድማ ክመያየጡ ይግበሩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ መሰላት ተምሃሮ ብኸመይ ኣገባብ እናተኸበረ ከምዝኾነ ብዝርዝር ይግለፁሎም።*

*ነዚ ምይይጥ ምእንታን ክሕግዞም ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ኣብ ግምት የእትዉ፣*

- *ኣብ ዝሓለፉ ጊዝያት ዝተገበሩ ምይይጣት ምዝኽኻር ማለት ኣብ ሕቡራት መንግስቲ ዝተገበረ ስምምዕ መሰል ህፃናትን ኣብ ዩኔስኮ ምስ ትምህርቲ ዝተዛመዱ መሰላት ህፃናት ምርኣይ*

- ኣብ መሰላት ህፃናት ዝተቐመጡ ዓንቐፃት ሕድ ሕዲኦም ይመያየጡሎም። ኩሎም ዓንቀፃት ተኸፋፊሎም ክሕዝዎም ምግባር
- ኣብነታት ምግሃስ መሰላት ህፃናት ማለት ኣብ ስድራ፣ ኣብ ቤት ትምህርትን ኣብቲ ዝነብሩሉ ከባብን ፈልዮም ክፈልጡ ምግባር
- ኣብ ሃገር ዘሎ ምግሃስ መሰላት ህፃናት ንምጥባቕን ሕገ መንግስታዊ መሰሎም ንምሕላው ብመንግስቲ ዝግበር ፃዕሪ ኣብቲ መወከሲ ፅሑፍ ብምዝማድ መብርሂ ምሃብ

ምስዚኦም ብምትእስሳር ምግሃስ መሰላት ህፃናት ከመይ ከምዝግለፁ ብኣብነት እናደገፉ ንተምሃሮ ይግለፁሎም። በብመዓልቱ ክፍለግዘ እንትውዳእ መጠቓለሊ ምሃብን ዕዮ ገዛ ምውሳኽን ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ህፃናት ክበፅሑ ዝኽእሉ ሓደጋታትን ምግሃስ መሰላት ህፃናት ዝምልከቱ ጉዳያትን ንኸይገጥሙ እንታይ ክግበር ከምዘለዎ ማእኸል ዝገበሩ ምይይጣት የካይዱ። ብዛዕባ ህፃናት ዘዛውሩን ንህፃናት ከበድቲ ስራሕቲ እናሃቡ ዘስርሑን ሰባት ኣመልኪቶም ተወሰኽቲ ሓበሬታታት ንተምሃሮ ይሃብዎም። ካብዚ ብተወሳኺ ህፃናት ሓደጋ ንኸይበፅሖም እንታይ ክገብሩ ከምዝግብኦም ብዝምልከት እናመያየጡ መብርሂ ይሃብዎም። ብመሰረት'ዚ ድማ ሓደጋ መኪናን እንስሳን፣ ብክለት ኣየርን ማይን፣ ሕማቕ መሓዛን ኤሌክትሪክን ማእኸል ዝገበሩ ምይይጥን መጠቓለሊን ይግበሩ። ስለዚ ኣብ መወዳእታ ህፃናት ሓደጋ ካብዘብፅሑሎም ጉዳያት ንምክልኻል ክግበሩ ዝግብኦም መሰረታዊ ስራሕቲ ኣብ ዓብዪ ወረቐት ወይድማ ብፕሮጀክተር ፅሒፍኩም ንምይይጥ ኣቕርቡሎም። ምስዚ ተኣሳሲሩ ህፃናት ክገብርዎም ዝግብኡ ጥንቃቐታት ይግለፁሎም።

እምበኣርከስ መምህር! ብዛዕባ መሰላት ህፃናት ዝኣክል መግለፅን ስእላዊ መረዳእታታትን ፅሑፋትን መሰረት ብምግባር እኹል ገለፃን ምይይጥን ምስ ኣካየዱ ኣብ መወዳእታ ንስርፀት ትምህርቲ ዝሕግዙን ንጉጅለ መመያየጢ ተባሂሎምን ዝተዳለዉ ሕቶታት ንጥፈት ብመልክዕ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ምይይጥን መደምደምን ይገበረሎም። ኣካላዊ ምግሃስ መሰላት ህፃናት፣ ስምዒታውን ስነ ልቦናውን ምግሃስ መሰላት ህፃናት፣ ብስነ ፆታዊ ዝምድናን ርክብን ኣመልኪቱ ዝፍፀም ምግሃስ መሰላትን

ብዝበዛ ጉልበት ዝምልከቱ ምግሃስ መሰላት ህፃናት ብዝርዝር ኣብ መጠቓለልን መደምደምን ፆሚቕም ተምሃሮ ብዝርድኦም ኣገባብ ይግለፁሎም። ኣካላዊ፣ ስነ ልቦናዊ፣ ስነ ፆታውን ብጉልበትን ማእኸል ዝገበሩ መሰላት ህፃናት ብዝርዝር ይግለፁሎም። ኣብ ዓብዪ ወረቐት ዕሒፎም ንተምሃሮ ብግልፂ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ሰቒሎም የጠቓልሉሎም።

ኣብዚ ምዕራፍ መበል ራብዓይ ኣርእስቲ ኾይኑ ዝቐረበ ብዛዕባ ጉዳይ ኣጋርነት ዘጎልብቱ ከባብያዊ ውዳበታት እዩ። ስለዚ ንቕድም ብዛዕባ ኣጋርነት ከባብያዊ ውዳበታት እንታይ ማለት ከምዝኾነ ብሕቶ መልክዕ ንተምሃሮ የቕርቡሎም። ተምሃሮ ብዛዕባ ከባብያዊ ውዳበታት ዝፈልጥዎ ነገር እንተሃልዩ'ውን ይሕተትዎም። ብድሕሪ'ዚ ከም ኢጋድ፣ ኔፓድ፣ ሕብረት ኣፍሪካ፣ መድረክ ሃገራት ተፋሰስ ናይል፣ ኮሜሳ ወዘተ ዝበሃሉ ብኣጋርነት ዝተኣሳሰሩ ከባብያዊ ውዳበታት ከምዘለዉ ይሓብሩሎም። ድሕሪ'ዚ ኢጋድ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ብሓፂሩ ምግላፅን ብምቕፃል ድማ ኣባል ሃገራት ኢጋድ ምዝርዛርን ይግባእ። ኣባል ሃገራት ኢጋድ ንምግላፅ ኣብ ካርታ ምብራቕ ኣፍሪካ ኣመልክትዎም። ኣወዳድባን ዕላማን ኣጋርነት በይነ መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ ንተምሃሮ ብግልፂ ቋንቋ ኣረድእዎም።

ብተመሳሳሊ ድማ መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ናይል ተባሂለን ዝፍለጣ ሃገራት ንተምሃሮ ይሕተትዎም። ድሕሪ ሕቶ ይዘርዝርወን። ብዛዕባ መድረክ ሃገራት ተፋሰስ ናይል ዕላማን ዝርዝር ተግባራትን ምስ ረብሓ ኢትዮጵያ ኣተኣሳሲርኩም ንተምሃሮ ግለፁሎም። ካብ ጋዜጣ፣ ዜና፣ መፅሄት ወዘተ ዝተረኸቡ ሓበሬታት መሰረት ብምግባር ተምሃሮ ከንብቡን ክመያየጡን የተባብዕዎም። መምህር! ብዛዕባ መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ናይል ብ1929ን ብ1959 ዓ.ም.ፈ ውዕል ዝተኣሰረሉ ጉዳይ ከምዝነበረን ደሓር ድማ ድሕሪ ዓሰርተ ዓመት ዲፕሎማሲያዊ ፃዕርታት ብ2010 ዓ.ም.ፈ ግብፅን ሱዳንን ዘይተቀበልኦ ውዕል በተን ካልኦት ሃገራት ኣባል እዚ ኣጋርነት መድረክ ተፋሰስ ናይል ተፈሪሙ። ነዚኣን ክልተ መሰረታዊ ጉዳያት ማእከል ብምግባር ተምሃሮ መፅሓፎም ኣንቢቦም ክመያየጡን ክካትዑን ይግበርዎም።

ሩባ ኣባይ (ናይል)ካብ ኢትዮጵያን ካብ ኡጋንዳን ከምዝብገስን ነዚ ተኸቲሉ ዝወርድ ተፋሰስን ሽንጥሮን ኣብ ካርታ ኣፍሪካ መሰረት ብምግባር ንተምሃሮ የርእይዎም። ክልቲኣን ፍልፍላት ሩባ ኣባይ ኣብ ካርቱም ከምዝራኸባ ንተምሃሮ የርእይዎም። ግብፅን ሱዳንን ኣብ ረብሓ ተፋሰስ ኣባይ ብጣዕሚ ዝግደሳ ንምንታይ እዩ። ህይወት ሱዳናውያንን ግብፃውያንን ኣብ ተፋሰስ ሩባ ኣባይ (ናይል) ከምዝተመስረተ ዘመልክቱ ሓበሬታታት ንተምሃሮ ይሃብዎም። ምስዚ ብምዝማድ ሃገርና ንሩባታት ተከዘ፣ ጣናን በለስን ገዲባ ዝሃነፀቶ ሓይሊ ሃይድሮ ኤሌትሪክን ሩባ ኣባይ ድማ ንመስኖን ሓይሊ ሃይድሮ ኤሌክትሪክን ክትጥቀመሉ ምፅዓራ ኣብ ሃገረ ግብፂ መረረት ምልዓሎምን ግብፂ ድማ በይና ንተፋሰስ ሩባ ናይል ክትጥቀም ምድላያ ዝፈጠሮ ኣሉታዊ ዝምድናታት ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ኣብ መወዳእታ ንተምሃሮ ዝተዳለዉ መልመድታት ኣብ ክፍሊ ይስርሑሎም።

# 10. ተወሳኺ መረዳእታ ንመምህር

### ኤች.ኣይ. ቪ/ኤድስ ' ንክጋፋሕ ዝገበሩ ምኽንያታትን ዘስዕቦ ቅልውላውን ለበዳ

### ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንክጋፋሕ ዝገብሩ ምኽንያታት

ኤች.ኣይ.ቪ. ብተፈጥሮ ዝርከብ ዓቕሚ መከላኸሊ ሕማም ሰብነት ቀስብቀስ እናተዳኸመ ንኤድስ ዘቃልዕ ረቒቕ ህዋስ'ዩ:: ኤች.ኣይ.ቪ. ሕማም ኤድስ ክሳብ ዘስዕብ ንብዙሕ ዓመታት ኣብደም ክፀንሕ ይኽእል'ዩ:: ኤድስ ብሰንኪ ኤች.ኣይ.ቪ. ዓቕሚ ተፈጥርኣዊ መከላኸሊ ሕማም ምስተዳኸሙ /ዝተጐድኡ/ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ምቅላዕ ስለዘጋጥም ኣብ መወዳእታ ብርኪ ዝፍጠር /ዝርኣይ/ እኩብ ዝተፈላለዩ ሕማማት እዩ:: ቫይረስ ኤች.ኣይ.ቪ. ኣብ ሃገርና ብዋናነት ዝላበድ ጥንቃቐ ብዝጐደሎ ፆታዊ ርክብ እንትኸውን ብምትንካፍ ደምን ካብ ኣዶ ናብ ዕሸል'ውን እቲ ቫይረስ ይመሓላለፍ'ዩ:: ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝፍውስ መድሓኒት ኾነ ዝከላኸሎ ክታበት የብሉን:: ብተወሳኺ'ውን ዝተፈላለዩ ሕልኽላኽ ፀገማት ስለዝፈጥር ፀገም ጥዕና ጥራሕ ከይኮነስ ኩለመዳያዊ ፀገም ልምዓትን ዕብየትን ኾይኑ ኣሎ::

**ኣብ ታሕሳስ 2007 ዓ.ም.ፈ ኣብ ዓለም ዝነበረ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ**

**1. ምስቲ ቫይረስ ዝነብሩ በዝሒ ህዝቢ**

- ብድምር 33.2 ሚልዮን [30.6 – 36.1 ሚልዮን]
- ዓበይቲ 30.8 ሚልዮን [28.2 – 33.6ሚልዮን]
- ደቂ ኣንስትዮ 15.4 ሚልዮን [13.9 – 16.6ሚልዮን]
- ህፃናት ትሕቲ 15 ዓመት 2.5 ሚልዮን [2.2 – 2.6ሚልዮን]

**2. ኣብ 2007 ዓ.ም.ፈ ሓደሽቲ በቲ ቫይረስ ዝተትሓዙ**

- ድምር 2.5 ሚልዮን [1.8–4.1 ሚልዮን
- ዓበይቲ 2.1 million [1.4–3.6ሚልዮን]
- ህፃናት ትሕቲ 15 ዓመት 20 000 [350 000–540 000]

**3. ኣብ 2007 ብኤድስ ዝበፅሐ ሞት**

- ብድምር 2.1 ሚልዮን [1.9–2.4ሚልዮን]
- ዓበይቲ1.7 ሚልዮን [1.6–2.1ሚልዮን]
- ህፃናት ትሕቲ 15 ዓመት 330 000 [310 000–380 000]

*ፍልፍል፡- ውድብ ጥዕና ዓለም፣ 2007 ዓ.ም.ፈ*

ንምግፋሕ ኤች.ኣይ. ቪ/ኤድስ ምኽንያት ዝኾኑ ድኽነት፣ ድሑር ልምድን መነባብሮን ወዘተ ኣስተዋፅኦ ገይሮም'ዮም። ብተወሳኺ ትሑት ፍልጠት ብፍላይ ኣብ ገጠር ሕብረተሰብና ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ናይ ከተማ ሕማም ጥራሕ ገይርካ ምውሳድ ከም ኣብነት ዝውሰዱ'ዮም። ኣብዚ ሕዚ እዋን እቲ ለበዳ ናይ ሕብረተሰብና 85% ዝኸውን ሓረስታይን መፍረይ እንስሳን /ሰበኽ ሳግም/ ናብ ዝነብረሉ ከባቢ ኣብ ምግፋሕ ይርከብ።

ብተወሳኺ ብመንግስታዊን ዘይመንግስታዊ ትካላት ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ ብዝግባእ ተግባራዊ ዘይምኻኑ፣ ንሕሙማት ኤድስን ዘኽታማትነን ዝግበር ሓገዝን ክንክንን ማሕበረሰብ መሰረት ዘይምግባሩ፣ ስርዓት ዝርግሐ ሓበሬታ ብዛዕባ ኤድስ ብማሕበረሰብ ብርኪ ዘይምዝርግሑን ዝተዋደደ ምንቅስቓስ ዘይምግባሩ እቲ

ለበዳ ክጋፋሕ እጃም ኣለዎም። ብፍላይ ነዚ ለበዳ ዝገደደ ሕልክላኽ ክኸውን ካብ ዝገበሩ ምኽንያታት

- ምዕማፅን ምድፋርን ደቂ ኣንስትዮ ምብዛሑ
- ንህፃናት ኣብ ዘይዕድሚኦን ክምርዐዋ ምግባርን ምዝራፍን ብገፊሑ ዝርኣይ ምኻኑ
- ብዛዕባ ጉዳይ ፆታዊ ርክብ ስልጣን ምውሳን ኣብ ኢዱ ወዲ ተባዕታይ ምኻን
- ብኤች.ኣይ.ቪ. ከምዝተትሓዘ እናፈለጠ ጓል ንሓዳር ዝሓፂን ገዝሚ ተቐቢሉ ዝፈቕዱ ቤተሰብ ምርኣይ
- ብሰንኪ ዱኽነት ንዝሙት ዝተቓልዓ ደቂ ኣንስትዩ ብዘይኮንዶም ፆታዊ ርክብ ክፍፅሙ ብዝደልዩ ሰባት ተገዲደን ምፍፃመን
- መሰል ደቂ ኣንሰትዮ ዘይምርግጋፁ
- ብዛዕባ ፆታዊ ርክብ ምዝርራብ ከም ነውሪ ምርኣይ

### ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝፈጥሮ ፅልዋ

ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብ ዘስዓቦ ሕማምን ሞትን ብተወሳኺ ዝተሓላለኹ ኢኮኖሚያዊ፣' ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊን ስነ ኣእምሮኣውን ፀገማት ዘስዕብ እንትኸውን ነዚ ፀገም ብእዋኑ ምላሽ ዘይውሃቦ እንተኾይኑ መጠን ጥፍኣቱ እናገፍሐ ኸይዱ ሕዚ ዘሎን መፃኢ ትውልድን ኢሉ'ውን ህልውና ሃገርና ኣብ ሓደጋ ዘጥሕል ክኸውን ይኽእል'ዩ።

### ሀ. ኣብ ጥዕና ዘሕድር ፅዕንቶ

ኣብ'ዚ ሕዚ እዋን ኣብ ሆስፒታል ካብ ዘለው ዓራውቲ ልዕሊ ፍርቂ ዝኾኑ ብሕሙማት ኤድስ ዝተትሓዙ'ዮም። እዚ ድማ ወፃኢ ጥዕና ትካላት ክውስኽ ካብ ምግባሩ ንላዕሊ ኣብ ምትእንጋድ ሕሙማት ኣሉታዊ ፅዕንቶ የሕድር። ለበዳ ኤች.ኣይ. ቪ/ኤድስ ኣብ ጥዕና ሴክተር ብፍላይ ኣብ ሓይሊ-ሰብ ሞትን ሕማምን ክመናመን ይገብር። ከምኡ'ውን ሓደሽቲ ድልየታት ግልጋሎታት ጥዕና ብስድራ ብርክን ብትካላት ክውስኹ ይገብር። ንኣብነት ንሕሙማን ኤድስ መንበሪ ገዛ መሰረት ዝገበረ ክንክን ካብ ኣዶ ናብ ዕሽል ዝመሓላለፍ ቫይረስ ምክልኻል ሕክምና መድሓኒት ፀረ-ኤች.ኣይ. ቪ/ኤድስ፣ ሳንባ ነቀርሳን ካልኦት ተላበድቲ ሕማማት

ዝሓመሙ ሕሙማት ቑፅሪ ምውሳኹን እዚ ድማ ኣብቲ ግልጋሎት ጥዕና ፀቕጢ ክምዝፈጥር ይእመን።

### ለ. ኣብ ስነ-ኣእምሮን ማሕበራዊ ጉዳያት ዝፈጥር ፅዕንቶ

ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብ ዝተግሃደሉ እዋን ጀሚሩ መብዛሕትኡ ህዝቢ ብስግኣትን ጭንቅን ክነብር ምክንያት ኾይኑ ኣሎ። ንህዝቢ ካብ ዘስግኡ ቀንዲ ምኽንያታት እቲ ቫይረስ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብፆታዊ ርክብ ምትሕልላፍ ኮይኑ እዚ ድማ ኣብቲ ሕብረተሰብ ብዛዕባ ፆታዊ ርክብ ብግልፂ ክዘራረብ ዘይምኽኣሉን ነቲ ሕማም ዝፍውስ መድሓኒት ዘይምርካቡ ተጠቀስቲዮም። ቫይረስ ኤች.ኣይ.ቪ.ናብ ሰውነት ምስ ኣተወ ንነዊሕ እዋን ዝኾነ ዓይነት ምልክት ክነብር ምኽኣሉ እቲ ካሊእ ፍልፍል ፍርሒን ጭንቅን'ዩ።

ብካልእ መዳይ ብኣጋጣሚ ኾነ ብድልየቶም ተመርሚሮም ብቫይረስ ኤች.ኣይ.ቪ. ክምዝተትሓዙ ዝፈለጡ ሰባት መድሓኒት ብዘይብሉ ቫይረስ ልዕሊ ምትሓዞም ሕብረተሰብ ብዘርእዮም ምግላልን ምፅያፍን ዝፈጥረሎም ብስምዒት ጥፍኣተኛነት ስነ-ኣእምሮኦም ስለዝጉዳእ ንባዕሎም ክሓብኡን ናብ ዝገደደ ቅልውላው ስነ ኣእምሮ ክኣትው ሕድ ሕዲኦም ድማ ናብ ዝተጋገየ ስምዒት ሕነ ምፍዳይ ክምርሑ ይደፋፍኦም።

ብስድራ ብርኪ ዝፍጠሩ ፀገማት ማለት ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዉ ሰላማውን ማሕበራውን ርክባት ብምዝባዕ ዘለዉ ማሕበራዊ እሴታት /እድር፣ ዕቑብ ወዘተ/ ክይጥቀም ኣገዲድዎ'ዩ። ኣብ ገዛ ብሰንኪ ኤድስ ዝሞተ ወይድማ ዝሓመመ ኣቦ እንድሕር ኾይኑ ኣብ ልዕሊ ሰበይቲ ዝፈጥሮ ፅዕንቶ ኣዝዩ ከቢድ'ዩ። እዚ ጉዳይ መብዛሕቲኡ እዋን ደቂ ኣንስትዮ ናይ ባዕለን እቶት ስለዘይብለን ሰብኣየን እንትመውት ወይድማ እንትሓምም ስድረኣን ንምሕብሓብ ዓቕሚ ስለዘይህልወን ተወሳኺ ስራሕ ክሰርሓ ይግደዳ ብተወሳኺ ገንዘብ ንምርካብ ናብ ሓደገኛ ዝኾነ ናብራ ውሽጢ ክኣትዋ ይኽእላ።

## ሐ. ኣብ ኢኮኖሚ /ቁጠባ / ዝፈጥሮ ፅዕንቶ

ኣብ ሃገርና ክመፅእ ዝተተለመ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ራእይ መሰረት ዝገብር ሓይሊ ሰብን ሃፍቲ ተፈጥሮን እዩ። ይኹን'ምበር እዚ ናይ ልምዓት ራእይና ክትግበር ተባሂሉ ዝእመነሉ መፍረያይ ሓይሊ ሰብ ካብ ዝኾነ ክፋል ሕብረሰብ ብዝለዓለ መጠን ብኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ እናተጠቐዐ ይርከብ። ብሰንኪ ኤች.ኣይ.ቪ ዝመፅእ ሞት ነቲ ዝመውት ውልቀ ሰብ ካብ ምስኣን ሓሊፉ ብመንፅር ምንካይ ምህርቲ ንማሕበራዊ ድሕንነት ዝወፅእ ወፃእን ብሓፈሻኡ ኣብ ዕብየት ሃገር ካብ ዝፈጥሮ ፀገም ክረኣይ ኣለዎ። ዝርግሐ ናይ'ዚ ለበዳ እቲ መብዛሕትኡ ህዝብና ናብ ዝርከበሉ ገጠር እናተጋፍሐ ስለዝርከብ እቶት ክንኪ ኣብ ልዕሊ ምግባሩ ነቲ ሓረስታይ ብዙሕ ስራሕ ዘይጠልቡ ምህርቲ ናብ ምምራት ክዘውር ብምግባር ንወፃኢ ዕዳጋ ዝቐርቡ ውፅኢት ምህርቲ ክቕንሱ እናገበረ በቲ ካሊእ መዳይ ወፃኢኡ /ንሕክምናን ምግብን /ክውስኽ ብምግባር ራእይ ውሕስና ምግቢና ክመክን ይገብር።

## ኣብ ፍትሒ፣ ሰላምን ሰናይ ምምሕዳርን ዘብፅሖ ሓደጋ

ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን ባዕሎም ራእይ ዘለዎ እኹል ብዝኾነ መጠን ዓቕሙ ዝተሃነፀ ፈፃሚ ዝደልዩ ዓንዲ ሰላምን ልምዓትን'ዮም። ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብሓደ ወገን ኣብ ውሽጢ ፍትሕን ስርዓት ምምሕዳርናን ዘሎ ሓይሊ ሰብ እናጥቀዐን እናቐተለን ይርከብ። ብካሊእ መዳይ ድማ ኤድስ ብዝፈጥሮ ማሕበራዊ 'ስነ-ኣእምሮኣዊ' ጥዕናውን ሕጋውን ቅልውላው ሓደሽቲ ሕቶታት ፍትሒ 'ንኣብነት በቲ ቫይረስ ከምዝተተሓላዝካ እናፈለጥካ ፈሊጥካ ምምሕልላፍ፣ ሕቶ ንብረት ዘሽታማት' ድኽነትን ምስ ማሕበራዊ ቅልውላው ዝተተሓዙ ገበናት ወዘተ ስርዓት ምምሕዳርን ፍትሒን ዝፈታተኑ ዛዕባታት እዩም።

ኣብ ሃገራዊ ፖሊሲታትና ብግልፂ ከምዝተቐመጡ ልምዓትን /ካብ ድኽነት ምውፃእ / ሰናይ ምምሕዳርን ናይ ሓደ ሳንቲም ክልተ ገፃት'ዮም። እዞም ኣጀንዳታት ሃገራዊ ምርድዳእ ክብፅሓሎም ዝግብኡ ፖሊሲታትና ከጥንጥነሎም ዝግባእ ዓንኬላት እዮም። ካብ ድኽነት ምውፃእ ሰናይ ምምሕዳር ምርግጋፅ ሕቶ ህልውና ህዝብናን ሃገርና ኢትዮጵያ ክትቅፅል ወይድማ ከይትቕፅል ዝገብራ ጉዳይ'ዩ።

**ናህሪ በዝሒ ህዝቢ**

ህዝቢ ንክበዝሕን ንክውሕድን ዝገብርዎ ቀንዲ ምኽንያታት

1. ሓደ ስድራ እቶት ውሑድ እንተኾይኑ ናይ ሞት መጠን ስለዝበዝሀ እቲ ስድራ ንመከሓሓሲ ኢሉ ብዙሕ ዕያል ንኽህልዎ ይደልን ይፅዕርን::
2. ናይ ስድራ እቶት ምዕባይ ብኣንፃሩ ፅቡቕ መነባብሮ ዝተማልአ ትምህርትን ጥዕናን ስለዝጠልብ ውሑድ ዕያል ምድላይ::
3. ምስ እቶት ምውሳኽ ሓቢሩ ናይ ናብራ ምንሃርን መዋቲ መጠን ብኣንፃሩ ምቕናስ ስለዘስዕብ እቲ ስድራ ውሑድ ቆልዓ ምድላይ'
4. ናይ መነባብር ናህሪ ብሓፈሻ ኣብ ሞንጎ መወትን ዝውለዱ መጠንን ዘሎ ኣፈላላይ ንኽፀብብ ስለዝገበሮ ኣብ ሕድ ሕድ ሃገራት እቲ ዝውለድ ነቲ ዝመውት ምትካእ ይሳኣኖ።
5. ናይቲ ኢኮኖሚ ዕብየትን /ኣወሳስዳ መጠን ኻሮቲን / ናይቲ ስድራ ብርኪ ትምህርትን ዝነብሮም ዕያል ይውሰን::
6. ዝተጋየፀ ናብራ ምድላይን ኣብ ሕድ ሕድ ቦታታት ዝነብረካ ማህበራዊ ተሰማኢነት ዝውሰን ብዝህልወካ ኢኮኖሚያዊ ትሕዝቶ ብምኻኑ ሰባት ብዙሕ ተቐባልነት ኣብ ሕብረተሰብ ንኽህልዋም ውሑዱ ዕያል ይመርፁ::

ዲሞግራፊክ ለውጢ ኣብ ሓደ ሃገር ንክፍጠር ዘድልዮ ቀንዲ ምኽንያት መጠን ውልደት፣ መጠን ሞትን መጠን ፍልሰት ህዝብን እዮም::

1. መጠን ውልደት፣ በብዓመቱ ዝውለዱ ህፃውናት ምስቲ ብህይወት ዘሎ ተደሚሩ ዝርከብ ኾይኑ እዚ ድማ ትሑትን ላዕላዋይን ይበሃል:: ኣብ ሓንቲ ሃገር ብዝህልውዋ ቴክኖሎጂ፣ ትምህርትን ብርኪ ዕብየትን መጠን ዕያልን ይውሰን::
2. መጠን መወትቲ፣ እቶም ዝሞቱ ካብቱ ዝነበረን ዝውለዱን እናተቐነሰ ዝርከብ እንትኸውን ዕብየት ኢኮኖሚ ነዚ ወሳናይ እዩ። ንኣብነት ኣብ ኡጋንዳ 1200፣ ኢትዮጵያ 850 (ኣብዚ እዋን ናብ 670 ነክዩ ኣሎ)፣ ስዊድንን ካናዳን 5 ካብ 100000 ኣዴታት ምስ ሕርሲ ተዛሚዱ ከምዝሞታ መረዳእታታት ይሕብሩ።
3. ፍልሰት ሓደ ክፋል ማሕበረሰብ ብዝተፈላለየ ምኽንያት መረበቶም ገዲፎም ክኸዱ እንከለው እዩ::

**ስነ ህዝብን ከባቢን ብዝምልከት ዝተገበሩ ዓለም ለኻዊ ኮንፈረንሳት (ጉባኤታት)**

1. ክሳብ ሮማ እናተብሃለ ዝፍለጥ ዋዕላ ንፈላማይ ጊዜ ከባቢ ዝምልከት ፍሉይ ጠመተ ዝበሃል ኮንፈረንስ ነይሩ:: መበገሲ ጭርሖ ገይሩ ዝወሰዶ ብከላ ከባቢ ብሰንኪ ቴክኖሎጅን በዝሐ ህዘቢ ስለዝኾነ ጠመተ ንክገብር ፃውዒት ገይሩ ዝነበር ሓሳብ ብሓፈሻ ብከምዙይ ደምዲሙ "The world has cancer, the cancer is man"
2. 'ስምምዕ ፎኔክስ' ዝበሃል ኣብ ሓንቲ ገጠር ስዊዘርላንድ ዝተገበረ ዋዕላ ምሁራት እንትኸውን በቲ እዋን ዘሕለፎ ውሳነ ድማ ድኽነት ካብ ብከላ ተፈልዩ ዘይርአይ ፀገም ስለዝኾነ ንምጥፋእ ድኽነት ፃዕሪ ይገበር ኢሎም::
3. ኣብ ሃገረ ስዊድን 'ስቶክሆልም ኮንፈረንስ' ዝተኻየደ ኮይኑ ኣብዚ እዋን ናይ ሳልሳይ ዓለም  ሃገራት ኣብ ሓደ ዕላማ ብምስላፍ ከባቢን ብሰንኪ ዝዓበዩ ሃገራት ትበርስ ከምዘላ ብምትእምማን ነዚ ድማ ዘለዉ ቴክኖሎጂ ምስ ከባቢ ክዛመዱ ከምዘለዎም ሓቢረን
4. ሜክሲኮ ኮንፈረንስ ኣብዚ እዎን በዝሒ ህዝቢ ጠመተ ዝገበር እንትኸውን ዘዱሃበሉ መሰረት ሓሳብ ድማ ትልሚ ቤተሰብ ነይሩ ስለዝኾነ ንሽግራት ምጣነ ስድራ ገምጊሙ ናይ ባዕሉ ደውታ ወሲዱን ብዝተጠናኸረ መልክእ ንክኻየዱ ድማ ፃውዒት ገይሩ
5. ሪዮ ዲ ጄኔሮ /1992/ ዝተገበረ  (the summit conference ) እናተብሃለ ዝፅዋዕ ዋዕላ ካብ 100 ንላዕሊ መራሕቲ ሃገራት ዝተረኽብዎ ንመጀመርታ ግዘ ከባቢ ብዝምልከት ዝተካየደ ኮንፈረንስ እንትኸውን ሃፍታም ሃገራት ንድኻታት ሃገራት ካብዚ ንዝስዕቡ  ነገራት ሓገዝ ንኽውሃብ ተስማሚየም::

- ኣብ ድኽነት ምጥፋእን ከባቢያዊ ጥዕና ኣብ ምሕላዉ ዝግበር ፃዕሪ ምስታፍን በጀት ምምዳብን
- ከባቢ ምሕዋይን ኤክስቴንሽን ናይ ምግፋሕ ሰራሕቲ ዝምልከቱ ጉዳያት ኣብ ባይታ እንትፍፀሙ ንዕቀባ ተፈጥሮ ሃብቲ ኣድላዪ ሓገዝ ምግባር
- ትልሚ ቤተሰብ ምግፋሕን ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ  ምዕባይን ከምኡ'ውን ዕድል ስራሕ  ምፍጣር

- ናይ ተፈጥሮ ሚዛን ንኸሕለው ዝማዕበላ ሃገራት ሓገዝ ምሃብ ብፍላይ ኣብ ዓለም ለኻዊ ዕፅንቶ ዘለዎም ከባብታት ከም ትሮፒካል ፎረስት ዝመሳሰሉ ፍሉይ ጠመተ ምግባር
- ለውጢ ኣየር ብሓፈሻን ዋዒ መሬት ዛፍን ኣብ ዝፈጥሩ ናይ ካርቦን ኤነርጂ ንኽንኪ ምግባርን ካልኦትን ዝብሉ ነይሮም።

6. ኪዩቶ ጃፓን /1997/ ኣብዚ ብፍላይ ዝተወሰነ ሃፍታም ሃገራት ከምኒ ኣሜሪካ፣ ጃፓንን ጀርመንን ካልኦትን ከከም ብርኪ ዕብየት ኢኮኖሚኣን ተዛሚዱ ካርቦን ናይ ምንካይ ኮታ ተዋሂብወን ዝነበረ እንትኾን ነዚ ውሳነ ግና ኣመሪካ ስለዘይተቐበለቶ ኣብ ኣፈፃፅማ ፀገም ዝነበሮ'ዩ።

ስለዝኾነ ዕላማታት ስነ ህዝቢ ኣብ ሃገርና ብፍላይ ኣብ ክልልና ምስ ከባብያዊ ልምዓትን ስራሕቲ ሓለዋን እናተዛመደ ድኽነት ኣብ ምጥፋእን ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ብሓፈሻ ምስዞም ዝስዕቡ ዕላማታት ሓቢሩ ጠመተ ዝውሃቦን ይኸውን። ንኣቶም ድማ

- ድኽነት ንምጥፋእ ካብ ዘድልዩ እታዎታት (Inputs) እቲ ሓደ ትልሚ ቤተሰብ ምስ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ዝተዛመደ ንክኸውን ምፅዓር
- ድኽነት ምጥፋእ ናይ ቴክኖሎጂ ምዕባለን ቁፅፅር ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ተታሒዙ ክኻዓዝ ምግባር
- ዓበይቲ ናይ ልምዓት ፕሮጀክታት ምስ ቁፅፅርን ፀገም ከባቢ ተዛማዲ ንክኽዱ ምግባር
- ኣብ ምህርቲ ሕርሻ ዓቢይ ጠመተ ምሃብን ሃፍቲ ተፈጥሮ ብኣግባቡ ንልምዓት ከምዝውዕል ንህዝቢ ምስትምሃር ናይ መስኖ ግልጋሎት ከባቢ ብዘይጎድእ መልክዕ ምግፋሕን '
- ድኽነት መጥፋእ ካብ ገፀር ብፍላይ ካብ ሕድሕድ ስድራ ከም ዝጅምር /ስራሕቲ ስነ ህዝቢ ድማ ብኸምኡ/
- ናይ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ሕብረተሰብን ውልቀሰባትን ኣብዚ ምንቅስቓስ ርኡይ ተሳትፎ ንኽገብሩ ምትሕብባር
- ኣብ ሞንጎ ዓለምኻዊ ትካላት ንጡፍን መሰረቱ ልምዓት ዝገበረ ትሕብብር ምፍጣርን ነዚ ኣገባብ ምጥንኻርን
- ናይ ደቂ ኣንስትዮ ተሳትፎ ክብ ምባልን እዮም::

## መትከላት ሰብኣዊ መሰል

### ሰብኣዊ መሰል እንታይ ማለት እዩ?

ሰብዓዊ መሰል ደቂ ሰባት ኣብ መሬት እንትነብሩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላዊ መሰሎም ተሓብሒቡ ንሰባት ዝውሃብ ዝግበኦ ክብሪ ብተግባር ክምስክር ከምዘለዎ ሓበራዊ ምርድዳእ ምግባርን ብሕጊ ምርግጋፅን ዝሓቖፈ ሰፊሕ ትርጉም ዘድልዮ ኣምር እዩ። ሰብኣዊ መሰል ዓለምለኻዊ ባህርይን መዐቀንን ኣለዎ። ምሁራት ከምዝብልዎ ከይድን ኣገባብን ሰብኣዊ መሰል ሓደ መሸኮት ሃልይዎ ኩሎም ባህልታትን ልምድታትን ህዝብታት ይኹኑ ውልቀ ሰባት ኣብዚ ተጠሚሮም ዝነብሩሉ እዩ። ምኽንያት ኩሎም ህዝብታት ኣብ ሰብኣዊ መሰል ሓደ ዓይነት ድልየትን ሓሳብን ስለዘለዎም ይኸውን። መበቆል ሰብኣዊ መሰል ካብ ኣፈጣጥራ ወዲሰብ ዝተበገሰ ኮይኑ ኣተገባብርኡ ይፈላለ እምበር ኣተሓሳስብኡ ግና ካብ ጥንቲ ከምዝኾነ ይንገር። ነዚ ተፈጥሯውን መሰልን መበቆሉን ዝመንጨወ ከምዝኾነ ብዙሓት ዝኣምኑሉ። ነዚ ኣበሃህላ ስፍሕ ብዝበለ ኣገላልፃ ወዲ ሰብ ብናፅነትን ብመሰልን ናይ ምንባር ተፈጥሮኣዊ ሕጊ ከምዘሎ እንትሕብሩ ነዚ ዘይምሽባር ማለት ድማ ንሕጊ ተፈጥሮ ምጥሓስ ከምዝኾነ ይግለፅ።

ሰብኣዊ መሰል ትርጉሙ ብጣዕሚ ዝልጠጥን ብግልፂ መወዳእትኡ ንምንፃር ከምዘፀግምን ኣብ ኩሉ ኣረዳድኡ ንምንፃር ከምዘፀግምን ኣብ ኩሉ ኣረዳድኣ ሓደ ዓይነት ትርጉምን ደረቱን ንምግላፅ ኣፈላላይ ከምዘሎ'ዩ ዝረአ። ነዚ ስለዝኾነ ድማ ሰብኣዊ መሰል ብኣገዳስቲ ዝበሃሉ ዓምዲ ነጥብታት ተመቒሎም ዝረአ። ነዚ ስለዝኾነ ድማ ሰብኣዊ መሰል ብኣገደስቲ ዝበሃሉ ዓምዲ ነጥብታት ተመቒሎም ንምርኣይን ንምምኻርን ዝሕሰቡ። እዚኦም ድማ ሲቪልን ፖለቲካውን መሰል፣ ኢኮኖሚ፣ ማሕበራውን ባህላውን መሰል፣ ዘርኣዊ ኣፈላላይ ምውጋድ፣ ዘይፍትሓዊ ማለት ጨካንን ኢሰብኣዊ ዝኾነ መቕፃዕቲ ምውጋድ፣ መሰል ደቂ ኣንስትዮን ህፃውንትን ምሕላው ዝብሉ ቀንዲ መትከላት ዝገበረ ምርድዳእ ኣሎ። ነዚኦም ኣብ ምትግባር ድማ በብሃገሩን ስርዓቱን ኣፈላላይ ይረኣ። ንምምሕያሹ ድማ ብተናፀልን ብሓባር ዘየቋርፅ ቃልሲ እናተኻየደ ይርከብ።

ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰል ብዙሕ ዝተፅሓፈን ዝተብሃለን ኾይኑ ኣጠቓሊልካ እንትረአይ ግና መልእኽቱ ሓደ ዓይነትን ዝመሳሰልን ከምዝኾነ ካብቶም ንትርጉም ሰብኣዊ መሰል ዝተውሃቡ ዝስዕቡ ነጥብታት ንምርኣይ ይከኣል።

- ❖ ሰብዊ መሰል ሓደ ክፋል መሰል ጥራሕ ተገይሩ ዝውስድ እንተይኮነስ ናይ ሰባት ብህይወት ምንባር ዝውስን ኣገዳሲ ዓለማዊ፣ ሃገራውን ክልላውን ውራይ እዩ።
- ❖ ሰብኣዊ መሰል ምጥሓስ ማለት ናይቲ ህዝቢ ባህላዊ መነባብሮ ዝጎደሎን ዘዳኽመን ክያዱ'ዩ።
- ❖ ውልቀ ሰባት ማንም ክግህሰሎም ዘይኽእል ተፈጥሮኣዊ መሰል ኣለዎም እዚ ድማ ሰብኣዊ መሰል ይበሃል።
- ❖ ሰብኣዊ መሰል ከም ሓደ ኣካል ሞራላዊ ንብረት ዝውሰድ ኾይኑ እዚ ድማ ኩሉ ዝኣምነሉን ናይ ስነ ምግባር ባይታ ሒዙ ንዘመናት ምስ ደቂ ሰባት ሓቢሩ ዝፀንሐ እዩ።
- ❖ ሰብኣዊ መሰል ኣብዚ እዋን ዘመናዊ መልክዕ ኣተሓሳስባን መትከልን ሒዙ ኣብ ሕብረተሰባዊ ለውጢ ርኡይ ግደ እናፈጠረ ኣብ ሕድ ሕድ ሃገራት ኮነ ኣብ ዓለም ዘይንዓቕ ምዕባለ እናመዝገበ ንኽመፅእ ሓጋዚ ኮይኑ ይርከብ።
- ❖ ሰብኣዊ መሰል ናይ ደቂ ሰባት ክብርን ( Dignity) መግለፂ ማሕበራዊ ፍትሒ ኮይኑ ብሕጊ ይኹን ብተግባር ኣብ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ንኽረጋገፅን ንኽሕሉን ዝገብር ሰፊሕ ባይታ ዝሓዘ ሞራላዊ ፣ ፖለቲካውን ሕጋውን መትከል እዩ።

ዓለም ካብ ሕሉፍ ናይ ጥፍኣት ታሪኽ ትምህርቲ ንክትወስዱ ኣብ ፅላል ሕቡራት መንግስቲ ብ1948 ዓ/ፈ ኩለመዳያዊ (ኣድማሳዊ ) ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት (Universal Declaration of Human Rights ) ክሕንፀፅ ተኽኣለ። ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ መእተዊ ዝተገለፀ እገዳስነት እዚ ኣዋጅ ነዚ ዝስዕብ ይመስል።

"ኣብ ዓለም ንኹሎም ደቂ ሰባት ተፈጥሮኣዊ ክብርን ማዕርነትን ዘኽብሩ መትከላት ሰብኣዊ መሰላት ምቕባል መሰረት ነፃነት፣ ፍትሕን ሰላምን ስለዝኾነ፣ ንሰብኣዊ

መሰላት ትኹረት ዘይምሃብን ነዚ ምጥሓስን ድማ ንሕልና ዝወቅስን ኣረሜናዊ ተግባራት ካብ ምስዓብ ሓሊፉ፤ ዓለምና ካብ ፍርሕን ፀገምን ነፃ ክትኸውን ስለዘይትኽእል፣ ካብዚ ተበጊሱ ህዝቢ ምልክን ወፅዓን ንምውጋድ ቃልሲ ስለዘካይድ ነዚ ንምንካይ ሰብኣዊ መሰል ብሕጊ ክኸበር ናይ ግድን ስለዝኾነ፤

ህዝብታት ውድብ ሕቡራት መንግስቲ ኣብ ቻርተር ሕቡራት መንግስቲ ብግልፂ ዝተቐመጠ ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ማለት ንኽብርን ልዕልናን ሰብኣዊ ፍጡር፣ ንማዕርነት ደቂ ተባዕትዩን ኣንስትዩን ዘለዋም እምነት ብምርግጋፅ ናብ ዝሰፍሐ ናፅነትን ማሕበራዊ ምዕባለን ዝሓሸ መነባብሮ ንምዝርጋሕ ወሲኑ እዩ። እዚ ጠለብ መሊኡ ንኽረጋገፅ ኣብዞም መስላትን ናፅነታትን ሓበራዊ ምርዱዳእ ምሓዝ ብጣዕሚ ኣድላይ ስለዝኾነ፤

ኩሎም ህዝብታትን መንግስትን ብውልቀ ይኹን ብማሕበረሰብ ኩሉ ጊዜ ብምዝካርን እኹል ክብሪ ንኽረኽቡ ብምስትምሃር ኣብዚ ውራይ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ስጉምቲ እናተወሰደ እዘን ኣባል ሃገራት ነዞም መሰላት ክቕበላን ከተግብራን ሓለዋ ክገብራን ምእንቲ ነዚ ዓለምለኸ ኣዋጁ ሰብኣዊ መሰል ኣዊጁዎ ኣሎ "ይብል።

ኣብ ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ 45/94 ዓንቀፅ 10 ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ዝገልፁ ክልተ ንኡስ ዓንቀፃት ምስቲ ቅድም ክብል ትርጉም ሰብኣዊ መሰል ብቐረባ ዝዛመዱ ሃገርናን ክልልናን ዝተቐበሎም ወራያት ኣለው። እዚኦም ድማ 10/1 ሰብኣዊ መሰላትን ናፅነታትን ካብ ተፈጥሮ ወዲ ሰብ ዝፍልፍሉ ዘይጠሓሱን ዘይግፈፉን እዮም። 10/2 ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ዜጋታትን ህዝብታት ዝተኸበሩ እዮም ብምባል ሓፈሻዊ ስእሊ ሰብኣዊ መሰል ተቐሚጡ ኣሎ። እዚ ድማ ብቐጥታ ምስ መትከላት ሕቡራት መንግስቲ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰል ርክብ ዘለዎን ሃገርና ከም ኣባልነትና ክተኸብሮን ክተተግብሮን ቃል ዝኣተየትሉ እዩ።

## ኔፓድ (ሓዱሽ ምትሕብባር ንልምዓት ኣፍሪካ)

**ኣመሰራርታ፤** እዚ ውዳበ ናይ ሕብረት ኣፍሪካ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ፕሮግራም **ኾይኑ** ኣብ መበል 37 ኣኼባ መራሕቲ ሃገራት ኣብ 2001 ኣ.ፈ ኣብ ሉሳካ ዛምቢያ ዝተጣየሸ'ዩ። ኔፓድ ዕላማ ዝገበሮን ዘለዎ ራእይን ነዚ ኣመልኪቱ ዝቐረፃ ፖሊሲ ማዕቀፍ ዘመላኽቶ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ኣፍሪካ ኢኮኖሚ ምትሕብባርን ምውዳድን ንምጉልባት ዝዓለመ'ዩ። ኔፓድ ካብ ውህደት ክልተ ዝተፈላለያ ጉጅለታት ዝተመስረተ እንትኾን እዚኦም እቲ ሓደ ብነበር መራሒ ደቡብ ኣፍሪካ ታቦ ኢምቤኪ ዝምራሕ ዝነበረ ፕሮግራም ሓድነት ሚሌኒየም ንእግሪ ምትካል ኣፍሪካ ኾይኑ ብኻሊእ ገፅ ኦሜጋ ትልሚ ንልምዓት ኣፍሪካ ዝበሃል ብፕረዚዳንት ሴኔጋል ኣብዱላየ ዋዴ ዝምራሕ ነይሩ።

ብዋናነት ኔፓድ ዓርባዕተ መሰረታዊ ዕላማታት ኣለዎ፤

- ድኽነት ንምውጋድ
- ዘላቒ ዕብየትን ልምዓትን ንምብርትታዕ
- ናይ ኣፍሪካ ኢኮኖሚ ምስ ናይ ዓለም ኢኮኖሚ ምውዳድ
- ተጠቃምነት ደቂ ኣንስትዮ ምዕባይ እዮም።

ዕላማታት ኔፓድ ንምፍፃም ክም ቁልፊ ጉዳያትን መትከላት ተገይሮም ዝውሰዱ ኣለዉ። እዚኦም ድማ ሰናይ ምምሕዳር፣ ዲሞክራሲ፣ ሰብኣዊ መሰልን ጎንፂ ምክልኻልን ኾይኖም ኢንቨስትመንት ንምዕባይን ኢኮኖሚ ምዕባለ ንምምፃእ ምቹው ባይታ ዝፈጥሩ እዮም። በዚ መዳይ ኔፓድ ኢንቨስትመንት ንምብርትታዕ፣ ካፒታል ፍሰት ክምኡ'ውን ብኣፍሪካውያን ዝውነኑ ትካላት ልምዓት ንምጉልባትን ኣብ ሞንጎ ዞባውን ዓለማውን ብርኪ ዘሎ ርክብ ንምጥንኻር ዓሊሙ ዝሰርሕ ይኸውን።

## መትከላት ኔፓድ

- ሰላም፣ ፀጥታን ዘላቒ ፖለቲካን ማሕበረ ኢኮኖሚ ልምዓት ንምቅልጣፍ ዘኽእል ሰናይ ምምሕዳር ምስፋን፣

- *ኣፍሪካውያን ዝውንንዎን ዝመርሕዎን ከምኡ'ውን ሰፊሕ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ዝተረጋገፀሉ ልምዓት ምህላዉ፣*
- *ኣፍሪካ ብናይ ባዕላ ፀጋታትን ህዝባን ዝተመስረተ ልምዓት ምቅልጣፍ፣*
- *ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ኣፍሪካ ምሕዝነት ምብርትታዕ፣*
- *ዞባውን ኣህጉራውን ምትእስሳርን ምውዳድን ምቅልጣፍ፣*
- *ኣፍሪካ ብሃገርን ብኣህጉርን ተወዳዳርነት ምብርትታዕ፣*
- *ምስ ዓለማውን ውዳበታት ርክብን ምሕዝነትን ብምጥንኻር ዝነበረ ዘይፍትሓዊ ዝምድና ምትዕርራይ፣*
- *ዕላማታት ኔፓድ ምስ ሽቶታት ልምዓት ሚልነየም ተዋዲዶም ክፍፀሙ ምግባር ዝብሉ'ዮም።*

***ኣወዳድባ፣*** *ኔፓድ ብላዕለዋይነት ዝመርሕዎ* 20 *ሃገራት ኣባል ዝኾኑሉ ዓቢዪ (ስትሪንግ) ኮሚቴ ዘለዎ እንትኾን ነዚ ዝመርሕ መራሒ ይምረፅ። ንኣብነት ኣብዚ እዋን ናይዚ መራሒ ቀዳማይ ሚኒስትር መለስ ዜናዊ እዮም። ነዚ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ዝከታተል ቤት ፅሕፈት* (*ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ*) *ኣለዎ። ኣብ ስራሕቲ ኔፓድ ተዛሚዶምን ተዋዲዶምን ዝሰርሑ ትካላት ኣለዉ። እዚኦም ድማ*

- *ኣብ ውድብ ሕቡራት መንግሰቲ ኢኮኖሚ ኮሚሽን ኣፍሪካ*
- *ልምዓት ባንኪ ኣፍሪካ*
- *ምስረታ ህንፀት ዓቕሚ ኣፍሪካ*
- *ምቹው ሃዋህው ንኢንቨስትመንት*
- *ቤት ፅሕፈት ዋና ፀሓፊ ሕቡራት መንግስቲ ፍሉይ መማኸሪ ንኣፍሪካ*
- *ኮርፖሬሽን ልምዓት ኢንዱስትሪ እዮም።*

*ብሓፈሻ ኔፓድ ሰፊሕን ወሳናይን ዕማም ዝሓዘ እንትኾን ነዚኦም ንምፍፃም ግና ናይ ሃፍቲ ምትእኽኻብ ሕፀረት ዘለዎ ከምዝኾነ ይሕበር።*

## ናይል ቤዚን ኢንሸቲቭ

*እዚ ውዳበ ኣብ ሞንጎ ተፋሰስ ክልቲኡ ሩባታት ዝርከቡ ሃገራት ዝካየድ እቲ ቀንዲ ሽቶ ተገይሩ ዝውሰድ "ኣብ ተፋሰስ ሩባ ናይል ዘለዋ ሃገራት ፍትሓውን ማዕረን*

ብዝኾነ መንገዲ ንሩባ ናይል ብምጥቃም ዘላቒ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ምርግጋፅ" ዝብል ሽቶ ብምሓዝ ዝተወደበ'ዩ። ኣብዚ ዓመት ማለት ኣብ 2010 ኣ.ፈ ናብ ዕልባት ዝበፅሐሉ እዋን ስለዝኾነ ዝነበሮ ጭርሖ "ንብሩህ መፃኢ ብሓባር ምስራሕ" (Working together for a better future) ዝብል መረዳድኢ ቴማ ብምሓዝ ናብቲ ስራሕ ንምውፋር ከምዝተኸኣለ ይሕበር። እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ናይል ቤዚን ኢንሽቲቭ ኣብ ለካቲት 1999 ዓ.ም.ፈ ብዕሊ ምስተጣየሸ ነዚ ንምምራሕ ዘኽእል ትካላዊ ኣወዳድባ ክፍጠርን ነዚ ንምምራሕ ኣብ ንፁር ፖሊሲ ኣንፈትን መምርሕን ተመስሪቱ ስርሑ ክውግን ከምዘለዉ እንትንፀር ኣብዚ ዘለዉ ዕላማታት ድማ እዚኦም'ዮም፤

- ኣብ ሩባ ናይል ዘሎ ሃፍቲ ማይ ማዕረን ዘላቕን ብዝኾነ ኣገባብ ንምጥቃም ዘኽእል ኣሰራርሓ ምፍጣር፣
- ሃፍቲ፣ ሰላምን ፀጥታን ንኹሎም ህዝብታት ምርግጋፅ፣
- ውፅኢታዊ ምምሕዳር ማይን እኹል ኣጠቓቕማ ፀጋታት ንኽህሉ ምግባር፣
- ኣብ ሞንጎ ተፋሰስ ሃገራት ሩባ ናይል ኣብ ሓበራዊ ምርድዳእ ዝተመስረተ ሓበራዊ ድሌትን ተግባርን ንኽህሉ ምፅዓር፣
- ድኽነት ኣብ ምውጋድን ዝተዋደደ ኢኮኖሚ ማእኸል ብምግባር ስራሕትኻ ምውጋን፣
- እቲ ፕሮግራም ካብ ትልሚ ናብ ተግባር ዝሻገረሉ ኩነታት ምፍጣር ዝብሉ'ዮም።

ነዞም ዝስዕቡ ዓበይትን ሰፋሕትን ንምፍፃም ዘኽእል ስትራቴጂክ ትልሚ ዝተዳለወ እንትኾን እዚ ድማ ከም ቴማ ገይሩ ዝወሰዶ "ሩባ ናይል ፍትሓውን ንኩሎም ኣባል ሃገራት ረብሓን ብማዕረ ምጥቃም" ዝብል ነይሩ። ነዚ መርሃ ግብሪ ማለት ሓበራዊ ራእይ ናብ ተግባር ንምስጋር ኣብ ክልተ ዓበይትን ተመጋገብትን ተግባራትን መሰረት ብምግባር ዝተውሃቦ ዕማም እናፈፀመ ይርከብ። እዚኦም'ውን

1. ኣብቶም ኣብ ባይታ ዝትግበሩ ስራሕቲ ኣብቲ ከባብያዊ ፕሮግራም ልምዓት ተዛሚዶም ንምስራሕ ዘኽእሉ ናይ ዓርሰ እምነትን ህንፀት ዓቕምን ስራሕቲ ምክያድ፤

2. በብኽፍሉ ነቲ ሓበራዊ ልምዓት ንምቅልጣፍ ዘኽእሉን ነቲ ዘሎ ፀጋን ሃብትን ናብ ረብሓ ንምውዓል ሰፋሕቲ ስራሕቲ ምፍፃም ዝብሉ'ዮም። ነዚ ስራሕ ንምትግባር ዝስዕቡ ፕሮጀክታት ማእኸል ብምግባር ይኸውን።
   - ኣብ ሩባ ናይል ዘለዉ ዶብ ተሳገርቲ ከባብያዊ ኩነታት ዝከታተል ፕሮጀክት
   - ኣብ ሞንጎ ኣባል ሃገራት ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ምምቻል ረብሓን ዘቀላጥፍ ፕሮጀክት
   - ዓርሰ እምነት ምጥንኻርን ተሳትፎ መዳርግቲ ኣካላት ዘጎልብት ፕሮጀክት
   - ትልምን ምምሕዳርን ሃፍቲ ማይ ፕሮጀክት
   - ነቲ ስራሕ ንምስላጥ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ዘካይድ ፕሮጀክት
   - ኣብቲ ዞባ ንግዲ ሓይሊ (power trade) ብመፅናዕቲ ዝተደገፉ ስራሕቲ ንምክያድ ዝዓለመ ፕሮጀክት
   - ውፅኢታዊ ኣጠቓቕማ ማይ ብምትእትታው ምህርቲ ሕርሻ ዘጎልብቱ ስራሕቲ ዘሳልጥ ፕሮጀክት ዝብሉ እቶም ዓበይቲ ፕሮጀክታት እዮም።

ብሓፈሻ እዚ ፕሮግራም ኣብ ክልተ ዓበይቲ ኣንፈታት ተመቂሉ ስራሕቲ ከምዝፍፅምን እዚኦም ድማ

1. ምብራቓዊ ሩባ ናይል ተፋሰስ መፈፀሚ ፕሮግራም ዝብልን ሃገርና ኢትዮጵያ ዘላቶን ናይቲ ተፋሰስ ዝለዓለ ማይ ዘለዎ ከባቢ'ዩ።
2. ኣብ ማእኸል ምድሪ (equatorial) ዘለዋ ቃላያት ዝተመስረተ መፈፀሚ ፕሮግራም ዝብሉን እዮም።

ስለዚ እዚ ውዳበ ኣብ ስምምዕ ጥራሕ እንተይኮነስ ኣብ ሓበራዊ ልምዓት ምቅልጣፍ ዝተመስረተ'ዩ። ነዚ ብምፍፃም ኣብዚ እዋን ናብ ዕልባት ዝበፅሐ እንትኾን ነዚ ስምምዕ ኣብ ምፍራም ኣብ ሱዳንን ግብፅን ምጉታት ብምፍጣሩ'ምበር እቲ ሰነድ ተዛዚሙ ንትግባራውነት ተዳልዩ ይርከብ።

## 11. ኣገባብ ገምጋምን ፈተሻን

*መምህር! ተምሃሮ ነቶም ክጭብጥዎም ዝግብኦ ቑምነገራት ትምህርትን ክውንኑዎም ዘለዎም ክእለታትን ብቕዓትን ብትኽክል ከምዘዐወቱ ንምርግጋፅ ቀፃላይ ፈተሻ* (Continous Assessment) *ከካይዱ ናይ ግድን እዩ። ዝተፈላለዩ ሓገዛት ዘድልዮም ተምሃሮ ብቱቶርያል* (REMEDIATION CLASS) *ኣቢልኩም ናብቶም ካልኦት ዝበፅሕዎ ብርኪ ትምህርቲ ኽበፅሑ ምግባር'ውን ኣድላዪ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ስራሕን ተሳትፎን ነፍስወከፍ ተምሃራይ ነቶም ዕላማታት እዚ ምዕራፍ ከምዝጨበጡ ብተኸታታሊ ክፍተሽ ኣለዎ። ነፍስወከፍ ተምሃራይ'ውን በዞም ዝስዕቡ መዐቀንታት ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ክምዘን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተዳላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ። ኣብዚ መምህር! ማዕርነት ትምህርቲ ንምርግፅ ንተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ጠመተ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ እቶም ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ፣*

- *ረብሓ ሕብረት ማሕበረሰብ ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ የረድኡ።*
- *ብኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምስዝተትሓዙ ሰባትን ስድረኦምን ንምምሃርን ንምንባርን ዝንባለ የማዕብሉ።*
- *ንሓላፍነት ዜጋታት ይድግፉ፣ ኣድልዎን ምግላልን የወግዱ፣ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝነብሩ ስድረኦምን ይከናኸኑን ይድግፉን።*
- *ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ተፈጥሯውን ማሕበረሰባውን ከባብታት ምብራቕ ኣፍሪካ የብርሁ።*
- *መግለፂ ምግሃስ መሰላት ህፃናት ኣብ ኢትዮጵያ የብርሁ።*
- *ካብ ምግሃስ መሰላት ህፃናት መምለጢ ሜላታት ይትግብሩ።*
- *ሓደጋ ንምውጋድ ስጉምትታት ደሕንነት ይትግብሩ።*
- *ንኡስ ከባብያዊ ውድባት ምብራቕ ኣፍሪካ ይገልፁ።*
- *ጂኦግራፊያዊ ሽፋን ንኡስ ከባብያዊ ውድባት ምብራቕ ኣፍሪካ የመልክቱ።*
- *ሸቶታት ሕድሕድ ውድብ ኣጋርነት ይፈልዩ።*
- *ኣድላይነት ሸቶታት ኣጋርነት ይገልፁ።*

መምህር! ነቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ብፍላይ ድማ ተምሃሮ ደቂኣንስትዮ ክነኣዳን ብፃዕረን ንዝረኸብኦ ወዕኢት ድማ ኣፍልጦ ኽወሃበን ኣለዎ። ንቐፃሊ'ውን ተምሃሮ ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይተወሰኑ ጠንኪሮም ክሰርሑን ክተባብዑን ኣለዎም። እቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዩ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ (Students working below the requirement level) ንመማህርቶም ሰዒቦም ንኸርክብዎም ተወሳኺ ደገፍ (Remediation) ክወሃቦም ኣለዎ። ኣብ ክፍልን ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ዕረፍትን በዓላትን ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርትን ክወሃቦም ኣለዎ። ኣግባብ ኣመሃህራ ማንዛ-ንማንዛ (Child to child or CTC) ብምጥቃም እቶም ካብ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክሕግዝዎም ምግባር ኣገዳሲ እዩ። መምህር ኣብ ከይዲ ፍተሻ ነቶም ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ኽረኽቡ ንዝግበኦም ፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ኣድላዪ ኹሉ ኽትገብሩሎም ይግባእ። ስለዚ ኣግባብ ፈተሻ'ዚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር'ዚ ምዕራፍ ብዝስዕቡ ኣግባባት ዝተሰነየ'ዩ ዝኸውን።

1. ኣብ ሕድሕድ ክፍለግዘ ኣግባብ ሕቶን መልስን ስርዓት ሒዙ ክምራሕ ምግባር
2. ዕዮ ክፍልን ዕዮ ገዛን ስሩዕ ኣግባብን ስርዓትን ሒዙ ብተኸታታሊ ክትግበር ምግባር
3. ኣግባብ ምይይጥን ስርፀት ትምህርትን ብስርዓት ክምራሕ ምግባር
4. ሰሪሕኻ ምርኣይን ዕዮ ጉጅለን ብተኸታታሊ ብስርዓት ክምራሕ ምግባር
5. ተምሃሮ ዝተምሃርዎን ዝተረድእዎም ኣብ ክፍሊ ወፂኦም ክገልፁን ከረድኡን ምግባር
6. ኣብ ማእኸልን መወዳእታን እዚ ምዕራፍ ዘለዉ ሕቶታት ክስርሑን ክመያየጡሉን
7. መጠቓለልን ሓፀርቲ ፈተናታትን ከም ስርዓት ምትእትታው
8. ሓፀርቲ መፅናዕታዊ ፅሑፋት ምቕራብ፣ ፖሊሲታትን ሕግታትን ምዕሟቕ

# 12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መጠቓለሊ ሕቶታት ዝተውሃቡ መልስታት

### ሀ. ምረፅ ንዝኾኑ ሕቶታት ዝተውሃቡ መልስታት

| | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1. | ለ | 2. | መ | 3. | ለ | 4. | መ | 5. | ሐ |

### ለ. ሓቂ ወይድማ ሓሶት ኢልካ ንዝምለሱ ሕቶታት ዝተውሃቡ መልስታት

1. ሓሶት/ጌጋ 'ምንም ርክብ ዘይብሉ'ዩ።
2. ሓሶት/ጌጋ 'ኣብዚ ዘሎ ድልየት እንግሊዝን ግብፅን 'ምበር ኣብኮነን ድሌት ክፍለዋ ኣብቲ ስምምዕ ዝፈልጠኦ ነገር የለን
3. ሓቂ 'መሰል ህፃናት ኣካል ናይቲ ሓፈሻዊ መሰል ከምዝኾነን ኩሎም መሰላት ድማ ዘይነፃፀሉን ስለዝኾኑ'ዮም።
4. ሓቂ 'ሰብኣዊ መሰል ነዚኦም ከም ዜጋታት ዝለዓለ ቦታ ዝውሃቦ'ዩ።
5. ሓቂ 'ክልቲኦም ዝተዛመዱን ዘይነፃፀሉን እዮም
6. ሓሶት/ጌጋ 'ከም ሓደ ምኽንያት ዝውሰድ ኮይኑ እዚ ኣገባብ ድማ ከም ኣዎንታ እንተይኮነስ ብኣሉታ ዝረኣ'ዩ።
7. ሓሶት/ጌጋ "ብዕላማን ኣወዳድባን ክልወዋ ኪኢሉ'ዩ።
8. ሓቂ 'እዞም ተግባራት ዝተኣሳሰሩን ናይቲ ሓደ ተግባር ነቲ ሓደ ውፅኢት'ዩ።
9. ሓቂ 'ኣብቲ ሕብረተሰብ ዘለዉ ውዳበ ንኣብነት እድር ኣብዚ ክሳተፉ ምግባር ውፅኢቱ ኣዝዩ ዝለዓለ ከምዝገብሮ ይእመን።
10. ሓሶት/ጌጋ 'ቤት ፅሕፈት ኢጋድ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እንተይኮነስ ኣብ ጁቡቲ'ዩ ዝርከብ።

### ሐ. ንኣዛምድ ሕቶታትዝተውሃቡ መልስታት

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| 1. | ለ | 2. | መ | 3. | ሀ |
| 4. | ሰ | 5. | ሐ | | |

# ሲለበስ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 6ይ ክፍሊ

## 2001 ዓ.ም

## ትሕዝቶ


### ምዕራፍ ሓደ

መርከቦ ኣሰፋፍራን ህዝብን ምብራቕ ኣፍሪካ .......... 92

### ምዕራፍ ክልተ

ምድሪ መንበሪና ........................................ 96

### ምዕራፍ ሰለስተ

ከባቢና.................................................. 102

### ምዕራፍ ኣርባዕተ

ውራይ ህዝቢ.............................................. 108

1. **ውፅኢታት ምምሃር ትምህርቲ ሕብረተሰብ 6ይ ክፍሊ**
   - ኣረዳድኣ ንምምዕባልን ፍልጠት ንምርካብን ኣብ
   - መርከቦ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ
   - ፀገማት ምዕቃብን ምክልኻልን ሓድግታትና
   - ሳዕቤን ነባሪ ኣየርን ሃፍትታት ተፈጥሮን ኣብ ኣሰፋፍራን መናበርን ምብራቕ ኣፍሪካ
   - ክፍለ ዓለማትን ውቅያኖሳትን ዓለምን ኣካላት ጨውነት ዘይብሉ ማይ ምብራቕ ኣፍሪካን
   - ኣብ መንጎ ጨውነት ዘይብሉ ማይን ማይ ባሕርን
   - ፅፍፃፋት ከባቢ ኣየርን ኣካላት ታሕተዋይ ፅፍፃፍ ከባቢ ኣየርን
   - ዓይነታት፣ ፅልዋ ዘሕድሩ ቀንዲ ምኽንያታትን ዝርገሐን እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን
   - መንቀልታትን ሳዕቤናትን ኢድኣታውነት ደቂ ሰባትን ፀገማትን ኣብ ከባቢ
   - ሜላታት ፅቀባን ረብሓ ብሄራዊ ፖርክታትን
   - መሰላት ህፃን፣ ምግሃስ መሰል ህፃናትን መምለጢ መንገድታትን
   - ንኡስ ከባቢያዊ ውድባት ኣባል ሃገራትን ዕላማታት ኣጋርነት ውድባትን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ
   - መግለፂ ባህርያት ስልጣነታት ኣኽሱምን ኑብያን
   - ጥንታዊ ስልጣነ ኣኽሱምን ምብራቕ ኣፍሪካን
   - ፅዕቑን ስሕውን ህዝቢ ዘለወን ከባታት ምብራቕ ኣፍሪካ

2. **ሙያን ክእለትን ንምምዕባል ኣብ**
   - ካርታ ምንዳፍን ምጥቃም ሕብርታት፣ ምልክታትን ምስልታትን ዝተፈላለዩ ገፅታታት ንምምልካት
   - ምስኣልን ምምዳብን ፀፍፃፋት ከባቢ ኣየር
   - ኣብ ጉዳያት ፅብየት በዝሒ ህዝቢ፣ ድኽነትን ልምዓትን ምክታዕ
   - ክእለታት ሳይንሳዊ ምርምር ሰሪሕኻ ምርኣይ ኣብነት ምዕዛብ፣ ምእካብ፣ ምትንታንን ምፅብፃብን ኣብ ምግሃስ መሰል ህፃናት፣ ፅብየት በዝሒ ህዝቢ፣ ድኽነት፣ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስን ትሑት ምዕባለን
   - ብሄራዊ ፖርክታት ንምምልካት ንድፊ ካርታ ኢትዮጵያ ምስኣል

3. **ልምድን ዝንባለን ንምምዕባል ኣብ**
   - ጥንታዊ ስልጣነን ሓድግታትን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ
   - ሓድግታት ከባቢ ካብ ጉድኣት ምሕላው
   - ኣብ ምክልኻል ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ምስታፍ
   - ኣብ ፀረ ኤድስ ክበባትን ንምስታፍ ፍቓደኛ ምዃን
   - ዄላታትን ምንጭታትን ብፅርየት ምሓዝ

## ምዕራፍ ሓደ

### *መርክቦ ኣሰፋፍራን ህዝብን ምብራቕ ኣፍሪካ (ክፍለ ግዘ 19)*

**ውፅኢታት ምዕራፍ፦**

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃሩ

- መርክቦ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ
- ጥንታዊ ስልጣነን ሓድግታትን ምብራቕ ኣፍሪካ ይርድኡ
- ፀገማት ምዕቃብ ሓድግታት ይግንዘቡ
- ሳዕቤን ነባሪ ኣየርን ሃፍትታት ተፈጥሮን ኣብ ኣሰፋፍራን መናበርን ምብራቕ ኣፍሪካ ይግንዘቡ።

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| ተምሃሮ ነዚ ምስተምሃሩ<br>• ኣንፃራዊ መርክቦ ምብራቕ ኣፍሪካ የረድኡ።<br>• ሃገራት ምስራቕ ኣፍሪካ ይዝርዝሩ | 1. **መርክቦ ኣሰፋፍራን ህዝብን ምብራቅ ኣፍሪካ**<br>1.1. መርክቦ *(ክፍለ ግዘ 3)*<br>• ኣንፃራዊ መርክቦን ሃገራትን ምብራቕ ኣፍሪካ | • ኣንፃራዊ መርክቦ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ንኽብርሁ ይሕተትዎም። እዚ ማለት መርክቦ ሓደ ቦታ ብመንፅር ማያዊ ኣካላትን ደረቕ መሬትን ምምልካት ማለት ከምዝኾነ የብርህሎም።<br>• ባዶ ካርታ ምብራቅ ኣፍሪካ ኣብ ሰሌዳ ይስኣሉ፣ ነቲ ባዶ ካርታ ብጉጅለ ኮይኖም ንኽግልብጡ ይሕተትዎም። ቀፂሉ ቀይሕ ባሕርን ውቕያኖስ ህንድን ዘዋስና ሃገራት ምራብቕ ኣፍሪካ ኣብቲ ካርታ ንኽስእሉ ይሕተትዎም። ኣብ መወዳእታ ኩለን ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብቲ ካርታ ንኽመልክቱ ይሕተትዎም። ነቲ ዝተፈፀመ ካርታ ናብ ደፍተሮም ክግልብጡ ይኽእሉ። |
| • እዋንን ቀንዲ መግለፂ ባህርያትን ስልጣነ ኑብያ ካብ ስልጣነ ኣኽሱም ይፈልዩ።<br>• ቀንዲ ሓድግታት ጥንታዊ ስልጣነ ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ። | 1.2. ህዝቢ ምብራቕ ኣፍሪካ *(ክፍለ ግዘ 4)*<br>• ጥንታዊ ስልጣነ ኑብያን ኣኽሱምን<br>• ሓድግታት ኣኽሱም | • ኣንፃራዊ መርክቦ ኑብያን ኣኽሱምን ንኽለልዩ ይሕተትዎም። ቀፂሎም ባህሊ ኑብያ የላልዩዎም። ኣብ መወዳእታ ንኽልቲኦም ስልጣነታት ተመያይጦም ንኽናፃፀሩ ይሕተትዎም ካብኡ ተምሃሮ ፀብፃብ ይፅሓፉ። |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| • ስፍራታት ሓድጊ ዘጋጥምዎም ፀገማት ይገልፁ። <br>• ኣብ ሓድሓደ ከባብታት ስፍራታት ሓድጊ ንምክልኻል ዝጥቀምሎም ሜላታት የብርሁ። | 1.3. ምክልኻልን ምዕቃብን ስፍራታት ሓድጊን ኣብ ስፍራታት ሓድጊ ዘጋጥሙ ፀገማትን *(ክፍለ ግ/ 2)* <br>• ንህዝቢ ክፍቲ እናሃለወ ስፍራታት ሓድጊ ዝዕቀበሉ መንገዲ <br>• ንዝርኢ ህዝቢ ምምሃር | • ረብሓ ሓድግታት ብጉጅለ ተመያይጦም ንኽገልፁ ይሕተትዎም። ናብ ፍሉጣት መስሕባት ቱሪዝም በብዓመቱ ዝመፁ በዝሒ ተዓዘብቲ ዘርኢ ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ይጠቐሙ። (እዚ ሓበሬታ ካብ ሚኒስተር ባህልን ቱሪዝምን ክረኽቡ ይኽእሉ) <br>• ኣብ ካሊእ ሃገር ዝርከብ ብብዙሓት ሰባት ዝጉብኑ ውሩይ መስሕብ ዑደተኛታት ዝምልከት መፅናዕታዊ ፅሑፍ ኣብነት ላሙ <br>• ቀፂሎም ስፍራታት ሓድጊ ዘጋጥምዎም ፀገማት ከም ስርቂ፣ ብኽለት፣ ውድመት ኣቑሑትን ኣምሲልካ ምቕራፅን ብጉጅለ ተመያይጦም ንኽፍሊ ከቕርቡ ይሕተትዎም። <br>• ናብ ስፍራ ሓድግታት ኣኸሱም እንትኸዱ ከመይ ኣደብ ክገብሩ ከምዘለዎም ይፅሓፉ። |
| • ፃዕቕን ሳሕብን ህዝቢ ዘለዎም ከባታት ምብራቅ ኣፍሪካ የለልዩ። <br>• መንቀልን ሳዕቤንን ምንቅስቓስ ህዝቢ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካን ኢትዮጵያን የብርሁ። <br>• ምኽንያታት ፃዕቒ ህዝቢ ኣብ በረኽቲ ቦታታት ኢትዮጵያ፣ ኬንያን ታንዛንያን ይፈልዩ። <br>• ሳዕቤን ቅልጡፍ | 1.4. ኣሰፋፍራን መነባብሮን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ *(ክፍለ ግ/ 10)* <br>1.4.1 ኣሰፋፍራ፣ መነባብሮ፣ ዝርግሐን ምንቅስቓስን ህዝቢ *(ክፍለ ግ/ 6)* <br>• በዝሕን ዝርግሐን ህዝቢ <br>• ምንቅስቓስ ህዝቢ <br>• ሳዕቤናት ቅልጡፍ | • ተምሃሮ ካርታ ተጠቒሞም ፃዕቅን ሳሕብን ህዝቢ ዘለዎም ከባታት ምብራቅ ኣፍሪካ ከመልክቱ ይግበሩ። <br>• ምኽንያታትን ሳዕቤናትን ምንቅስቓስ ህዝቢ ኣብ ኢትዮጵያ ህዝቢ ኦሮሞ ከም ኣብነት ብምውሳድ ይመያየጡ። <br>• ነዚ ምስ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ምንቅስቓስን ኣብ ካልእ ሃገር ምብራቕ ኣፍሪካ የነፃፅሩ። <br>• ንምንቅስቓስ ህዝቢ መንቀሊ |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ። | ዕብየት በዝሒ ህዝቢ | ዝኾኑ ቁልፊ ምኽንያታት እንታይ ከምዝኾኑ ይመያየጡ።<br>○ ፀቕጢ ህዝቢ ኣብ ውሑድ መግሃጫ መሬት<br>○ ንኣለሻ ስራሕ ናብ ከተማታት ምስጻድ ኣዲስ ኣበባን ናይሮቢን ምንፅፃር (ህይወት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነብሩ ሰባትን ኣብ ናይሮቢ ዝነብሩ ሰባትን ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ) |
| • ሳዕቤናት ምክታም ኣብ ሕብረተሰብን ባህልን ይዝርዝሩ። | • ሳዕቤናት ምክታም ኣብ ሕብረተሰብን ባህልን | • ሳዕቤናት ምክታም ኣብ ሕብረተሰብን ባህልን<br>• ካብ ገዛኻ ሪሕቕካ ምንባር ዘለዎ ሳዕቤናት ይመያየጡ። |
| • ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መናበርን ምኽንያታት ዝኾኑ ነገራት ይድምድሙ።<br>• ፖለቲካዊ ዘይምርግጋዕን ኩናት ሕድሕድን ከመይ ንህዝቢ ክፀልው ከምዝኽእሉ ይመራመሩ። | 1.4.2 ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መናበርን *(ክፍለ ግዘ 4)*<br>○ ነባሪ ኣየርን ሃፍትታትን<br>○ ዘይምርግጋዕን ኩናት ሕድሕድን | • ኣብ መንጎ ኣብ በሪኽ ቦታ ዘሎ ኣሰፋፍራ ኣብ ኢትዮጵያን ኣብ መታሕት ገምገም ባሕሪ ዘሎ ኣሰፋፍራ ኣብ ኬንያን (ኒሪያማ) ዝምልከት ንፅፅራዊ መፅናዕቲ ዘለዉ ሃፍትታት ኣብነት ሓመድ፣ ማይ፣ ንጥፈታት ቁጠባ<br>• ሃገራት ዝሓዘ ካርታ ምብራቅ ኣፍሪካ ኣብ ሰሌዳ ይስኣሉ። ብዛዕባ ኩናት ሕድሕድ ዘይምርግጋዕ ዝነበራን ከባብታት ንኽዛረቡ ይሕተትዎም ነቲ ዝሃብዎ ዝርዝር ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፍዎ።<br>• ክልተ ከባብታት ብምኽንያት ዘይምርግጋዕ ህዝቢ ዝተሰደደለን ዝምልከት ንፅፅራዊ መፅናዕቲ ኣብነት ኢትዮጵያ፣ ኡጋንዳ፣ ሶማልያ |

ፈተሻ(Assessment)

መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ካብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፀርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ።

ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ (Students working at the minimum requirement level)

- ኣንፃራዊ መርክቦ ምብራቕ ኣፍሪካ ይፈልዩ።
- ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ይዝርዝሩ።
- ግዘን ቀንዲ መግለፂ ባህርያትን ስልጣነታት ኑብያን ኣኽሱምን ይፈልዩ።
- ቀንዲ ሓድግታት ጥንታዊ ስልጣነታት ኢትዮጵያ የለልዩ።
- ሓድግታት ዘጋጥምዎም ፀገማት ይገልፁ።
- ሚላታት ዕቀባ ሓድግታት ይገልፁ።
- ሳሕብን ፃዕቅን ህዝቢ ዘለዎም ከባብታት ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ።
- መንቀልታትን ሳዕቤናትን ምንቅስቓስ ህዝቢ ኣብ ኢትዮጵያ የብርሁ።
- ምኽንያታት ፃዕቒ ህዝቢ ኣብ በረኸቲ ቦታታት ኢትዮጵያ ይፈልዩ።
- ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መናበርን ምኽንያታት ዝኾኑ ነገራት የጠቓልሉ።

ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ (Students working above the requirement level)

- ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦን ክወሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ከተባብዑ ኣለዎም።

ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ (Students working below the requirement level)

- ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።

<u>ሊ.ብ</u> መምህር ኣብ ከይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ኣለዎም።

# ምዕራፍ ክልተ

## ምድሪ መንበሪና (ክፍለ ግዘ 19)

*ወፅኢታት ምዕራፍ፦ ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃሩ*

- ክፍለ ዓለማትን ማያዊ ኣካላት ዓለምን የለልዩን፣ ጨውነት ዘይብሉ ማይን ማይ ባሕርን የነፃፅሩ።
- ቀንዲ መፍለዪ ገፅታታት መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ ይገልፁ።
- ፅፍፃፋት ክባቢ ኣየር የለልዩን ኣካላት ታሕተዋይ ፅፍፃፍ ክባቢ ኣየር ይገልፁ።
- ዝተፈላለዩ ገፅታታት መሬት ንምምልካት ካርታ ይነድፉን ሕብርታት፣ ምልክታትን ምስልታትን ይጥቀሙን።

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| ተምሃሮ ነዚ ምስተምሃሩ<br>• ክፍለ ዓለማት ይዝርዝሩ<br>• ውቅያኖሳት ዓለም ይፀርሑ | 2. **ምድሪ መንበሪና**<br>2.1. ገፅ ምድሪ *(ክፍለ ግዘ 4)*<br>• ክፍለ ዓለማት<br>• ማያዊ ኣካላት<br>• ዓይነታት ማይ (ጨውነት ዘይብሉ ማይን ማይ ባሕርን)<br>• ማያዊ ኣካላትን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዘለዎም ቁጠባዊ ረብሓን | • ኣብ ሰሌዳ ካርታ ዓለም ይስኣሉ። ተምሃሮ ኣብቲ ባዶ ካርታ ሸውዓቲኦን ክፍለ ዓለማት ካብቲ ዝዓብየ ናብቲ ዝነኣሰ ክፍለ ዓለም ንኸፅሕፉ ይሕተትዎም። ካብኡ ነቲ ካርታ ናብ ደፍተሮም ይገልብጥዎ። እተን ክፍለ ዓለማት ኤስያ፣ ኣፍሪካ፣ ሰሜን ኣሜሪካ፣ ደቡብ ኣሜሪካ፣ ኣንታርክቲካ፣ ኣውስትራልያን ኣውሮፓን እየን።<br>• ተምሃሮ ንቀንዲ ማያዊ ኣካላት እንትፀርሑ መምህር ይሓግዝዎም። እቶም ቀንዲ ማያዊ ኣካላት ዝብሃሉ ውቅያኖሳት፣ ባሕርታት፣ ቃላያትን ሩባታትን እዮም።<br>○ ውቅያኖሳት .... ህንዲ፣ ፓሲፊክ<br>○ ባሕርታት .....ሜድትራንያንን ቀይሕ ባሕርን<br>○ ቃላያት .... ቪክቶርያን ጣናን<br>○ ሩባታት .....ናይል፣ ኣማዞን፣ ኮንጎን ሚሲሲፒን<br>• ተምሃሮ ዓይነታት ማይ ይፈልዩን ንሕድሕድ ኣብነት ይህቡን። ከም ማይ ባሕርን ጨውነት ዘይብሉ ማይን<br>• ብዛዕባ ረብሓ ማያዊ ኣካላት |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| | | እንትመያየጡ ይሓግዝዎም። ረብሓ ማያዊ ኣካላት ከም ንመጓዓዝያ፣ መስኖ፣ ንምዝፋፍ ዓሳ፣ ጉልበትን ዝኣመሰሉን ከምዝኾኑ ይግለፁሎም።<br>• ብዛዕባ ፊዚካዊ ገፅታታት፣ ማያዉ ኣካላትን ቁጠባዊ ረብሓ ማያዊ ኣካላትን ምብራቕ ኣፈሪካ ይመያየጡ።<br>• ሩባ ናይል ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ<br>• ካርታ ዓለም ስኢሎም ክፍለ ዓለማትን ቀንዲ ማያዊ ኣካላትን ዓለምን ምብራቕ ኣፍሪካን የመልክቱን ነቶም ካርታታት ኣብ ክፍሊ ይስቀልዎን። |
| • ቀንዲ ፊዚካዊ ገፅታታት ምብራቅ ኣፍሪካ የለልዩ። | 2.2. ቀንዲ ቅርፅታት መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ *(ክፍለ ግዘ 4)*<br>• ፊዚካዊ ገፅታታት ምብራቕ ኣፍሪካ | • ዝፈልጥዎም ቀንዲ ፊዚካዊ ገፅታታት መሬት ኣብ ሰሌዳ ኣብ ዝተስኣለ ካርታ የመልክቱ። መምህር ድማ የብርህሎምን ዘይፈልጥዎ ይወስኽሎምን። ፊዚካዊ ገፅታታት ነዞም ዝስዕቡ ክሓውስ ኣለዎ። ንሳቶም ድማ ሓንፍ ሽንጥሮ፣ እሳተ ጎመራዊ እምባታት ኣብነት ሌንጋይ፣ እምባታት ኬሊማንጀሮ፣ ኬንያ ኤልጎንን ራስ ደጀንን ብተወሳኺ ዳሎል (ኮባር ሲንክ) |
| • ረብሓ ዓብይ ሓንፍ ሽንጥሮ ይግልፁ። | • ዓብይ ሓንፍ ሽንጥሮ | • ኣቀማምጣ እሳተ ጎመራዊ እምባታት ብመንፅር ሓንፍ ሽንጥሮ እንታይ ከምእተዓዘቡ ይሕተትዎም። ነቲ ሓጎፍ ሽንጥሮ ብጠቕላላ ኣብ ሰሌዳ ስኢሎም የፀልምዎ። ሓንፍ ሽንጥሮ መዓዝ ከምእተፈጥረ የብርህሎም። |
| | 2.3. ሃፍትታታት ማይ ምብራቕ ኣፍሪካ *(ክፍለ ግዘ 2)*<br>• ቃላያት፣ ሩባታትን ባሕርታትን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ | • ካርታ ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ሰሌዳ ይስኣሉ። ኣብቲ ካርታ ቀንዲ ሩባታትን ቃላያትን እንተመልክቱ ተምሃሮ ንኽሕግዝዎም ይሕተቱ። ኣብ መወዳእታ ውቅያኖስ ህንድን ቀይሕ ባሕርን የመልክቱ። |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| • ቃላያት፣ ሩባታታን ባሕርታትን ምብራቕአፍሪካ ይፀርሑ። | | • ነዚኦም እንተመልክቱ ተምሃሮ ብዛዕበኦም ክንደይ ዝኣክል ከምዝፈልጡ ይሕተትዎም።<br>• ካብኡ ነቲ ሓበሬታ ኣብቲ ካርታ ክውስኽዎ ይኽእሉ። |
| • ባህርያት ጨውነት ዘይብሉ ማይን ማይ ባሕርን የነፃፅሩ። | • ጨውነት ዘይብሉን ጨው ዘለዎን ማይ | • ተግባራዊ ፈተነ፦ ኣብ ሓደ ብርጭቆ ጨውነት ዘይብሉ ማይ ኣብ ካልእ ብርጭቆ ብዙሕ ጨው ዘለዎ ማይ ይግበሩ። ካብኡ ውሑዳት ተምሃሮ ነቲ ጨው ዘለዎ ማይ ክጥዕሙ ይግበሩን እቱ ማይ ንመስኖ ክጠቅም ዝኽእል ምኽኑን ይሕተትዎም።<br>○ ምዝፋፍ ዓሳ ኣብ ጨውነት ዘይብሉ ማይ ቃላይ ቪክቶሪያ ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ<br>○ ብዛዕባ ኣዝዩ ብዙሕ ጨው ዘለዎ ሙት ባሕሪ (Dead sea) እንተሓሚስካሉ ዘየስጥም (ዘንሳፍፍ) ምስ ቃላይ ሓጓፍ ሽንጥሮ ኣብነት ዝተፈላለዩ መዓድናት ዘለውዎ ቃላይ ናኩሩ ዝምልከት ሓፂር ንፅፅራዊ መፅናዕቲ ፅሑፍ |
| • ቁጠባዊ ረብሓታት ማይ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ የረድኡ።<br>• ሓድሓደ ቁልፊ ቁጠባዊ ረብሓታት ኣብነታት የለልዩ።<br>• ማይ ስትራቴጂካዊ ረብሓ ከምዘለዎ የረድኡ። | 2.4. ማይን ቁጠባዊ ረብሕኡን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ<br>*(ክፍለ ግዘ 2)* | • ረብሓታት ማይ እዮም ኢሎም ዝሓስብዎም ነገራት ንኽዝርዝሩ ይሕተትዎም። ነቲ ዝሃብዎ መልሲ ኣብነት መጓዓዝያ፣ መስኖ፣ ምዝፋፍ ዓሳ፣ ማያዊ ሓይሊ ኤሌክትሪክ . . . ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፍዎ። ንሕድሕድ ኣብነታት ኣብ ትሕቲኡ ይፅሓፉ።<br>• ንሕድሕድ ረብሓ ዝምልከት ሓፂር መፅናዕቲ ይመልከቱ። ኣብነት መዝፋፍ ዓሳ ኣብ ጁቡቲ፣ ማያዊ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ኣብ ኡጋንዳ፣ መስኖ ኣብ ኢትዮጵያ፣ መጓዓዝያ መራኽብ ፅዕነት ኣብ ሞምባሳ |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንቀፈታት |
|---|---|---|
| • ዕፍፃፋት ከባቢ ኣየር የለልዩ። <br>• ኣካላት ታሕተዋይ ፀፍፃፍ ከባቢ ኣየር ይገልፁ። <br>• ዕፍፃፋት ከባቢ ኣየር ይስእሉን ይምድቡን | 2.5. ከባቢ ኣየር *(ክፍለ ግዘ 2)* <br>• ዕፍፃፋት ከባቢ ኣየር <br>• ትሮፖስፌርን ኣካላታቱን | • ብዛዕባ ከባቢ ኣየር ዝፈልጥዎ ነገር ንኽብርሁን ንዝሃብዎ መልሲ ትርጉም ክገልፁን ይሕተትዎም። <br>• ዕፍፃፋት ከባቢ ኣየር ትሮፖስፌር፣ ስትራቶስፎር፣ ሜዞስፌርን ቴርሞስፌርን ዘርኢ ስእሊ ምድሪ ይስኣሉ። ሕድሕድ ዕፍፃፍ ከባቢ ኣየር ክንደይ ዝኣክል ዓሚቕ ከመዝኾነ የብርህሎም። ነቶም ዕፍፃፋት ንምብራህ ሓደ ኣውሮፕላን ከም ኮንኮርድ ወይ ቦይንግ ዝበሉ ክሳብ ክንደይ ብራኽ ከምዝበሩ ኣብነት ወሲዶም ይጠቐሙ። <br>• ታሕተዋይ ዕፍፃፍ ከባቢ ኣየር ወይ ትሮፖስፌር ካብ ናይትሮጅን፣ ኦክስጅን፣ ካርቦንዳይኦክሳይድን ካልኦትን ዝተወፃፀአ ከመዝኾነ የብርህሎም። <br>• መፅናዕታዊ ፅሑፍ ኣየር ኣብ በሪኽ ቦታን ሕፅረት ኦክስጅንን ዝምልከት። ኣብራሪ ነፋሪት (ፖይለታት ኣውሮፕላን) እምባ ደየብትን ልዕሊ 3330 ሜትሮ ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ እንትድይቡ ኦክስጅን ሒዞም ክኸዱ ኣለዎም። በዚ ምኽንያት እዩ ክፍልታት ተጉዓዝቲ ኣውሮፕላን ኦክስጅን ብፍሉይ መሳርያታት ኣብ ኣቕሓ ተፀዊጡ ኣተዪ ንተሳፈርትን ካልኦትን ክበፅሕ ዝግበር። ኦክስጅን እንተሓፂሩካ ህሊናኻ ስሒትኮ ናብ ሞት ክትበፅሕ ስለትኽእል። |
| • ኣብ ካርታ ሕብሪ ዘለዎ ረበሓ የርድኡ | 2.6. ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን | • 1፡50,000 ሚዛን ዘለዎ ካርታ ይጠቐሙን ኣብ ሰሌዳ ይጠቅዕዎን። ሕድሕድ ሕብሪ ንምንታይ |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| • ኣብ ካርታ ዝጥቀምሉም ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን የለልዩ። <br> • ሓበሬታ ኣብ ንደሊ ካርታ ንምውካል ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን ይጠቐሙ። <br> • ቀሊል ቁልፊ ካርታ የዳልው። | (*ክፍለ ግዘ 5*) <br> • ሕብርታት ምጥቃም <br> • ቀንዲ ምልክታትን ምስልታትን | ከምዝተጠቐምሉ ንኽፈልዩ ይሕተትዎም። ነቲ ዝሃብዎ መልሲ ድማ ኣብ ሓደ ገፅ እቲ ሰሌዳ ይፅሓፍዎ። ኣብነት ቆፅለዋይ/እፅዋት ሰመያዊ/ ማይ፣ ቡኒ /በረኽቲ ቦታት፣ ብጫ/ ታሕተዋይ ከበሳ፣ ፃዕዳ/ጫፍ እምባታት፣ ቐይሕ/ዋና ፅርግያታት <br> • ኣምር መፍትሕ ካርታ የብርህሎም። ካብኡ ተምሃሮ ዝተፈላለዩ ምስልታትን ምልክታትን ዝሓዘ ካርታ 1፡50,000 የፅንዑን ነቶም ዝርኣይዎም ምስልታት ቀሊል መፍትሕ የዳልይሎም። <br> • ከም ንጥፈት ክፍሊ ምልክታትን ምስልታትን ኣብነት ኢንዱስትርያዊ ከባቢታት፣ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብያተ ክርስትያን፣ መስጊዳት፣ መንገዲ ባቡር፣ ፅርግያታት፣ ኣእዋም፣ ኣባይቲ ይስኣሉን ይፅርሑን። <br> • ተምሃሮ ሕብርታት፣ ምልክትታትን መፍትሕን ተጠቒሞም ንድፊ ካርታ ከባቢኦም ይስኣሉ። |

**ፈተሻ**

*መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ካብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፀርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዝዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ።*

**ዝዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ክፍለ ዓለማት ዓለምን ቀንዲ ገፅታት መሬት ምብራቕ ኣፍሪካን ይዝርዝሩ።
- ማያዊ ኣካላት ዓለም ይገልፁ።
- ጨውነት ዘይብሉ ማይን ማይ ባሕርን

**ካብቲ ዝዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦን ክወሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም።

**ካብቲ ዝዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም።

| | |
|---|---|
| የነፃፅሩ።<br>• ቁጠባዊ ረብሓ ማያዊ ኣካላት ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ።<br>• ዕፍፃፋት ከባቢ ኣየር የመልክቱ።<br>• ኣካላት ታሕተዋይ ዕፍፃፍ ከባቢ ኣየር ይገልፁ።<br>• ኣብ ካርታ ዝጥቀምሎም ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን የለልዩ።<br>• ሓበሬታ ኣብ ንድፊ ካርታ ንምውካል ምልክታትን ምስልታትን ይጥቀሙ። | ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።<br><br>ል.በ መምህር ኣብ ከይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ኣለዎም። |

# ምዕራፍ ሰለስተ

## ከባቢና *(ክፍለ ግዘ 14)*

*ወፅኢታት ምዕራፍ፦ ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃሩ*

- *ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዘለዉ ዓይነታት እፅዋት፣ ዝርገሐኦምን ንእፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዝፀልዉ ቀንዲ ምኽንያታትን የለልዩ።*
- *መንቀልታትን ሳዕቤናትን ኢድ ኣታውነት ደቂ ሰባት ኣብ ከባቢ ይርድኡ።*
- *ሜላታት ዕቀባን ረብሓ ብሄራዊ ፖርክታትን ይግንዘቡ።*
- *ውድመት ከባቢኦም ንምክልኻል ድሌት የርእዩ።*

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንፃፈታት |
|---|---|---|
| • *ሃለዋት እንስሳት ዘገዳም ምስ ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮ የዛምዱ።*<br>• *እንስሳት ዝለምዱን ዝዓብዩን ምስ ተፈጥሮኣዊ መንበሪ ከባቢኦም ተሰማሚዖም ከምዝኾኑ የረድኡ።* | 3. **ከባቢና**<br>3.1. *እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምብራቕ ኣፍሪካ (ክፍለ ግዘ 2)*<br>• *ዓይነታትን ዝርገሐን እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን*<br>• *እንስሳትን ምልማድ ተፈጥሮኣዊ መንበሪ ከባቢኦምን* | • *ገፅታት ዱር፣ ሳዕሪ መሬትን ሓውሲ ምድረ በዳን ንኽብርሁ ይሕተትዎም። ኣብ ትሕቲ ሰለስቲኦም ርእስታት ኣብ ሰሌዳ ሓዱሽ ሓበሬታታት ይወስኽሎም።*<br>• *ሰለስተ ኣብነታት ካብ ሰለስተ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብነት ሓውሲ ምድረ በዳ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ሳዕሪ መሬት ኣብ ኬንያ (ማሳይ ማራ)፣ ዱር ኣብ ኡጋዳን ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ የነፃፅሩ።*<br>• *ኣብ ትሕቲ ሰለስተ ተፈጥሮኣዊ መንበሪ ከባብታት ኣብ ሕድሕድ ዝርከቡ እንስሳት ይዝርዝሩ። ሓድሓደ ዝርእታት እንስሳ ካብ ሓደ ንላዕሊ መንበሪ ከባቢ ውሽጢ ክርከብ ይክእል።* |
| • *ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮ ዝፀልዉ ቀንዲ ምኽንያታት ይፈልዩ።*<br>• *መንበሪ ከባቢ* | 3.1.1. *ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምብራቕ ኣፍሪካ ዝፀልዉ* | • *ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮ ዝፀልዉ ቀንዲ ምኽንያታት እንታይ ከምዝኾኑ ንኽዝርዝሩ ይሕተትዎም።*<br>• *ብዛዕባ ዋዒ ዓለምን ምዝባዕ ነባሪ ኣየርን፣ ሜላታት ሕርሻን ይመያየጡ።*<br>• *መፅናዕታዊ ፅሑፍ . . . ሳዕቤናት ድርቂ* |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| እንስሳት ዘገዳም ብሰባት እንትጉዳእ እቶም እንስሳት እውን ከምዝጉድኡ የረድኡ።<br>• ዕባቸ እፅዋት ተፈጠሮን እንስሳት ዘገደምን ምብራ`ቕ ኣፍሪካ የድንቑ።<br>• ካብ ቱሪዝም ዝርከብ እቶት ንሓልዋ እንስሳት ዘገዳምን መነበሪኦምን ኣስተዋፅኦ ክገብር ከምዝኽእል የረድኡ። | ምኽንያታት (ክፍለ ግዘ 2)<br>• እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዝፀልዉ ቁልፊ ምኽንያታት (ተፈጥሮኣውን ሰብኣውን ምኽንያታት)<br>• እንስሳት ዘገዳም ሓደግታት ዓለምና | ኣብ ብሄራዊ ፓርክታት፣ ስደት ሓርማዝ ብሰንኪ ምስፍሕፋሕ ሕርሻ ዝምልከት<br>• ምጥፋእ ነብሪ፣ ዓርዓር ነብሪ፣ ኣንበሳን ካልኦትን ... ብሰንኪ ደቂ ሰባት ናብ ተፈጥሮኣዊ መንበሪ ከባቢኦም ጥሒሱ ምእታውን ሃደንን ይመያየጡ።<br>• መፅናዕታዊ ፅሑፍ፦ ኣብ ጎሬላታት (Gorillas) ኡጋንዳን ርዋንዳን፦ ብርሰት ተፈጠሮኣዊ መንበሪ ከባቢኦም ዝኾነ ዱርን ሃደንን<br>• መፅናዕቲ ... ዝርዝር ኣብ ሓደጋ ዘለዉ እንስሳት<br>• ብዛዕባ ፈንድ እንስሳት ዘገዳም ዓለም (World wild life fund (WWF) ይጥቀሱ |
| • ብሰንኪ ደቂ ሰባት ኣብ ተፈጥሮ ከባቢ ዝበፅሑ ዝተፈላለዩ ውድመታትን መንቀሊኦምን ይግምግሙ። | 3.2. ኢድ ኣታውነት ደቂ ሰባትን ምዝባዕ ከባቢናን (ክፍለ ግዘ 4)<br>• መንቀልታት፦ ድልየት ሓዱሽ ዝሕረስ መሬትን መግሃጫን፣ ንህንፀት | • ምኽንያታት ለበዳ ዱር ኣብነት ንሕርሻ፣ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ወዘተ ይዝርዝሩን ይመያየጡን። ካብኡ በረኸቲ ቦታታት ኢትዮጵያ ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ ይላለዩ።<br>• ምኽንያታት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ከም ተፈጥሮኣዊ ወይ ስደት እዚ ድማ ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ ከባቢ ፀቕጢ ከምዝፈጥር ኣብነት ዕንፀይቲ ንነዳዲ፣ መስርሒ ገዛ፣ መሬት ንሕርሻ ወዘተ ይመያየጡ። |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| | ኣባይቲ፣ ብሰንኪ ድርቂ ወይ ዘይምርግጋዕ ዝመፅእ ስደት | |
| • ሳዕቤን ኢድ ኣታውነት ደቂ ሰባት ኣብ እፅዋት ተፈጥሮ ይፈልዩ። | • ሳዕቤናት ፍግረ መሬት፣ ውድመት እፅዋት፣ ሕፅረት ማይ፣ ድርቂ፣ ስደት | • ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይኖም ሓደ ርእሲ ንሓደ ጉጅለ ተዋሂብዎ የዕንዑ። ኣብነት ድርቂ፣ ፍግረ መሬት፣ ብርሰት ዱር፣ ዝተግሃፀ መሬት (overgrazing) ሕፅረት ማይ ድርቅን ጥምየትን፣ ስደት ሕድሕድ ጉጅለ ዘዕንዮ ርእሲ ብኣብነት እናደገፈ ንክፍሊ ኣቕሪቡ ይመያየጡ።<br>• ንንፅፅር ክልተ ሓፀርቲ መፅናዕታዊ ሓደ ኣብ ዝተግሃፀ መሬት እቲ ካልእ ፍግረ መሬት (ኢትዮጵያን ኬንያን) |
| • ሜላታት ዕቀባ ሓመድ የብርሁ። | 3.3. ሜላታት ዕቀባ ማይን ሓመድን *(ክፍለ ግዘ 4)*<br>• ግረባ (A Forestation፣ ዳግመ ግረባን (Reforestation)፣ ዱር ሕርሻን (Agro-forestry)<br>• ገደባ (terracing)<br>• ኣግድም ማሕረስ (Contour ploughing)<br>• ኣበረኸ ምዝራእ (Crop | • ብዛዕባ ንግረባ ዝሰማምዑ ዓይነታት ኣእዋም ይመያየጡ።<br>• ብዛዕባ ድኹዒ ተፈጥሮ(organic compost) ዘፍሪ ዱር ሕርሻ ዝምልከት መፅናዕትን ኣበረኽካ ምዝራእን (ኬንያ) ይመያየጡ።<br>• ኣገዲምኻ ማሕረስ ስኢሎም ይመያየጡ። |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| | rotation)<br>• ኬሚካዊ ድኹዕታት ምጥቃም ምንካይን፣ ድኹዒ ተፈጥሮ (organ fertilizer) ምጥቃምን | |
| • ማይ ከመይ ከምዝዕቀብ የብርሁ። | • ዕቀባ ማይ | • ሜላታት ኣጠቓቕማ ጠሊ ዝናብ ይመያየጡን ይስእሉን። |
| • ማይ ከመይ ከምዝፃረ የብርሁ | • ምዕራይ ማይ<br>• ምንካይ በከልትታት<br>• ዕርየት ምንጭታትን ዓሌታትን ምሕላው | • ማይ ከመይ ከምዝፃረን ዕርየት ምንጭታት ከመይ ከምዝሕለውን ተመያይጦም ይፅሕፉ። |
| • ዕላማን ረብሓን ብሄራዊ ፓርክታት የብርሁ።<br>• ብሄራዊ ፓርክታት ኢትዮጵያ ኣብ ካርታ የመልክቱ።<br>• ቀንዲ ብሄራዊ ፓርክታት ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ። | 3.4. ብሄራዊ ፓርክታትን ረብሓኦምን ኣብ ኢትዮጵያን ምብራቕ ኣፍሪካን *(ክፍለ ግዜ 2)*<br>• መርክቦ፣ ረብሓን ዕላማን ብሄራዊ ፓርክታት ኣብ ኢትዮጵያ ንዕቀባ፣ ምርምርን | • ብሄራዊ ፓርክታት ንኸዝርዝሩ ይሕተትዎምን ነቶም ሱማት ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፍዎምን። ኣብ ጎድኒ ሕድሕድ ኣብነት እፅዋት ወይ እንስሳት ከመይ ካብ ጥፍኣት ከምዝሕለዉ ይመያየጡ። ብዛዕባ ፓርክታት ብስረሖም ዕውታት ምኽኖምን ዘይምኽኖምን ይካትዑ። እቲ ዝርዝር ነዞም ዝስዕቡ ክሓውስ ኣለዎ።<br>○ ብሄራዊ ፓርክ ኣዋሽ<br>○ ብሄራዊ ፓርክ እምባታት ሰሜን<br>○ ብሄራዊ ፓርክ ነጭ ሳር<br>○ ብሄራዊ ፓርክ እምባታት ባሌ<br>○ ብሄራዊ ፓርክ ማጎ<br>○ ብሄራዊ ፓርክ ኦሞ<br>○ ብሄራዊ ፓርክ ጋምቤላ |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| | ሓድግን<br>• ብሄራዊ ፓርክታት ምብራቕ ኣፍሪካ፦ ታሪክ ዕውት ዝኾነ ሓለዋ እንስሳን ተፈጥሮኣዊ መንበሪኡን | ○ ብሄራዊ ፓርክ ያንጉዲራሳ<br>• ካርታ ይስኣሉን ምስልታትን መፍትሕን ተጠቒሞም ብሄራዊ ፓርክታት የመልክቱን<br>• ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ ብዛዕባ ዕዉት ዝኾነ ብሄራዊ ፓርክ ኢትዮጵያ<br>• ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ ብዛዕባ ማሳይማራ (ኬንያ)<br>• ፓርክታት ምብራቕ ኣፍሪካ ዘርኢ ካርታ፦ ነባሪ ኣየር፣ እፅዋትን ኣብኡ ክርከቡ ዝኽእሉ ዓይነታት እንስሳት ዘገዳምን ኣብ ግምት ኣእትዮም ይመያየጡ።<br>• መፅናዕቲ ብዛዕባ ኣብ ናይሮቢ ዝርከብ ደኸታም እንስሳት ዘገዳም ዝነብርሉ ቦታ |

**ፈተሻ**

መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ካብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፀርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ።

**ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- እንስሳ ዘገዳም ምስ ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮ የዛምዱ
- ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዝፀልው ቀንዲ ምኽንያታት ይመርፁ
- እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዘለዎም እሴት ፅባቐ ይግንዘቡ።

ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ

ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦን ክወሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም።

ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ

ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።

<u>ሊ.ብ</u> መምህር ኣብ ከይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ኣለዎም።

- መንቀልታት ኢድ ኣታውነት ደቂ ሰባት ኣብ ከባቢ ተፈጥሮ ይፈልዩ።
- ሜላታት ዕቀባ ማይን ሓመድን ይገልፁ።
- ብሄራዊ ፓርክ እንታይ ከምዝኾነ ይገልፁ።
- ብሄራዊ ፓርክታት ኢትዮጵያ ኣብ ካርታ የመልክቱ።
- ቀንዲ ብሄራዊ ፓርክታት ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ።
- ረብሓ ብሄራዊ ፓርክታት ይትንትኑ።
- ረብሓ ምክልኻል ብሄራዊ ፓርክታት ካብ ግጉይ ልምድታት ቅቡል ይገብሩ።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ
# ውራይ ህዝቢ *(ክፍለ ግዘ 17)*

***ወፅኢታት ምዕራፍ፡-***

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ
- ኣብ ምክልኻል ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ይሳተፉ
- ኣብነታት ምግሃስ መሰል ህፃናትን መምለጢ መንገድታትን ይህቡ
- ንኡስ ከባቢያዊ ውድባትን ኣባል ሃገራትን የለልዩን ዕላማታት ኣጋርነት ድባት ምብራኽ ኣፍሪካ የብርሁ።

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| *ተምሃሮ ነዚ ምስተምሃሩ*<br>• ረብሓ ምትሕብባር ማሕበረተሰብ ኣብ ምክልኻል ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ የረድኡ።<br>• ብኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ምስ ዝተትሓዙ ሰባትን ስድረኦምን ከመይ ምንባርን ምምሃርን ከምዝከኣል ኣውንታዊ ኣረኣእያ የማዕብሉ።<br>• ምስ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ዝነብሩ ሰባትን ስድረኦምን ብዘይ ኣድልዎን ምግላልን ንምክንኻንን ንምድጋፍን ሓላፍነት ይወስዱ። | **4. ውራያት ህዝቢ**<br>4.1. ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ጉዳያት *(ክፍለ ግዘ 3)*<br>• ምክልኻል ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ብምትሕብባር ማሕበረሰብን ዜግነታዊ ሓላፍነት ምውሳድን<br>• ኣድልዎን ምግላልን ምውጋድ<br>• ክንክንን ደገፍን ምሃብ | • ብዛዕባ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ እንታይ ከምዝፈልጡ ይሕተትዎም። ማሕበረሰብ ከመይ ክከናኸኖምን ክድግፎምን ከምዝኽእል ይሕተትዎም።<br>• ኣብ ከተማ ወይ ገጠር ማሕበረሰብ ከመይ ከምዝሕግዝ ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ ምናልባት ብሓገዝ ዘይመንግስታዊ ውድባት<br>• ብኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ፀገም ዝበፅሑ ስድራ ካብ ኢትዮጵያ ሓደ ካብ ኡጋንዳ ድማ ሓደ ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ<br>• ብመሲልካ ምፅዋት ሓደ ተመሃራይ ከም ሕሙም ኮይኑ ይሰርሕ እቶም ካልኦት ተምሃሮ ከመይ ከምዝከናኽንዎን ዝድግፉዎን ሰሪሑም የርእዩ።<br>• ኣብ ከባቢኦም ማሕበረሰብ እቲ ሕማም ዘብፅሖ ፀገም ስፍሓት ይመያየጡ ካብኡ ከመይ ክሕግዙ ከምዝኽእሉ ትልሚ የውፅኡ። |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| • ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ከባቢ ተፈጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ የብርሁ። | 4.1.1. ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ *(ክፍለ ግዘ 3)*<br>• ፈተንቲ ኹነታት .... ብርሰተ ዱር፣ ድርቅን ጥምየትን፣ ሕፅረትን ምብትታኽን ተሓራሲ መሬት<br>• ምስኣን ውሕስና፣ ሕፅረት ምብትታኽ ተሓራሲ መሬት<br>• ምስኣን ውሕስና፣ ሕፅረት ምግብን መፅለልን፣ ብኽለት | • ብዛዕባ ምኽንያታት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ወይ ስደት ይመያየጡ።<br>• ብምኽንያት ድርቂ ዝመፅእ ስደት ዘስዕቦ ሕፅረት መፅለሊ ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ ምስ ብምኽንያት ወሰኽ በዝሒ ህዝቢ ዝመፅእ ሕፅረት መፅለሊ ኣብ ናይሮቢ ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ ምንፅፃር።<br>• ብምኽንያት ዘይምርግጋዕ/ኲናት ኣብ ካምፕ ስደተኛታት ዝነብሩ ሰባት ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ<br>• ብኽለት ሩባ፦ ቃለ መጠይቕ ንነበርቲ ከባቢ<br>• ኣብ ሓደ ከባቢ ብሰንኪ ምዝባዕ ነባሪ ኣየርን ወሰኽ በዝሒ ህዝብን ዝመፀ ምንካይ ፍርያት ምግቢ ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ |
| • መሰረታዊ መሰል ህፃናት እንታይ ከምዝኾነ የብርሁ። | 4.2. መሰል ህፃናትን ደሕንነቶምን *(ክፍለ ግዘ 3)*<br>• ሓፂርን ኣግባብነት ዘለዎን ምርመራ ኣዋጅ መሰላት ህፃን ውድብ ሕቡራት መንግስታት (ው.ሕ.መ) | • ካብ ዝሓለፈ ዓመት ትምህርቶም ብዛዕባ መሰላት ህፃን ይሕተትዎም። ነቶም ዝጠቐሰዎም ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፍዎም።<br>• ካብ ደሕንነት ህፃናት ኣንቀፃት 1-42 ሓድሓደ ይመያየጡ።<br>• ኣብነታት ምግሃስ መሰል ህፃናት እናሃቡ ይመያየጡ።<br>• ዕዮ ጉጅለ፦ ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝረኣዩ ምግሃስ መሰል ህፃናት ተመያየጦም ይዘርዝሩን ይፅሓፉን። ተምሃሮ ብዓርሰ እምነት ተላዒሎም ብግልፂ ክዛረቡ እንተደልዮም መምህር ከዐንቅፍዎም የብሎምን።<br>• ምግሃስ መሰል ህፃናት ኣብ ኢትዮጵያን ካሊእ ሃገር ምብራቕ ኣፍሪካን ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| • መምለጢ ብልሓታት ምግሃስ መሰላት ህፃን ይትግብሩ።<br>• ፀቕጢ መሓዛ ይቃወሙ። | 4.2.1. መምለጢ ብልሓታት (ክፍለ ግ// 2)<br>• ኣይኾንን ምባል፣ ምምላጥ፣ ንዓበይቲ ምዝራብ<br>• ፀቕጢ መሓዛ ምቅዋም | • ብኣባል ስድራ ዝፍፀም ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ወይ ፈተነ ጠለፋ ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ<br>• ምይይጥ ብዛዕባ መምለጢ ብልሓታት<br>• ካብ ፀገማት ምግሃስ መሰል ንምምላጥ ኣብ ዝገብርዎ ፃዕሪ ዘጋጥምዎም ፀገማት ይመያየጡ።<br>• ወለዶም ወይ ኣሕዋቶም ሓደ ነገር እናተፈፀመ ጌጋ ምኻኑ እናፈለጡ ሱቕ በሉ እንተይሎምዎም እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ይመያየጡ። |
| • ሓደጋታት ከመይ ከምዝከላኸሉ ይፈልጡ።<br>• ሓደጋ እንተጋጢሙ ከመይ ግብረ መልሲ ከምዝህቡ ይፈልጡ። | 4.2.2. ንሓደጋ ዘቃልዑ ልምድታትን ስጉምትታ ደሕንነትን (ክፍለ ግ// 2)<br>• ኤሌክትሪክ<br>• መርዚ<br>• ባርዕ ሓዊ<br>• ነቶግቲ | • ዝርዝር ዝተፈላለዩ ሓደጋታት ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፉን ዝፈልጥዎ ሰብ እንታይ ዓይነት ፀገም ከምዝበፅሖ ኣብነት ንኸህቡ ይሕተትዎምን።<br>• ነዞም ሓደጋታት ከመይ ከምንከላኸሎም ንኽብርሁ ይሕተትዎም።<br>• ቀፂሎም እዞም ሓደጋታት እንተጋጢምዎም እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ይሕተትዎም።<br>• ደንብታት ደሕንነት ኣብ በራሪ ወረቐት ክፅሕፉን ኣብ ፖስተር እውን ፅሒፎም ኣብ ክፍሊ ክልጥፉን ይሕተትዎም። |
| • ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዘለዉ ሕድሕድ ንኡስ ከባቢያዊ ውድብ ይፀርሑን ዕላምኡ የብርሁን።<br>• ጂኦግራፍያዊ ሽፋን ንኡስ ከባቢያዊ ውድባት ምብራቕ ኣፍሪካ የመልክቱ።<br>• ኣድላይነት | 4.3. ጉዳያት ኣጋርነት (4)<br>• ንኡስ ከባቢያዊ ውድባት[ኣብ መንጎ መንግስታት ዝተገበረ ስምምዕነት ንልምዓት(IGAD) ፣ ተበግሶ መፋስስ ናይል I(Nile Basin | • ምህፃረ ቃል (acronym) እንታይ ማለት ከምዝኾነ ይመያየጡን ዝፈልጥዎም ምህፃረ ቃላት ንኽዝርዝሩ ይሕተትዎምን (ምህፃረ ቃል፦ ኣብነት ህወሓት፣ ው.ሕ.መ ወዘተ) ሱም ዘይፈልጥዎም ውድባት ይሃብዎም። እቶም ውድባት እንታይ ከምዝገብሩ ኣብ ትሕቲኡ ይዘርዝሩ።<br>• እዞም ውድባት ሕማቕ ወይ ፅቡቕ ሓሳብ ምኻኖም ይሕተትዎም።<br>• ብዛዕባ ሓደ ንኡስ ከባቢያዊ ውድብ ኣበይ ከምዝርከብ ዝተጣየሸሉ ዕላማ |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| ሽቶታት ኣጋርነት የብርሁ። | initiative)]<br>• ጂኦግራፊያዊ ሽፋን<br>• ሽቶታት ኣጋርነት | እንታይ ከምዝኾነ፣ ኣባል ሃገራት እንመን ከምዝኾና፣ ሽቶታት እዚ ውዱብ እንታይ ከምዝኾነ ወዘተ ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ<br>• ፈተና ንኽሓልፉ እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ይሕተትዎም። ሽቶታት ኩልግዘ ኣዝዮም ጠቐምቲ ከምዝኾኑ ምኽንያቱ ድማ ሰባት ኣብዞም ሽቶታት ንምብፃሕ ንኽፅዕሩ ከምዝሕግዝዎም የብርህሎም። ናይ ውልቆም ሽቶ ዘለዎም ምዃኑ ይሕተትዎም።<br>• ንኣብነት ሓደ ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ናብ ላዕለዋይ ሊግ ክሓልፍ ይደሊ። ንምስዓር ዘይግደሱ እንተዝኾኑ'ዶ ብሓባር እታ ጋንታ ምሰረሐት? ናይቶም ተፃዋቶ ሽቶ ምስዓር እዩ።<br>• ሕድሕድ ሰብ እንታይ ከምዝሰርሕ ክፈልጥ ኣለዎ። ሃገራት እውን። |

**ፈተሻ**

መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ካብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፀርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ።

**ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ረብሓ ሕብረት ማሕበረሰብ ኣብ ምክልኻል ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ የረድኡ።
- ብኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ምስዝተተሓዙ ሰባትን ስድረኦምን ንምምሃርን ንምንባርን ዝንባለ የማዕብሉ።
- ንሓላፍነት ዜጋታት ይድግፉ፣ ኣድልዎን ምግላልን የወግዱ፣ ምስ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ንዝነብሩን ስድረኦምን ይከናኸኑን ይድግፉን።
- ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦን ክወሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ከተባብዑ ኣለዎም።

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።

<u>ሊ.ብ</u> መምህር ኣብ ከይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ኣለዎም።

ህዝቢ ኣብ ተፈጥሮኣውን
ማሕበራውን ከባቢታት ምብራቕ
ኣፍሪካ የብርሁ።

- መግለፂ ምግሃስ መሰላት ህፃን ኣብ ኢትዮጵያ የብርሁ።
- ካብ ምግሃስ መሰላት ህፃን መምለጢ ሜላታት ይትግብሩ።
- ሓደጋ ንምውጋድ ስጉምትታት ደሕንነት ይትግብሩ።
- ንኡስ ከባቢያዊ ውድባት ምብራቕ ኣፍሪካ ይገልፁ።
- ጂኦግራፍያዊ ሽፋን ንኡስ ከባቢያዊ ውድባት ምብራቕ ኣፍሪካ የመልክቱ።
- ሽቶታት ሕድሕድ ውድብ ኣጋርነት ይፈልዩ።
- ኣድላይነት ሽቶታት ኣጋርነት ይገልፁ።